ትምህርተ እምነት
ካቶሊካዊት ቤተክርስትያን

# ቆልዑ ናባይ ንዑ !

መዳለዊ ምስጢራት ንስሓን ቅዱስ ቊርባንን
ዕድመ 8-9 ዓመት

ይተኃተም፡-

† ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበኻ ኣሥመራ

# ቆልዑ ናባይ ንዑ !

ብኃልዮት መንበረ ጽጽስና ሰበኻ ኣሥመራ
ዝተኃትመ ኢዩ።

© መሰል ኣኅታሚኡ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና

ኣሥመራ ሰነ 2010

✣ ✣ ✣

## Children Come To Me

© copyright, The Catholic Eparchy Of Asmara
ISBN - 99948 - 50 - 07 - 5

All rights are reserved

Franciscan Printing Press

Asmara 2010
Eritrea

# መቅድም

ዝኸበርኩም ቆሞሳትን፡ ወለድን፡ ደናግልን፡ መምህራን ትምህርተ-ክርስቶስን፡

ደቅና፡ መጀመርያ ምሥጢረ ንስሓን ምሥጢረ ቅዱስ ቍርባንን ብብቕዓት ንምቅባል: ዝሕግዞም፤ ብክብርቲ እናቴ ንግሥቲ ሚካኤል ንሰበኻና ዝተዳለወ ቆልዑ ናባይ ንዑ ዝኣርእስቱ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስቶስ ከቅርበልኩም ደስ ይብለኒ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ ነቶም 8-9 ዓመት ዝዕድመኦም ቆልዑ መምሃሪ ትምህርተ እምነት እዩ። እግዚኣብሔር ኣቦና ንዓና ንደቂ ሰብ ደኹን ንኩሉ ፍጡር፡ ተመንዩ ብፍቕሪ ከምዝፈጠረና ክፈልጡ፡ ብመንፈስ ምስጋና ክዓብዩ፡ ንኩሉ ፍጥረት ኣምላኽ፡ ማለት ንሰብን እንስሳን ምድርን ምኽባር ክመሃሩ፡ ይሕግዞም። ቀጺሉ ምስ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብጽቡቕ ከምዝላለዩ ብምግባር፤ ንኣኡ ክስዕቡን ሕይወቱ ከለብሱን የተባብዖም። እምነት ዝመልኦ ክርስቲያናዊ ሕይወትን ሰነ-ምግባርን ንምጥ ራይ ከኣ የለማምዶም።

እንተኾነ፡ መጽሓፍ ንበይኑ ምሉእ ብምሉእ ነቲ መልእኽቲ ከመሓላልፍ፦ ንእምነትን ስነ-ምግባርን ክሓንጽ ስለዘይክእል ድማ፦ ወለዲ፡ ኣብዚ መጽሓፍ ዘሎ ጥቅስታት እናኣንበብኩም ንደቅኹም ብቃላትኩም ክትገልጹሎም፤ ኣውራ ከኣ ክርስ ትያን ምኳን እንታይ ማለት ምኳኑ ብተግባር፡ ብኣብነት ሕይወትኩም ከተርእዩዎም ኣ ተባብዕ። ተሳትፎ ወለዲ ኣብ መዕበያ ትምህርተ-ክርስትና ደቅኹም ሓላፍነት ደኣ'ምበር ምርጫ ጥራይ ኣይኮነን። ስለዚ ወለዲ ንደቅኹም ኣብ ምምሃርን ነቲ ኣብዚ መጽሓፍ ተጻሒፉ ዘሎ ጥቅስታት ኣንቢብኩም ኣብ ምግላጽን ክትተሓባበሩ እላቦ።

ክቡራን ቆሞሳት፡ ደናግልን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን እውን ኣብ መዕበያ ሕጻናት ዓቢይ ጊደ ኣሎኩም። ተልእኾኹም ብዝግባእ ንክትፍጽሙ፡ ነዚ መጽሐፍ'ዚ ምስቲ መሰነይታኡ ዝኾነ መምርሒ መምህር እናንጻጸርኩም፡ ሰብኣውን መንፈሳውን ሞያውን ክእለትኩም ቀጻሊ ብምምዕባል ኣብ መዕብያ ቆልዑ ብትግሃትን መሃዝነትን ክትነጥፉ ሓደራ እብል።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበኻ ኣሥመራ

# መግለጺ

ኣብ ሓደ ሰሸኻ መጽሓፍ ትምህርተ-ክርስቶስ ኣዚዩ ጠቓሚ መሳርሒ ስብከተ ወንጌልን ክርስትያናዊ ስነ-መዕበያን ኢዩ። "ቆልዑ ናባይ ንዑ" ዝኣርእስታ መጽሓፍ መቀጸልታ ናይ "ቆልዑ ናባይ ይምጽኡ ሕደግዎም" ዝኣርእስታ ን7-6 ዓመት ዝዕድሜኦም ዝተዳለወት መጽሓፍ ኢያ። እዚኣ ን8-9 ዓመት ዝዕድሜኦም፡ ቆልዑት ንመዳለዊ ምስጢረ ንስሓን ቅዱስ ቍርባንን ዝተጻሕፈት ኢያ።

እታ ቀዳመይቲ መጽሓፍ ኣርእስታ "ቆልዑ ናባይ ክመጹ ኣይትኽልክልዎም" ዝብል ቃል ኢየሱስ፡ ንዓበይቲ ዝተዋህበ ምሕጽንታ ትገልጽ። እዛ መጽሓፍዚ'ኣ ከኣ ኣብ ገበራ ተገሊጹ ከምዘሎ፡ ኢየሱስ ንኩሉ ሰብ ዝገበሮ ዕድመ፡ ንቆልዑት'ውን ናብኡ ክመጹ ባዕሉ ክዕድሞም ይርኤ ኣሎ። "ቆልዑ ናባይ ንዑ" ዝብል ኣርእስቲ ዝተመርጸሉ ምኽንያት እቲ ቆልዓ ምስቲ ጀሚርዎ ዘሎ ሓድሽ ምልምማድ ክርስ ቲያናዊ ሕይወትን፡ ምስ ማሕበር ክርስትያንን ምልላይን ዝተተሓሓዘ ኢዩ።

ኣብ መጀመርያ ምዕራፋ ኣምላኽ ንሰብ ዝሃቦ ህያባትን ብኸመይ ዝበለ ፍቕርን ሓልዮትን ከም ዝከናኸኖ ድሕሪ ቀሪቡ፡ ኣብ ምዕራፍ ክልተ ክሳብ ሓሙሽተ ኣምላኽ ንሰብ ዝገበሮ ናይ ድሕነት ተግባራት ይገልጽ። ካብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ክሳብ ዓሰርተ ከኣ ክርስትያን ምዃንን ብክርስቲያናዊ ሕይወት ምዕባይን ምንባርን የተባባዕ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ ቆልዑ ኢየሱስ ኣሰሩ ክስዕቡ ይጽውዖም ከምዘሎ ተገን ዚቦም፡ ኣብ ውሽጢ ቤተክርስትያን፡ ናይ እምነት ሕይወት ክለብሱ ዝሕግዝ ኢዩ። እግዚኣብሔር ክፈጥረና እንከሎ ዘርኣየና ፍቕሪ ተገንዚቦም፡ ነዚ ፍቕሪ'ዚ ንምምላስ ብዘይ ምኽኣልናን፡ ሓጢኣት ብምግባርናን፡ ኢየሱስ መጺኡ ከምዘድሓነናን፡ ናይ ድሕነት ተግባራት ንክፍጽም ዝበሎን ዝገበሮን ስራሓት ይግንዘቡ። ብምስጢረ ንስሓን ቅ.ቍርባን ምስ ኢየሱስ ተራኺቦም ብትእዛዛቱ ክነብሩ ከምዘለዎ ይግንዘቡ። ድሕሪ'ዚ ምድራዊ ሕይወት'ዚ ከኣ ናብ ዘለዓለማዊ ሕይወት ከምዝሳገሩ፡ ሕጂ ከኣ ብእምነት ክዓብዩ ከምዘለዎም ይገልጽ።

እዚ መጽሓፍ'ዚ ንቆልዑ ከም መምሃሪን ክርስቲያናዊ መዕበያን ተባሂሉ ዝተዳለወ'ኳ እንተኾነ፡ ንወለድን መምህራን ትምህርተ ክርስቶስን ዝሕግዝ ብሉጽ መሳርሒ ኢዩ።

ኢየሱስ ብምስጢረ ንስሓን ቅዱስ ቍርባንን ገይሩ ኣብ ሕይወቱ ከሳትፎም ምዃኑ ይገልጽ። ጊዜ ምድላው ንስሓን ምስጢረ ቅዱስ ቁርባንን ኣዚዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ናይ ክርስቲያናዊ መዕበያ ደረጃ ኢዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ምስ ኢየሱስ እናተላለየን ርክብ እናኣማዕበለን ደኸይድ ብምህላዉ፡ ኣብ ሕይወቱ ዘይርሳዕ ኣሰር መታን ክገድፍ ሓጋዚ ኢዩ።

ትሕዝቶን ኣመቃቕላ

እዚ መጽሓፍ'ዚ ዓሰርተ ምዕራፍን ሓምሳን ሓደን ኣርእስትን ይሓቁፍ። ነፍሲ ወከፍ ኣርእስቲ ከኣ ሾብዓተ ምኽርታት ኣለዎ። ንሱ ከኣ፡ ተመሃሩ፣ ዘክሩ፣ ዘምሩ፣ ጸልዩ፣ መልሱ፣ ግበሩ፣ ካብ ወለድኩም ተመሃሩ ዝብላ ነጥብታት ኢየን።

- **ተመሃሩ** ኣብ ትብል ነጥቢ እታ ዋና መልእኽቲ ናይ'ዚ ዕድመ'ዚ ቆልዓ ክርድኦ ብዝኽእል ቅልል ብዝበለ ቃላት፣ ብሓጺር ትሕዝቶ ቃል ኣምላኽ ቀሪቡ ኣሎ። ወለዲ ከንብቡሉን ክገልጽሉን፣ ምስ ዘለዎም ጥቅስን መምህር ትምህርተ ክርስቶስ ምስ ዝህቦም ትምህርትን ትሕዝቶኡ ዝተተሓሓዘ ኢዩ።

- **ዘክሩ** ኣብ እትብል ክፋል ጽሚቕ ትሕዝቶ ናይታ ትምህርቲ ኮይና እቲ ቆልዓ ብርእሱ ከጽንዓን ከም ርድኢት ክማንዘባ ዘለዎ ኢያ።
- ዘምሩ ምስቲ ትምህርቲ ዝሰማማዕ ወይ ነቲ ትምህርቲ መዝሙር ብመልክዕ ክጽንዕዎ ዝሕግዝ ኢዩ። መዝሙር ድርብ ጸሎት ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ናይ ቆልዑ መንፈሳውነትን ንቕሓትን የበራብር ንትሕዝቶ እምነትና ከኣ ብቀሊል የመሓላልፍ።

- **ጸልዩ** ኣብ ዝብል ነጥቢ ነቲ እንኣምኖ ትሕዝቶን ሓቅታትን መልክዕ ብጸሎት ይገልጽ።

- **መልሱ** ኣብ ዝብል ነጥቢ ተመሃራይ ነቲ ዝተገለጸሉ መልእኽቲ ዝተገንዘቦን ዘይተገንዘቦን ንምግምጋም ክሕግዝ ተባሂሉ ዝተዳለወ ሕቶታት ኢዩ።

- **ግበሩ** ኣብ ዝብል ክፋል ዕላማ ክርስቲያናዊ ስነ መዕበያ ንለውጢ ሕይወቱን ስነ-ምግባርን ምዃኑ ብምዝካር፣ ቆልዓ ከም መጠን ደረጃ ዕድሚኡ፣ ነቲ ዝተመሃሮ ሓቅታት ኣብ ተግባር ከውዕሎ ዝኽእል ቁርጺ ፍቃዳት ይሕብር።

- **ካብ ወለድኹም ተመሃሩ**፡- ዝብል ክፍሊ ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ብዝርድኦም ቋንቋን ኣገባብን ክትርኹሎምን ተባሂሉ ዝተዳለወ፣ ኢዩ ስለዚ ወለዲ ጥቅሲ ቅ. መጽሓፍ ተጠቂሞም ከማኡ'ውን ኣብታ እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ ትብል መጽሓፍ ተመርኲሶም ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ይመርሕ።

ኣሳእል መጽሓፍ "ሕጻናት ናባይ ንዑ" መብዛሕቲኡ'ኳ ምስቲ ትምህርቲ ዝተተሓሓዘ ስለ ዝኾነ ብገርሂ ዝርዳእ እንተኾነ ኣብ መጽሓፍ መምህር ትምህርተ-ክርስቶስ ከኣ መግለጺ ተዋሂብዎ ኣሎ። ነዚ ናይ'ዚ ዕድመ'ዚ ቆልዓ፣ መምህር ትምህርተ-ክርስቶስን ወለድን ብጥቡቕ ምትሕብባር ምስ ዘሰንይዎ፣ ድልዱል መዕበያ ክህቦ ዝኽእል ብቑዕ መጋበሪ ከምዝኾነ እኣምን።

እናቴ ንግስቲ ሚካኤል

ጓል ማኅበር ደቂ ፍቅሪ

# 1ይ ምዕራፍ

## እግዚኣብሔር የፍቅረና ኢዩ

### 1. ኣምላኽ ንኹሉ ነገር ጽቡቕ ገይሩ ፈጠሮ

ተመሃሩ

ቅድሚ ኩሉ ኣምላኽ ነበረ። ኣምላኽ ብመጀመርያ ሰማይን ምድርን ፈጠረ። ኣምላኽ ብርሃን ይኹን በለ። ንጸሓይ፣ ንወርሒ ንከዋኽብቲ ፈጠረ። ኣምላኽ እቲ ብርሃን ጽቡቕ ከምዝኾነ ረኣየ። ነቲ ብርሃን መዓልቲ ቢሉ ሰመዮ። ነቲ ጸልማት ከኣ ለይቲ በሎ። ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ጠፈራት ደመና፣ ዝናም ይኹኑ በለ ከማኡ ከኣ ኮነ። ኣምላኽ ንቑጽ ምድሪ ምእንቲ ክርአ፣ ማይን ንቑጽ መሬትን ፈለየ። ነቲ ማያት ባሕሪ በሎ። ኣምላኽ ከኣ ምድርን ባሕርን ጽቡቕ ምዃኑ ረኣየ።

ኣምላኽ ከኣ ንምድሪ ኩሉ ዓይነት ኣትክልትን ኣእዋምን ኣብቁሊ በላ። ኣትክልቲ ጠጢዑ ከኣ ሓምላይ ኮነ። ኣምላኽ ከኣ ጽቡቕ ምዃኑ ረኣየ። ኣምላኽ ዓሳ ታት ኣብ ባሕሪ ይኹኑ በለ። ኣዕዋፍ ከኣ ኣብ ምድሪ ይንፈራ፣ ኩሎም እንስሳታት ኣብ ምድሪ ይንበሩ በለ፣ ከምኡ ከኣ ኮነ። ኩሉ ከኣ ጽቡቕ ነበረ።



## ዘክሩ

ኣምላኽ ቅድሚ ኹሉ ነበረ፡ ንሰማይን ንምድርን፡ ንጸሓይን ንወርሕን፡ ንከዋኽብትን ንጸልማትን ንብርሃንን፡ ንመሬትን ንማያትን፡ ንኣታኽልትን፡ ንኹሎም እንስሳታትን ፈጠሮም። ንኹሉ ከኣ ጽቡቕ ገበሮ።

## ዘምሩ

ኩልኹም ፍጥረት ንኣምላኽ ወድስዎ
ንኣምላኽ ዘምሩ ዘክርዎ ፍቕሩ
ኣመስግንዎ ብሓባር ዘምሩ።

ሰማይን ምድርን ወድስዎ /2/ ንምላኽ ዘምሩ።
ብርሃንን ጸልማትን ወድስዎ /2/ ንምላኽ ዘምሩ።

ኣትክልትን ማዕድንን ወድስዎ ንምላኽ ዘምሩ።
ባሕርን ኣኽራናትን ወድስዎ ንምላኽ ዘምሩ።

ከዋኽብቲ ሰማይ ወድስዎ ንምላኽ ዘምሩ።
ስነ ፍጥረትን ባሕርን ወድስዎ ንምላኽ ዘምሩ።



### ጸልዩ

ኦ እግዚኣብሔር ጐይታና፡ ኣብ ምድሪ ካብኻ ዝዓቢ የለን፡ ንሽኻ ልዕሊ ኹሉ ኢኻ። /መዝ፡ 8,1/

### መልሱ

- ብዘይካ ጸሓይ፡ ወርሒ፡ ከዋኽብቲ፡ ምድሪ እንታይ ምመሰለት?
- ምድሪ ብዘይካ እንስሳታትን ኣትክልትን ከመይ ምመሰለት?
- ንጸሓይ፡ ንወርሒ፡ ንእንስሳታት ትፈቲዶ?
- ኣብ ገዛኹም ኣትክልቲ ወይ እንስሳታት፡ ኣለዉዶ? ከመይ ትከናኸኖም?
- ንእግዚኣብሔር ስለ ኹሉ ፍጥረት ተመስግኖዶ?

### ግበሩ

ኣብ ገዛኻ ከም ድሙ፡ ከልቢ፡ ኣጣል፡ ኣባጊዕ፡ ከብቲ ዝኣመሰሉ፡ ከምኡ'ውን ኣትክልቲ ኣሎካ እንተኾይኑ፡ ኣምላኽ ንዓኻ፡ ንኣገልግሎትካ ኢሉ ከምዝፈጠሮም ዘኪርካ ብኽብሪ ተኸናኸኖም።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዘፍ. 1,1-27፤ ካብ "እግዚኣ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 3-4።

## 2. ኣምላኽ ብመልክዑን ኣምሳሉን ፈጢሩና፤ ብሉጻት ፍጥረት ኢና

### ተመሃሩ



ብመጀመርያ ኣብ ምድሪ ሰብ ኣይነበረን። ኣምላኽ ከኣ ንበይኑ ነበረ። ኣምላኽ ንኹሉ ስለ ዝሓስብ ዓቢይ ነገር ክገብር ሓሰበ። ንኹሉ ነገር ምስ ፈጠረ ከኣ ሰብ ፈጠረ። ንሰብ ካብ ሓመድ ብጭቃ ገበሮ፡ ትንፋስ ሕይወት ኡፍ በለሉ። ብመልክዑን ብኣምሳሉን ዘይትመውት ነፍሲ ሃቦ፡፡። በዚ ከኣ ንኣምላኽ ዝመስል ፍጡር ኮነ። ተባዕታይን ኣንስታይን ገበሮም፡ ኣስማቶም ከኣ ኣዳምን ሔዋንን ተሰምዩ። ባረኾ ከኣ ፍረዩን ተባዝሑን በሎም።

ኣምላኽ ከኣ ንኣዳምን ንሔዋንን ንሸኻትኩም ልዕሊ ኹላቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ፍጡራት ኢኹም በሎም። ኣትክልትን እንስሳታትን መግቢ ይኹንኩም በሎም። ኣምላኽ ዝሰርሖ ኩሉ ኣዝዩ ጽቡቕ ነበረ።

## ዘክሩ
እግዚኣብሔር ንሰብ ብመልክዑን ኣምሳሉን ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስታይን ገቢሩ ፈጠሮም። ክፋረዩ ከኣ ባረኾም።

## ዘምሩ
ብተኣምራትካ የድንቑካ

ተደጋጋሚ፥ በሕዛብ ኩሎም ክበር ኢኻ፥
ብተኣምራትካ የድንቑካ፥
ኣጋንንቲ ይደምሰሱ ብስምኻ (2)

ሰማይ ምድሪ ብቓልካ ዝፈጠርካ
ንወዲ ሰብ ካብ ሓመድ ዝሰራሕካ
እስትንፋስ ሕይወትካ'ውን ዝሃብካ!
ሃሌ-ሉያ ኣብ መቕደሱ ነመስግኖ!

ስለ ሓይሉ ነመስግኖ!
ብድምጺ መለኸት ነመስግኖ!
ብበገና ነመስግኖ!
ብኸበሮን ብሳዕስዒትን ነመስግኖ!
ብእልልታን ብጣቕዒትን ነመስግኖ!

## ጸልዩ
"ኦ ኣምላኽ ነቲ ንስኻ ዝፈጠርካዮ ሰማያትን ነቶም ንስኻ ዝሰራዕካዮም ወርሕን ከዋኽብትን እርኢ ኣሎኹ። እቲ ንስኻ እትዝክሮ ሰብ፥ ብኽብርን ግርማን ከኣ ከለልካዮ። ኣብ ልዕሊ ኩሉ ፍጡር ከኣ ሸምካዮ።" (መዝ 8,3-6)

## መልሱ
- ቀዳሞት ሰባት መነመን ይበሃሉ?
- ሰባት ንኣትክልትን እንስሳታትን ብኸመይ ክጥቀሙሎም ይግባእ?
- ሰብ ካብ ኩሎም ፍጡራት ብምንታይ ይበልጽ?
- ኣዳምን ሔዋንን ብምንታይ ይመሳሰሉ ብምንታይከ ይፈላለዩ?

## ግበሩ
ሰውነትካ ክትሕጸብ፥ ጸጉርኻ ክትምሽጥ፥ ክዳንካ ክትክደን እንከሎኻ፥ ኣምላኽ ብፍሉይ ጥንቃቐ ከምዝፈጠረካ ዘኪርካ ርእሰኻ ኣኽብር።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ
ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፥- መዝ. 8,1-6።

# 3. ኣምላኽ ንሰብ ኣብ ገነት ኣቐመጦ

## ተመሃሩ

ኣምላኽ ኣብ ኤደን ብዙሓት ኣእዋም ከምዝበቑሉ ገበረ። ንምርኣዮም ጽቡቓት ፍሬኦም ምቁርን ነበሩ። ኣዳምን ሔዋንን ከም ድላዮም ዝብላዕ መግቢ ነበሮም። ምስቶም እንስሳታት ከኣ ብሰላም ይነብሩ ነበሩ። ኣምላኽ የፍቅሮም ስለ ዝነበረ ከኣ ሕጉሳት ነበሩ። ኩሉ ነገር ከኣ ጽቡቕ ነበረ። ንሕና እውን ኣብታ ኣምላኽ ዝፈጠራ ዓለም ኢና ንነብር ዘሎና። እግዚኣብሔር ኣቦና ከኣ ንዓለም ክነጸብቓን ንኹሉ ክትከውንን ይደሊ። ኢየሱስ ኣምላኽ ንኹሉ ፍጡር ከምዝሓሊ ከረድኣና ቢሉ፣ ከምዚ በለ፦



"ነዕዋፍ ሰማይ ተመልከቱ፣ ኣይዘርኣ፣ ኣይዓጽዳ፣ እኽሊ ኣይእክባ፣ ኣምላኽ ግን ይሓልየለን። ዕምበባ በረኻ ከኣ ረኣዩ፣ ኣይሰርሑ፣ ኣይፈትሉ፣ ኣምላኽ ከኣ ይስልሞም። ንኣትክልትን እንስሳን ከምዚ ካብ ገበረ ንዓኻትኩም ደኣ ከመይ ዘይከናኽነኩም?" (ማቴ 6, 26-30)

ኣምላኽ ንኹሉ ፍጥረት ንዓና ቢሉ ፈጢርዎ። ስለዚ ብዙሕ ክነመስግኖ ይግባእ። "ኦ እግዚኣብሔር ጐይታና፣ ስምካስ ኣብ ኩሉ ዓለም ክንደይ ግሩም እዩ!"

## ዘክሩ

እኣምን ብእግዚኣብሔር ኣብ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ።

## ዘምሩ

እግዚኣብሔር ጓሳይ ኢዩ
እግዚኣብሔር ጓሳይ ኢዩ
ዚጐድለኒ የብለይን
ኣብ ልሙዕ ሻኻ የውዕለኒ
ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ፣
ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ ኢዩ።

ተደጋጋሚ፣ ዓወት ኣለዎ እዚ መንገደይ
ዚፈሊ የለን ካብ ኣምላኸይ!

## ጸልዩ

ኦ ከኣሊ ኹሉ እግዚኣብሔር ኣምላኽና፣ ኩሉ ፍጥረት ንዓና ፈጠርካዮ። ሰማያትን ምድርን ብክብርኻ ምሉእ ኢዩ።

## መልሱ

- ኣምላኽ ይፈልጠካዶ?
- እግዚኣብሔር ኣቦ ኹሉ ምዃኑ ዘምሃረና መን ኢዩ?
- ንሰማይን ንምድርን ነቲ ኹሉ ኣብኡ ዘሎን መን ፈጢርዎ?

## ግበሩ

ንግሆ ምስ ተንሳእካ፣ ንሰማይ፣ ንብርሃን ጸሓይ፣ ንደበናታት፣ ነቲ ከቢቡካ ዘሎ ኣየር ሕሰብ እሞ ንኣምላኽ ኣመስግን። ምሸት ቅድሚ ምድቃስካ፣ ንወርሒ፣ ንከዋኽብቲ፣ ንጸልማት ርኤ እሞ ነቲ ኩሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ኣመስግን።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዘፍ. 1,2-15።

# 4. ኩሎም ሰባት ደቂ እግዚኣብሔር ኢዮም

## ተመሃሩ

እግዚኣብሔር ኣቦ ኹሎም ሰባትን ፍጡራትን ኢዩ። እግዚኣብሔር ኣቦና ከኣ ኹሉ ኢዩ። ንሰባት ዝተፈላለየ ሕብርን መልክዕን ዘለዎም ገይሩ ፈጢሩዎም። ንኹሎም ሰባት በብስሞም ይፈልጦም። ንኹልና ከኣ ይፈትወና። ኢየሱስ ንተመሃርቱ፡ ከማይ ገይሩ ነቦ ዝፈልጠ የልቦን ኢሉዎም።

ምስ እግዚኣብሔር ኣቦ ክትዛረቡን ጸሎት ክትገብሩን እንከሎኹም "ኣቦና" እናበልኩም ጸውዕዎ ኢሉዎም። ንኢየሱስ ኣቦኡ ኣቦና ምዃኑ ምሂሩና። እግዚኣብሔር ኣቦና ኢዩ። ስለዚ ንሕና ንሓድሕድና እንተተፋቀርና ብሰላምን ብስምምዕን እንተ ነበርና ኣምላኽ ምሳና ይኸውን።



## ዘክሩ

ኣምላኽ ድማ ተባዕታይን ኣንስታይን ገቢሩ ፈጢሮም። /ዘፍ.1፡27-28/ ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ሰባት ኩሎም ደቂ እግዚኣብሔር ኢዮም። ኩሉ ሰብ ክቡር ኢዩ። ንሕና ኩልና ኣሕዋት ኢና። ኩልና ማዕረ ኢና። ኩሉ ሰብ ክቡር እዩ።

## ዘምሩ

ብተኣምራትካ የድንቐኻ

ተደጋጋሚ፡ በሕዛብ ኩሎም ክበር ኢኻ፡
ብተኣምራትካ የድንቐኻ፡
ኢጋንንቲ ይደምስሱ ብስምካ(2)

ሰማይ ምድሪ ብቓልካ ዝፈጠርካ
ንወዲ ሰብ ካብ ሓመድ ዝሰራሕካ
እስትንፋስ ሕይወትካ'ውን ዝሃብካ፣
ሃሌ-ሉያ! ኣብ መቕደሱ ነመስግኖ፣
ስለ ሓይሉ ነመስግኖ፣
ብድምጺ መለኸት ነመስግኖ፣
ብበገና ነመስግኖ፣
ብኸበሮን ብሳዕስዒትን ነመስግኖ፣
ብእልልታን ብጣቕዒትን ነመስግኖ፣

## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ ንኹሎም ሰባት በብሓደ ዝፈጠርካዮም ንሰኻ ኢኻ። ንኹሎም ትፈትዎምን ትፈልጦምን ኢኻ። ንሕና ከኣ፣ ከማኻ ከም ኣቦና፣ ንኹሉ ሰብ ከነፍቅርን ክነኽብርን ሓግዘና።

## መልሱ

- ናይ ክንደይ ሰባት ኣስማት ትፈልጥ?
- ናይ ኩሎም ሰባት ኣስማቶም ዝፈልጥ ኣሎዶ? መን ኢዩ።
- ናይ ኩሎም ሰባት ኣቦ መን ይበሃል?

## ግበሩ

ወለድኻ ንወለድኻ ሕተት፣ ኩሎም ሰባት ደቂ ሓደ እግዚኣብሔር ኣቦ ምዃኖም ከኣ ዘክር።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ንወለድኹም ሕተቱ፣

- ኣብ ገዛኹምን ጎረባብትኹምን ናይ ሕውነትን ፍቕርን ቦታ ኣሎ ዶ?
- ቆልዓ ኣብ ገዛኡ ብናይ ፍቕርን ሕውነትን መንፈስ ክዓቢ ተወሲኺ እንታይ ክትገብሩ ወይ ክትእርሙ ዘድሊ ኮይኑ ይረኣየኩም?
- ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፦ ዘፍ. 5,1-5፤ መዝ. 24,1።


# 5. ኣምላኽ ንምድሪ ክንሕልዋን ክነጸብቓን ሂቡና

ተመሃሩ

**እግዚኣብሔር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ ምእንቲ ኺዓያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤደን ኣቐመጦ። (ዘፍ. 2,15)**



**ኣምላኽ ኣብ መሬት ዘለዉ ፍጡራት፡ ኣትክልቲ፡ እንስሳ፡ ኣየር፡ ኩሎም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ፍጡራት፡ ንኣገልግሎትና ክንጥቀመሎም ሂቡና። ንመሬት ብሕማቕ ክንጥቀመላን ክነበላሽዋን ኣይደልን ኢዩ።**



**ንኣትክልቲ ንዘየድልየና ክንቆርጾምን ክነንድዶምን ኣይደልይን ኢዩ። ንኣየር ክንበክሎ ኣይሕጎስን ኢዩ። ፍጡራት ናይ ኣ ምላኽ እምበር ናትና ኣይኮኑን። ንኣና ግን ብጽቡቕ ክንጥቀመሎም ሐደራ ይብለና።**

**ንኣትክልቲ፡ ንእንስሳ፡ ከባቢና ብክንክን ምሓዝ ማለት፡ ንኹሎም ዘድልዮም ክንክን ምሓዝ ማለት እዩ**

ንነብረላ ዘሎና ዓለም ብጽቡቕ ክትመሓደር ንኣምላኽ ምሕጋዝ ኢዩ። እንተ ዘይተጠን ቒቕናሎም፡ ኣትክልቲ ይበርሱ፡ እንስሳታት ይሞቱ፡ ኣየር ይብከል ንሕና ከኣ መግብን ጥዕናን ይጎድለና። ስለዚ ንተፈጥሮ ምክንኻን ዓቢይ ሓላፍነትና ኢዩ።
"ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ስምካ ኣብ ኩላ ምድሪ ክንደይ ዓቢይ ኢዩ።"
(መዝ. 8.1)



## ዘክሩ
ፍጥረት ኩሉ ኣምላኽ ንሰብ ብጥንቃቐ ክጥቀመሉ ዝሃቦ ህያብ ኢዩ።

## ዘምሩ
ንኣምላኽ ዘምሩ
ተደጋጋሚ፡ ንኣምላኽ ዘምሩ ዘክርዎ ፍቕሩ፡
ምስጋና ግበሩ ብሓባር ዘምሩ።

ኩልኹም ፍጥረት ወድስዎ፡ ወድስዎ ንኣምላኽ ዘምሩ።
ሰማይን ምድርን ወድስዎ፡ ወድስዎ ንኣምላኽ ዘምሩ።
ብርሃንን ጸልማትን ወድስዎ፡ ወድስዎ ንኣምላኽ ዘምሩ።
ኣትክልትን ማዕድንን፡ ወድስዎ፡ ወድስዎ ንኣምላኽ ዘምሩ።
ሞትን ሕይወትን ወድስዎ፡ ወድስዎ ንኣምላኽ ዘምሩ።

## ጸልዩ
ኦ ኩሉ እትኽእል እግዚኣብሔር ኣቦና፡ ፍጥረት ኩሉ ንዓና ኢልካ ፈጢርካዮ። ንሕና ከኣ ብጥንቃቐ ክንጥቀመሉን ከይነበላሽዎን ሓግዘና።

### መልሱ

- ኣትክልትን እንስሳታትን ምክንኻን ትፈቱዶ?
- ቆልዑ ንኩርኩር ክጻወቱሉ፡ ንኣድግን ብዕራይን ክሃርሙ ወይ ብዘየድሊ ንገረብ ክቖርጹ እንተ ትርእዮም ንፍጡራት ከኽብሩ ከምዘለዎም ከመይ ገይርካ መረዳእካዮም?

### ግበሩ

- ኣብ ገዛኹም ተኽሊ ትኸል፡ ተኸናኸና። ንእትነብረሉ ከባቢ ከርስሕ ዝኽእል ነገር፡ ከም ወረቐት፡ ኣረጊት ሳእኒ፡ ዝኾነ ረሳሕ ነገር ኣይትደርቢ። ተፈጥሮ ናይ ምድናቕ ጠባይ ተለማመድ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዘፍ. 1,28-31፤ 2,15።

## 6. ኣምላኽ ምሳና ኣሎ፤ ይሓልየልና ኢዩ

### ተመሃሩ

ዝፈትዉኻ ሰባት ኩሉ ጊዜ ምሳኻ፡ ኣብ ጥቃኻ ኣለው። ወላ'ውን ሓንሳብ ካባኻ ርሒቖም እንተለዉ፡ ይሓስቡልካ። ወላ'ውን እንተዘይረኣኻዮም፡ ብሓሳቦም ምሳኻ ኣለው። እግዚኣብብሔር ከኣ ኩሉ ግዜ ንዓና ይሓስበልና፡ ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ። ወላ እንተዘይረኣናዮ፡ ምሳና ኣሎ።

ኣምላኽ ብኢድና ሒዙ የሰንየና። ንሕያዎትን ሕሱማትን ከይፈላለየ ኩሉ ግዜ ምሳና ምስ ደቁ ኣሎ፡ ንወላ ሓደ ከኣ ኣይርስዕን ኢዩ። ን ቅኑዓትን ንተንኮለይናታትን፡ ጸሓይ፡ ወርሒ፡ ከዋኽብቲ. . . . ፈጢሩሎም። ዝኾነ ነገር ከኣ ኣየኽፍሎምን።



ወለዲ ንውሉዶም፡ ንጓሎም ክርስዑ ኣይኽእሉን ኢዮም። ወላ'ውን ኣቦን ኣደን ንውሉዶም እንተረስዑ፡ ኣምላኽ ግን ንደቁ ንወላ ሓደ'ኳ ኣይርስዕን ኢዩ።

እግዚኣብሔር የፍቅረና ኢዩ።
በታ ኢየሱስ ዝመሃረና ጸሎት ከምዚ እናበልና ንጽሊ፥
ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ስምካ ይቀደስ።
ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና።

## ዘምሩ

ኣምላኽ ኣሎ ምሳይ ኣይኮንኩን'የ በይነይ፥
ኣብ ኩሉ ጉዕዞይ'ሲ ሓላውየይ ናተይ።

## ጸልዩ

ኦ ጎይታይ ንሸኻ ምሳይ ኣሎኻ።

- ንግሆ ክትንስእ እንከለኹ ንሸኻ ምሳይ ኣሎኻ።
- ምሸት ክድቅስ እንከለኹ ንሸኻ ምሳይ ኣሎኻ።
- ክጻወት እንከለኹ፥ ከጽንዕ እንከለኹ፥ ንሸኻ ምሳይ ኣሎኻ።
- ኣብ ጊዜ ጥዕናይን ሕማመይን ንሸኻ ምሳይ ኣሎኻ።
- ኹሉ ጊዜ ፍቓድካ ክፍጽም እንከለኹ ንሸኻ ምሳይ ኣሎኻ።

## መልሱ

- ንዓኻ ካብ ኩሉ ኣብሊጹ ዝፈትወካ መን ኢዩ?
- ንዝፈትዉኻ ክተሓጉሶም እንታይ ትገብረሎም?
- ኣምላኽ ንዓኻ እንታይ እንታይ ገይሩልካ?
- ንኣምላኽ ገለ ነገርዶ ክትገብረሉ ትኽእል?
- ኣምላኽ ካብኻ እንታይ ይጽበ ይመስለካ?

## ግበሩ

እግዚኣብሔር ይሃበለይ! የቐንየለይ! ኣመስግን! . . . ምባል ተመሃር።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፥- ኢሳ. 49,14-16።

ፈተናን ሓጢኣት

# 7. ንእግዚኣብሔር ሕራይ ምባል ሕጉስ ይገብረካ

## ተመሃሩ

“እግዚኣብሔር ኣምላኽ ድማ ንሰብ ከምዚ ዚስዕብ እናበለ ኣዘዞ፥- “ካብ ፍረ እቲ ኣብ ገነት ዘሎ ኦም ኰሉ ብላዕ። ካብ ፍረ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፥

ኣይትብላዕ። ካብኣ ዝበላዕካላ መዓልቲ ብርግጽ ክትመውት ኢኻ” በሎ።

ኣቦናን ኣዴናን ፈተውትናን ኩሎም ብቕኑዕ መንገዲ ክንከይድ ይምዕዱና። ንኣብነት ኣብ ሃገረሰብ እንተኾይኑ ካብ ወፍርና ብእዋኑ ንገዛ ክንኣቱ ይምዕዱና፡ ከመይ እንተ ኣምሲና ወይ ዝብኢ ወይ ዘይርኣናዮም ኣራዊት ክጻብኡና ከም ዝኽእሉ ይነግሩና። ኣብ ከተማ እንተኾይኑ ከኣ ጽርግያ ክንሳገር እንከሎና የማነ ጸጋም ርኢና ክንከይድ፡ መኪና ከይትረግጸና የጠንቅቑና።

እግዚኣብሔር ኣቦና ስለዝኾነ መንገዲ ሰናይ ክንከይድ በቲ ሓቀይና ጐደና ይመርሓና። ከይንደናገር ከኣ ኣነጺሩ ይነግረና።



ኣምላኽ ከኣ ንቀዳሞት ኣቦናን ኣደናን፡ ኣዳምን ሔዋንን ቕኑዕ መንገዲ ምሂሩዎም። ንኣዳምን ንሔዋንን ነታ ናብ ሓጎስ እትወስድ መንገዲ ሓቢሩዎም፡ ግን ኣይሰምዑን። እግዚኣብሔር ዝእዝዘናን ወለድና ዝመኽሩናን እንተሰማዕና ክንሕጎስ ኢና፡ ሽለል እን ተበልናዮ ግን ርእስና ንጎድእ። መምህራንና ዝምህሩና እንተ ዘየጽናዕና ንተርፍ።
ዘክሩ

መጀመርያ ጥበብ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ኢያ። (ምሳ 1,7)

### ዘምሩ

መንገደይ ኩሉ ምሳኻ
ተደጋጋሚ፣ መንገደይ ኩሉ ጐይታ ምሳኻ/3/
ክሳብ መጨረሻ ክኸይድ ጐይታይ ምሳኻ (2)

ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኢኻ መዕቆብየይ ናተይ፣
ክሳብ መጨረሻ እኸይድ ንዓኻ ተኸቲለ፣
መንገደይ ኩሉ ምሳኻ ክሳብ መፈጸምታ፣
ክኽተለካ ኢየ ናይ ሕይወተይ ጐይታ።

### ጸልዩ

"ኦ እግዚኣብሔር ጐደናታትካ ኣፍልጠኒ፣ መንገድታትካ ምሃረኒ፣ ንስኻ ኣምላኽ ምድሓነይ ኢኻ'ሞ ከም ትእዛዝካ ክነብር ምሃረኒ።" (መዝ. 25,4)

### መልሱ

- ወለድኻ፣ ዓበይቲ ኣሕዋትካ፣ መምህራንካ ዝህቡኻ መምርሒ ትሰምዕዶ?
- ምኽሪ ወለዶምን መምህራንን ዓበይትን ዘይሰምዑ ቆልዑ ትፈልጥዶ?
- ወለድኻ፣ ዓበይቲ ኣሕዋትካ፣ መምህራንካ ብዝሃቡኻ ምኽሪ ምስገበርካ ዝተሓጎስካሉን ዝተዓወትካሉን እንታይ እንታይ ኣሎ?
- ስለምንታይ ከምኡ ኢሎም ይመኽሩኻ?

### ግበሩ

ወለድኻ፣ ዓበይቲ ኣሕዋትካን መምህራንካን ንዝኾነ ጽቡቕ ዝመኽሩካ ሰብን ስማዕ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ


ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዘፍ. 2,16-17፤ 3,1-13፤ ካብ "እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 6።

# 8. ኣዳምን ሔዋንን ንኣምላኽ ኣይተኣዘዙን

### ተመሃሩ

ካብ እንስሳታት፣ ተመን ኣዝዩ ጎራሕ ነበረ። ንሔዋን ኸኣ "ኣምላኽሲ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ኣይትብልዑ" ኢሉዶ ኣዚዙኩም እዩ? ኢሉ ሓተታ። ንሳ ከኣ ብዘይካ'ታ ኣብ ገነት ዘላ ፍረ ኦም ካልእ ኩሉ ክንበልዕ ንኽእል ኢና። ብዛዕባ እታ ፍረ ግን ከይትሞቱስ ካብኣ ኣይትብልዑ፣ ኣይትተንክይዋ'ውን ኢሉ ኣዚዙና እዩ" ኢላ

መለሰትሉ። እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ ኣይፋልኩም! ኣምላኽ ደኣ ካብታ ካብኣ ዘበላዕኩምላ መዓልቲ ኩሉ ከም እትፈልጡ ከም ኣምላኽ'ውን ከም እትኾኑ፣ ጽቡቕን



ክፉእን ከኣ ከም እትፈልጡ ስለ ዝፈለጠ እዩ ኣይትብልዑ ዝበለኩም። እንተ በሊዕ ኩምዋ ኣይትሞቱን ኢኹም በላ።

እታ ኦም ንምርኣያ ጽብቕቲ እቲ ፍሬኣ'ውን ንምብልዑ ዘብህግ ነበረ። እታ ሰበይቲ ድማ ካብኣ ቀንጢባ በልዐት። ንሰብኣያ ድማ ሃበቶ፣ ንሱውን በልዐ። ሽዑ ጥራዮም ምኳኖም ፈለጡ። ቆጽሊ በለስ ሰፍዮም ከኣ ተዓጥቁ።

ወለድና ትእዛዞም እንተዘየኽበርና ይገንሑና ወይ ድማ ይቐጽዑና። እዚ ከኣ ምእንቲ ብጽቡቕ ከንዓቢ፣ ክንእረም'ዩ እምበር ጸሊኦምና ኣይኮኑን። ኣምላኽ ንዝምህረና፣ ጽቡቕ ምኽሪ ወለድናን መምህራንናን ዓበይትን ምስማዕ ኣድላዪ ኢዩ። እግዚኣብሔር ከኣ ንኣዳምን ንሔዋንን ጽቡቕ ገዲፎም ሕማቕ ስለዝመረጹ ቀጺዕዎም።

## ዘክሩ

“እቲ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ዝሕሉ እግዚኣብሔር ኣብኡ ይነብር”
(1 ዮሓ. 3,24)።

## ዘምሩ

ዝኸተሎ ኣምላኽ

ተደጋጋሚ፡ ዝኸተሎ ኣምላኽ ዝሰግደሉ ጐይታ፡
ካልእ የብለይን ኢየሱስ ብዘይካኻ፡
ኣብዛ ሽጋር ዓለም ቅሳነት ዘይብላ
ኢየሱስ ክነብር'የ በቲ ናትካ ጸጋ።

ኣነ ከይደኸምኩ ጉዕዞይ ከይፈጸምኩ፡
ኢየሱስ እመነኒ ኣብ ሞያ ኣውዕለኒ፡
ድሌተይ ሃረርታይ ናይ ልበይ ናፍቖት፡
ንዓኻ ክነብር ጥራይ ኢዩ ኢየሱሰይ።

## ጸልዩ

ናብ ፈተና ኣይተእትወና ካብ ክፉእን መስሓትን ሓልወና።

## መልሱ

- ኣምላኽ ንኣዳምን ሔዋንን እንታይ ኢሉ ኣዚዙዎም ነበረ?
- ኣዳምን ሔዋንን ነቲ ኣምላኽ ዝሃቦም ትእዛዝ እንታይ ኮይኖም ዘይፈጸምዎ?
- ኣዳምን ሔዋንን ንኣምላኽ ብዘይ ምእዛዞም እንታይ ኣጉዲሎም?

## ግበሩ

ኣምላኽ ዘይፈትዎ ነገር ክትገብሩ ንዝመኽሩኹም ኣይትስምዑ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፦ ዘፍ. 3,1-17፤ ካብ "እግዚኣ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 6።

# 9. ሰይጣን ናብ ሓጢኣት የውድቐና ካብ ኣምላኽ የርሕቐና

## ተመሃሩ

ኣዳምን ሔዋንን ኣምላኽ ዝበሎም ስለ ዘይተኣዘዙ ፈሪሖም ተሓቢኦም ነበሩ። ኣምላኽ ንኣዳም ዓው ኢሉ ኣዳም! ኣበይ ኣሎኻ? በሎ። ኣዳም ከኣ ድምጽኻ ሰሚዐ ፈሪሐ፡ ጥራየይ ስለ ዝኾንኩ ከኣ ተሓቢአ በሎ። ኣምላኽ ከኣ ጥራይካ ከምዘሎኻ ከመይ ኢልካ ፈሊጥካ? ካብታ ኣይትብላዕ ዝበልኩኻ ኦምዶ በሊዕካ ኢኻ? በሎ። ኣዳም ከኣ ሔዋን ኢያ ክበልዕ ሂባትኒ በለ። ሔዋን ከኣ እቲ ተመን፡ ንሱ ኢዩ ኣጋግዩኒ በለት።

ኣምላኽ ከኣ ነቲ ተመን እዚ ስለዝገበርካ ርጉም ኩን። ብኸብድኻ ክትከይድ ኢኻ። መሬት ከኣ ክትበልዕ ኢኻ። እታ ሰበይቲ ከኣ ጸላኢትካ ክትከውን ኢያ። ደቃ ከኣ ጸላእቲ ደቅኻ ክኾኑ ኢዮም። ርእሰኻ ክጭፍልቁ እዮም። ንሰኻ ድማ ሸኾናኦም ክትነክስ ኢኻ።
ኣምላኽ ንሔዋን ከኣ ደቅኺ ብጻዕሪ ክትወልዲ ኢኺ በላ። ንኣዳም ከኣ ጽዒርካ

ክትበልዕ ኢኻ። ናብታ ዝተሰራሕካላ መሬት ክሳ ክትምልስ፡ ክትመውት ኢኻ በሎ። ኩሎም ከኣ መቕጻዕቲ ተቐበሉ።

ሰይጣን ንኣዳምን ሔዋንን እቲ ኣምላኽ ዝበሎም ገዲፎም ንሱ ዝበሎም ኪገብሩ መኺሩዎም። እዚ ጌጋ ኢዩ፡ ኣምላኽ ከምኡ ኣይፈቱን ኢዩ፡ ክንዲ ዝብሉ ከኣ ሰሚዖምዎ። ክልቲኦም ከኣ ተጋግዮም። ንኣምላኽ ስለ ዘይተኣዘዙ ከኣ ካብ ገነት ተሰጒጎም። ክብሮም ተቐንጢጡ፡ ፈራሓት ኮይኖም፡ ዝሞቱ ኮይኖም፡ ብጻዕሪ ዝሰርሑ ኮይኖም፡ ዝተዋህቦም ጸጋታት ከኣ ኣጥፊኦም። ስቓይ ኣብ ዓለም ኣእቲዮም ንጽቡቕ ክንዲ ዝደልዩ ንሕማቕ ዝደልዩ ኮይኖም። ንሕና'ውን ሓጢኣት ክንገብር እንከሎና ናብ ዓለም ክፍኣትን ጽልእን ውግእን ነእቱ።

**ዘክሩ**



ንሕማቅ ምኽሪ ናይ ዝኾነ ሰብ ዘይምቅባል።

**ዘምሩ**

ኢየሱሰይ ምርሓኒ
ተደጋጋሚ፡ ኢየሱሰይ ምርሓኒ ኢየሱሰይ ምርሓኒ
ናብታ ሃገር ጽዮን መሪሕካ ኣእትወኒ
ብማዕበል ፈተና ብስምካ ክኃልፍ

ጸጋኻ ኣልብሰኒ ንድኅሪት ከይተርፍ።

## ጸልዩ
ኦ ኣምላኽና፡ ኣንጻርካ ሓጢእና ኑቲ ኣብ ቅድሚኻ ክፉእ ዝኾነ ነገር ገይርና ኢና'ሞ መሓረና። ሓድሽ ልቢ ድማ ሃበና።

## መልሱ
- ኣምላኽ ንኣዳምን ኣበይ ኣሎኻ ምስ በሎ እንታይ ኢሉ መሊሱ?
- ኣዳምን ሔዋንን ብዝገበርዎ ጌጋ ተኣሚኖምዶ ወይስ ኣመኻንዮም?
- ንሰኻኸ መሓዙትካ ብዝሃቡኻ ምኽሪ ጽቡቕ ገዲፍካ ሕማቕዶ ገቢርካ ትፈልጥ?
- ካብ መሓዙኻ ከይትፍለ ኢልካ ሕማቕ ገቢርካ'ዶ ትፈልጥ?

## ግበሩ
ዝኾነ ክፉእ ግበሩ ወይ በሉ ዝብል፡ ናይ ሰይጣን ሕሹኽታ ክመጸኩም እንከሎ ምልክት መስቀል ግበሩ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ
ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዘፍ፡ 1, 1-24) "እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 6-7።

# 10. ተስፋ ድሕነት


## ተመሃሩ
"ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እዛ ሰበይትን ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ መንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ። ንሱ ርእሰኻ ኪጭፍልቕ እዩ፡ ንስኻ ድማ ሸ ኾናኡ ክትነክስ ኢኻ።" (ዘፍ. 3,15)።

ኣምላኽ ሕያዋይ ስለ ዝኾነ ንኣዳምን ሔዋንን ንኩሎም ድሕሪኦም ዝተፋረዩ ደቆምን ዝገበርዎ ጌጋ ክምሕሮም ሓሰበ። ከምዘይገድፎም መድሓኒ ዓለም ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ክሰደሎም ምኳኑ ዘዘኻኽሩ ከኣ ነቢያት ለኣኸሎም። ነቢያት፡ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ብተስፋ ክብርትዕ፡ ኣምላኽ ዝበሎ ምግባር ከይኣቢ፡ ተስፋ ከይቆረጸ ንመድሓኒ ዓለም ክጽበ ኣዘኻኺሮምዎ።

ነቢያት ቅድሚ ኢየሱስ ምምጻኡ፡ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር፡ ሓላፍነቱ ዘዘኻኽሩን መንገዲ ሓቂ ዝመርሑን እግዚኣብሔር ዝለኣኾም ሰባት ኢዮም። ኢየሱስ መጺኡ ክርእይዎ እናተጸበዩ፡ ንሕዝቢ ኣጆኹም! እኒሆ ቆልዓ ክውለደልና ኢዩ። ንሱ ከኣሊ ጐይታ፡ ንጉስ ሰላምን ኢዩ። ኣምላኽና ከድሕነና ክመጽእ ኢዩ፡ እናበሉ ንሕዝቢ ይምህሩ ነይሮም። ሓደ ካብኦም ከኣ ኢሳያስ ነቢይ ነበረ።

## ዘክሩ

ኣምላኽ፣ ንሰብ ካብ ሓጢኣቱ ምእንቲ ክምልስ ኢየሱስ ክመጽእ ምኳኑ ተስፋ ሃቦ።



## ዘምሩ

ጐይታ ይመጽእ
ተደጋጋሚ፣ ጐይታ ይመጽእ
ብኽብሪ ብግርማ ደሚቑ
ንደቂ ኩላቶም ኣኪቡ መናግስቱ ይገብሮም።

1. ብትሕትናን ፍቕርን ቅረቡ
ሓጎስን ደስታን ንኽትረኽቡ
ሰማያዊ መና ክትጸግቡ።

2. ናይ ዕቤቱ ዋጋ ፍለጡ
ሕይወትኩም ክትርእዩ ተለዊጡ
ክርስቶስ ጥራይ ኢዩ መፍትሒኡ።

## ጸልዩ፣

ኦ ንጉስ ሰላምን ርትዕን ዝኾንካ ኢየሱስ ንዓ! ነቶም ንዓኻ ጥራሕ ዝኣምኑ ንሕይወት ድኻታትካ ኣድሕን።

## መልሱ

- እግዚኣብሔር ንኣዳም ናይ ድሕነት ተስፋ ክህቦ እንከሎ እንታይ ኢልዎ?
- ነቢያት እንታዎት ኢዮም?
- ነቢያት እንታይ ኢሎም ይምህሩ ነይሮም?

## ግበሩ

ኣርባዕተ ካብ ኣስማት ነቢያት ንመምህርኩም ወይ ንወለድኹም ሓቲትኩም ጸሓፍዎም።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጽሎምን ዘለዎም፥- (ኢሳ. 9,7-14)።

3ይ ምዕራፍ
ኢየሱስ ከድሕነና መጺኡ

[redacted]


# 11. ኢየሱስ ክመጽእ ኢዩ ተሰናደዉ

## ተመሃሩ

ዮሓንስ ወዲ ዘካርያስ ካህን ኣብ ምድረ በዳ ይነብር ነበረ። እግዚኣብሔር ልኡኹ ኪኸውን [redacted] መንገድኹም ኣቕንዑ! ሕይወተኩም ለውጡ፡ እግዚኣብሔር በደልኩም ምእንቲ ኪሐድገልኩም ኣብ ዮርዳኖስ ተጠመቑ። መንገዲ እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ፡ ጐደናታቱ እውን ኣቕንዑ፡ ዓሚቝ ዘበለ ይምላእ፡ እንባን ኩርባን ትሕት ይበል፡ ጥውይዋይ ይቕናዕ፡ ሓባጥ ጐባጥ ሰጥ ይበል፡ ኩልኹም ድሕነት ኣምላኽ ክትርእዩ ኢኹም በሎም። (ኢሳ. 40፡ 3-5)።

ብዙሓት ሕዝቢ ናብ ዮሓንስ ናብ ዮርዳኖስ ይመጽኡ ነበሩ። እናተጠመቑ ኸኣ፡ እሞ እንታይ ንግበር፡ ኢሎም ሓተትዎ፡ ንሱ ከኣ ክልተ ቐሚሽ ዘለዎ፡ ዚብላዕ ዘለዎ'ውን ንዘይብሉ ይምቀሎ ኢሉ መለሰሎም። መኽፈልቲ ቀረጽ እውን ምእንቲ ኬጠምቑም ናብኡ መጽኡ እሞ፡ መምህር ንሕናኸ እንታይ ንግበር ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ኸኣ ካብቲ ዝተኣዘዘልኩም ሕልፊ ኣይትውሰዱ! ኢሉ መለሰሎም። ገሊኣቶም ካብ ወተሃደራት እውን፡ ንሕናኸ እንታይ ንግበር ኢሎም ሓተትዎ። ንሱ ከኣ ንሓደ እኳ ኣይተጋፍዑ ብሓሶት'ውን ኣይትኽሰሱ፡ ደሞዝኩም ይኣኽለኩም! በሎም።

እቶም ሕዝቢ ንዮሓንስ፡ ክርስቶስ ደኾን ይኸውን፡ እናበሉ ይሓስቡ ነበሩ። ሽዑ ዮሓንስ ኣነ ብማይ የጠምቐኩም ኣሎኹ፡ ክርስቶስ ግን ካባይ ዚብርትዕ፡ ኣነ መእሰሪ ኣሳእኑ ኪፈትሓሉ ዘይግብኣኒ ይመጽእ ኣሎ። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ ኬጠምቐኩም



እዩ በሎም።

ኢየሱስ ሓጢኣት ዓለም ክድምስስ ዝመጸ መድኃኒ ዓለም ኢዩ፡ ዮሓንስ ከኣ ሰባት ንኢየሱስ ክቕበልዎ መንገዲ ዘሰናዱ ኢዩ።

ኢየሱስ ምእንቲ ኩሎም ሰባት ኢዩ ተወሊዱ። እንተኾነ ሕጂ እውን ንኢየሱስ ዘይፈልጥዎን ዘይተቀበሉዎ ብዙሓት ሰባት ኣለዉ።

## ዘክሩ

ዮሓንስ "መንገዲ እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ፡ ጐደናታቱ'ውን ኣቕንዑ" እናበለ መሃረ።

## ዘምሩ

መንገዲ እግዚኣብሔር ኣሰናድዉ ጐደናታቱ'ውን ኣቕንዑ
እናበለ ኣብ በረኻ ዝጭድር ድምጺ ዮሓንስ ኢዩ።/2/

## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽና ንኢየሱስ ወድኻ ክንቅበሎ መንገድኻ ኣርየና።

## መልሱ

- ዮሓንስ መጥምቕ መን ኢዩ?
- እንታይ ኢሉ ይምህር ነይሩ?
- ዮሓንስ መጥምቕ ኣበይ ይነብር ነይሩ?
- ናይ ዮሓንስን ናይ ኢየሱስን ጥምቀት እንታይ'ዩ ፍልልዩ?

## ግበሩ

ከምቶም ሕዝቢ ንኢየሱስ ክቕበሉ እንከለዉ ካብ ጌጋታቶም ዝተኣረሙ፡ ንሸኻ'ውን ሎሚ ዝተበኣስካዮ ወይ ዘሕዘንካዮ እንተሎ ተዓረቕ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጽሎምን ዘለዎም፡- ማር. 1,1-8፤ "እግዚኣ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 54 ምስ ደቆም የንብብዋ። ምስ ዮሓንስ መጥምቕ ጽቡቕ ገይሮም የላልዩዎም። ብቃላቶም ከኣ ዛንታኡ ከምዝትርኹ ይግበሩዎም።

# 12. ሰላም ንዓኺ ኦ ማርያም ጸጋ ዝመልኣኪ

## ተመሃሩ


እግዚኣብሔር ናዝሬት ናብ እትበሃል ዓዲ ናብ ሓንቲ ድንግል ንገብርኤል መልኣኽ ለኣኸ። [illegible] ማርያም ኢዩ። ንሳ ናብ ሓደ ዮሴፍ ዝስሙ ወዲ ተሓጽያ ነበረት። እቲ መልእኽ ናብ ገዛኣ ኣትዩ። “ሰላም ንዓኺ ኦ ጸጋ ዝመልኣኪ፡ እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ ወዲ ክትወልዲ ኢኺ ኢየሱስ ቢልኪ ከኣ ክትሰምይዮ ኢኺ” በላ። ማርያም ከኣ ሰንቢዳ እዚ ሰላምታ'ዝስ እንታይ ኮን ይኸውን በለት። እቲ መልእኽ ከኣ ማርያም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ ኣይትፍርሂ። እግዚኣብሔር የፍቅረኪ ኢዩ። “እኒሆ ክትጸንሲ ወዲ እውን ክትወልዲ ኢኺ፣ ስሙ ከኣ ኢየሱስ ክትብልዮ ኢኺ። ንሱ ዓብይ ክኸውን ኢዩ። ወዲ እቲ ልዑል ከኣ ክበሃል ኢዩ” በላ። ማርያም ከኣ እዚ ነገር'ዚ ከመይ ኢሉ ክኸውን ኢዩ በለቶ። እቲ መልእኽ ከኣ መንፈስ ቅዱስ ናባኺ ክወርድ ኢዩ። ሓይሊ እቲ ልዑል እውን ክጽልለኪ ኢዩ። ከመይ ንኣምላኽ ዝሰኣኖ የልቦን በላ። ማርያም ከኣ “እንኹ ኣገልጋሊት እግዚኣብሔር ኢየ ከም ፍቓድካ ይኹነለይ” በለት።

ማርያም ንእግዚኣብሔር ኣቦ ሕሩይ ከም ዝበልካዮ ይኹን ኢላ ተኣዚዛቶ። ንኢየሱስ ወሊዳቶ። ኢየሱስ ኣዴና ማርያም ዝወለደትልና ናይ ኩሉ ዓለም መድሓኒ ኢዩ።



ማርያም ኣደ ኢየሱስ ወዱ ክትከውን እግዚኣብሔር ኣቦ ዝመረጻ ኢያ። እግዚኣብሔር ኣቦ ንማርያም ኣደ ኢየሱስ ወዱ ምእንቲ ክትከውን ስለዝደለያ፣ ካብ ኩሉ ሓጢኣት ነጻ ገይሩዋ። ስለዚ ንጽሕቲ ድንግል ኢልና ንጽውዓ። ማርያም ካብ ኩሎም ፍጡራት እታ ዝተቐደሰት ሰበይቲ ኢያ።

ካብ ኩለን ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ። ናይ ከርስኺ ፍሬ ኢየሱስ ከኣ ዝተባረኸ ኢዩ።



## ዘምሩ

ከም ሰላምታ ቅ. ገብርኤል
ተደጋጋሚ፡ ከም ሰላምታ ቅዱስ ገብርኤል
ማርያም ክብሪ ዓሌት እስራኤል፡
ሓረየኪ ሥሉስ ፈጣሪ
ክትዓርቅዮ ሰማይ ምስ ምድሪ/2/

ብመን እሞ ክንምስለኪ
ገነትዶ'ሞ ሰማይ ክንብለኪ
ተስፋ ድሕነት ብርሃን ሃገርኪ /2/

## ጸልዩ

"ሰላም ንዓኺ ኦ ማርያም ጸጋ ዝመልኣኪ እግዝኣብሔር ምሳኺ፡ ኢዩ። ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፡ ናይ ከርስኺ ፍረ ኢየሱስ ከኣ ዝተባረኸ ኢዩ።"

እግዝእትነ ማርያም ምስ ኢየሱስን
ኣብ ጥቓናን ስለ ዘላ ከምዚ እናበልና
ኣማልድነታ ንልምን።

"ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ለምን ልና ንዓና ንሓጥኣን ሕጂን ብጊዜ ሞትናን ኣሜን።"

## መልሱ

- ኣደ ኢየሱስ ትፈልጣዶ? መን ስማ?
- እግዚኣብሔር ምሳኺ ኢዩ ንብላ፡ ሰለምንታይ ምኻኑ ትፈልጥ'ዶ?
- ማርያም ካብ ኩለን ኣንስቲ ፍልይቲ ዝገብራ እንታይ ኢዩ።
- ኣብ ገዛኹም ስእሊ ኢየሱስን ማርያምን ቅዱስ ዮሴፍን ኣሎኩምዶ?

## ግበሩ

ኣብ ገዛኻ ኣብ ጥቓ ስእሊ እግዝእትነ ማርያም ኮይንካ ሰላም ነዓኺ እናበልካ ጸሊ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጽሎምን ዘለዎም፡- ሉቃ. 1,26-38።

# 13. መድሓኒ ተወሊዱልኩም

## ተመሃሩ

ዮሴፍን ማርያምን ኣብ ቤት-ልሔም ክጽሓፉ ገይሾም እንከለው፡ ማርያም መዓልቲ ሕርሳ በጽሐ። ኣብቲ ቤት ኣጋይሽ ቦታ ስለ ዘይነበረ፡ ኣብ መብልዒ ማል ቦኽሪ ወዳ ወለደት። ብኣጭርቕቲ ገቢራ ከኣ ጠቕለለቶ። ኣብኡ ኣደቀሰቶ። ኣብቲ ከባቢ ብለይቲ ኣባጊዖም ዝሕልዉ ጓሶት ነበሩ። መልኣኽ እግዚኣብሔር ናብኦም ቀሪቡ፡ እኒሆ ሎሚ ዓቢ ሓጎስ ኣበስረኩም ኣለኹ። “መድሓኒ ዓለም ተወሊድልኩም ኣሎ። ኣይትፍርሑ። ሓጎስ ኩሉ ሕዝቢ ዝኸውን ብስራት ኢዩ። ኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ጐይታ ኢዩ በሎም።” ኣብ ሰማይ ከኣ መላእኽቲ “ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማይ ሰላም ኣብ ምድሪ ንሰብ ጽቡቕ ድላይ!” እናበሉ ዘመሩ።

ማርያምን ዮሴፍን ካብ ገዛኦም ወጺኦም ስለዝነበሩ ዘድሊ ነገራት ኣይረኸቡን።



ንኢየሱስ ኣብ መብልዕ ማል ኣቐመጥዎ። መላእኽቲን ጓሶትን ከኣ ኣኽብሮቶም ገለጹሉ።

ማርያምን ዮሴፍን ብዛዕባ'ቲ ሕጻን ኣዚዮም ተገረሙ፡ ኩሉ ነገራት ከኣ ኣብ ልቦም ይዓቑርዎ ነበሩ።

መዓልቲ ልደት ካህን ኣብ ቅዳሴ ታሪኽ ልደት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ የንብቡልና።



- ከም ጓሶት ንኢየሱስ ንስገደሉ። ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሔር ከማና ሰብ ኮይንካ፣ ክብርን ስግደትን ንዓኻ ነቕርብ ኣሎና!

- ከም መላእኽቲ፣ ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ንሰብ ጽቡቕ ድላይ!

## ዘክሩ

"ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማይ ሰላም ኣብ ምድሪ ንሰብ ጽቡቕ ድላይ!"

## ዘምሩ

ሎሚ ልደት ኢዩ



ሎሚ ልደት ኢዩ በዓል ዓቢይ ደስታ፣
ናይ ቀዳሞት ኣበው ዝኾነ ሃረርታ፣
ቃል ነብያት ረኺቡ ምሉእ መፈጸምታ፣
ኣብ ኩላቶም ኣሕዛብ ይገበር ዕልልታ።

ተደጋጋሚ፣ ኦ ፍቁር ኢየሱስ ሕፃን
ኣየ! ጣዕሚ ምሳኻ ምኻን።

## ጸልዩ

ክብሪ ንእግዚኣብሔር ኣብ ሰማያት
ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ንሰብ ጽቡቕ ድላይ!

## መልሱ

- ኣብ ዓለም ኣብ መዓልቲ ክንደይ ቆልዑ ዝውለዱ ይመስለካ?
- ንኩሎም ዝውለዱ ቆልዑ ኣዴኦምን ኣቦኦምን ብሃረርታ ዝጽበይዎም ዶ ይመስለካ?
- ኩሎም ቆልዑ ጽቡቕ ገይሩ ዘማሙቖም ገዛን ዝኣክል ክዳንን ኣለዎምዶ ይመስለካ?
- ንኣምላኽ ስለ ወለድኻ ተመስግኖዶ?
- ኢየሱስ ከመይ ከምዝተወልደ ትፈልጥ'ዶ?
- ሎሚ ማርያም ኣብ ገዛኹም ንኢየሱስ ክትወልድ ቦታ ሃቡኒ ኣንተትብለኩም እንታይ ምገበርኩም?
- ጋሻ መጺኡ ኣሕድሩኒ እንተዝብለኩምከ?

## ግበሩ


ንልደት ኢየሱስ ጎል ወይ በዓቲ ኣዳልዉ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፥- ሉቃ. 2,1-14፤ "እግዚኣ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 50። እቶም ቆልዑ ንታሪኽ ልደት ኢየሱስ ብቓላቶም ከዘንት'ዎ ከምዝኽእሉ ኣረጋግጹ። በዓቲ ንኢየሱስ ሕጻን ከሰናድዉ ሓግዝዎም።

# 14 . ንዑናይ ንስገደሉ

ተመሃሩ



ካብ ርሑቕ ሃገራት ምብራቕ ገለ ሰብ ጥበብ ብኾኾብ ተመሪሖም ክሳብ እታ ኢየሱስ ዝተወለደላ ገዛ መጺኦም። ሰብ ጥበብ ሕጻንን ማርያም ኣዲኡን ኣብኡ ጸንሕዎም። ተንበርኪኾም ሰገዱሉ። ሳንጣኦም ከፊቶም ከኣ ዘምጽእዎ ህያባት ወርቅን፣ ዕጣንን፣ ከርበን፣ ኣቕሪቦምሉ ብሓጎስ ንሃገሮም ተመለሱ።


ኢየሱስ ንኹሉ ዓለም ኢዩ ተወሊዱ፣ ንጓሶት ኣብ ቀረባ ዝነበሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ርሑቕ ዘለው እውን ተወሊዱሎም ከምዘሎ ምስ ሰምዑ ክሰግዱሉ ከይዶም።

ሰብ ጥበብ ሎሚ ብሩኽ መዓልቲ በሪቑልና፣ ንዑናይ ንስገደሉ ኩልና፣ ንዑናይ ሎሚ ኣብ ዓለም ሓድሽ ብርሃን በሪቑ ኢዩ'ሞ ንዑናይ ንስገደሉ እናተበሃሃሉ ክሰግዱሉ ከዱ።

ሄሮድስ ንጉስ ግና ንኢየሱስ ሕጻን፣ ክርእዮ ኣይከደን፣ እቲ ሕጻን ንጉስ ከይከውን'ሞ ቦታኡ ከይወስደሉ ፈሪሑ። ሄሮድስ ወተሃደራቱ ልኢኹ ካብ ኢየሱስ ዝንእሱ ቆልዑ ኩሎም ክቕተሉ ኣዘዞም። ኩለን ኣዴታት ደቀን ስለ ዝተቐትሉወን ሓዚነን ብብኽያት ምእባድ ኣበያ።

መልኣኽ እግዚኣብሔር ግን ንዮሴፍ ንኢየሱስ ሕጻንን ንኣዲኡ ማርያምን ሒዙ ንግብጺ ክሃድም ኣዘዞ። ናብ ርሑቕ ሃገር፣ ናብ ሃገረ ግብጺ ከኣ ተሰደዱ። ንጉስ ሄሮድስ ክሳብ ዝመውት ኣብ ሃገር ግብጺ ጸንሑ።

ኣስተርእዮ፡ ኢየሱስ ንኹሉ ዓለም ዝተገለጸሉ ንኹሎም ሰባት ናብኡ ከምዝጸውዖም ዘዘክር በዓል ኢዩ።



ኢየሱስ ንኣቦታት፡ ነዴታት፡ ንመንእሰያት፡ ንሽማግለታት፡ ንጸለምቲ፡ ንጸዓዱ፡ ንብጫ ዝሕብሮም ንኹሎም ኣ ብ'ዛ ዓለም ብምልእታ ዘለው ሰባት ሓደ ስድራ ናይ እግዚኣብሔር ምእንቲ ክገብሮም ተወሊዱ።

## ዘክሩ

ዓለም ከይተፈጥረ ምስኡ ህልው ብዝኾነ ብኢየሱስ ክርስቶስ ነኣምን። ብናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ስጋ ለቢሱ ሰብ ኮነ።

## ዘምሩ

ብደስታ ብታሕጓስ

1. ብደስታ ብታሕጓስ ምእመናን ንዑናይ፡
   ብደስታ ብታሕጓስ ንቤትልሔም ንዑናይ፡

    ተደጋጋሚ፡ ንዑናይ ንዑናይ ንዑናይ .... /2/..
    ንሕጻን ክንርኢ ልዑል ንጉስ ሰማይ /3/
    ንዑናይ ክንሰግደሉ /2/ ንመድሕን ክንሰግደሉ ንዑናይ

2. ኣባጊዕ ገዲፎም ናብ ትሑት በዓቲ፡
ጓሶት ኀዮም ከዱ በታ ፍርቂ ለይቲ

3. ንኺድ ንሕና'ውን ብቕልጡፍ ስጉምቲ
ንዑናይ ክንሰግደሉ ንዑናይ ንዑናይ
ንመድሕን ክንሰግደሉ ንዑናይ ንዑናይ።

## ጸልዩ

ኦ ኢየሱስ ሕጻን ከምቲ ሰብኣ-ሰገል፡ ካብ ርሑቕ ሃገር መጺኦም መባኦም ዘቕረቡልካን ዘኽበሩኻን፡ ኩሎም ኣሕዛብ ዓለም፡ ኣብ እግርኻ ክንብርከኹን፡ ክሰግዱልካን ምርሓዮም።

## መልሱ

- ሰብ ጥበብ ኢየሱስ ከምዝተወልደ መን ነጊርዎም?
- ሰብ ጥበብ ንኢየሱስ እንታይ ኣምጺኦምሉ? እቲ ዘምጽኡሉ ህያብ እንታይ ትርጉሙ?

- ልደት ዓቢይ መዓልቲ በዓል ዝኾነሉ ስለምንታይ ኢዩ?
- ኣብ በዓል ልደት ኣብ ገዛኹም እንታይ እንታይ ይግበር?

## ግበሩ

ንክብሪ ልደት ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢልኩም ካብ ዘለኩም ክዳን ወይ ጫማ ንካባኹም ዝጐደሎም ኣማቕሉ።


## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማቴ. 2,1-23፤ “እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ” ገጽ 52-53።

# 15. ኢየሱስ ምስ ስድራኡ ኣብ ዓዱ

## ተመሃሩ

ሄሮድስ ምስ ሞተ ኢየሱስን ማርያምን ዮሴፍን ካብ ግብጺ ተመሊሶም ኣብ ናዝሬት ይነብሩ ነበሩ። ተቐማጦ ናዝሬት ከኣ ጓሶት፡ ሓረስቶትን ናእሽቱ ቤት ዕዮ ዘለዎም ሰባትን ነበሩ።



ኢየሱስ ምስ ስድራኡ ይነብር ነበረ። ንኣዲኡ ማርያምን ንዮሴፍ ከም ኣቦኡ ኮይኑ ዘዕብዮ ዝነበረን ይእዘዞም ነበረ። ምስ ቆልዑ ይጻወት፣ ዘረባ ዓበይቲ ይሰምዕ፣ ናይ ደቂ ዓዱ ቋንቋ ዕብራይስጢ ይዛረብ ነበረ።




ስድራ ኢየሱስ ድሌት እግዚኣብሔር ይፍጽሙን ጸሎት ይገብሩን ነበሩ።

ኢየሱስ ብዕድመን ብጸጋን ብቑመትን ኣብ ቅድሚ ሰባትን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔርን ይዓቢ ነበረ። እግዝእትነ ማርያምን ዮሴፍን ይሰርሑ ነይሮም፣ ኢየሱስ'ውን ካብኣታቶም ስራሕ ይመሃር ነበረ፣ ቀዳም ግን በዓል ስለ ዝነበረ፣ ካብ ስራሕ ጠጠው ይብሉ ምሸት ምስ ኮነ ናይ በዓል መ-በራህቲ ወሊዖም ንእግዚኣብሔር ይወድሱ ነበሩ።

"ኦ ጐይታ ሰማይን ምድርን ዝኾንካ እግዚኣብሔር ዝተመስገንካ ኩን"

ንሸኻ'ውን ምስ ኣ ቦኻ፣ ኣዴኻ፣ ኣሕዋትካ፣ ስድራኻ፣ ደቂ ገዛውቲኻ ደቂ ቤት ትምህርትኻ ደቂ ቍምስናኻ መምህራን



## ዘክሩ

"ኦ እስራኤል ስማዕ እግዚኣሔር ኣምላኽና በይኑ እግዚኣብሔር ኢዩ፡ ንስኻ ድማ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓይልኻን ኣፍቅሮ።"

## ዘምሩ

ንኣይ ክትስልም

1\. ንኣይ ክትስልም ብጸጋ ፍቕርኻ፡
ሕሱም ንብረተይ ሓጢኣተይ ርኢኻ፡
ኣነ እንክኹብልል ኣብ ዓለም በረኻ፡
ኣርኣያ ግዙእ ኣዳም ሓረኻ። (3)

2\. ኢያቄም ሓና ጻድቃን ወለዲ፡
ብርሃን ፈረዩ ንሰማይ መንገዲ፡
ዕንባባ ገነት ናይ ሰማይ ዘውዲ፡
ፈረየት ሕይወት ናይ ወይኒ ጉንዲ፡ (3)

3\. ሕይወት ናዝሬት ዝመልኦ ትሕትና፡
ምስ ማርያም ዮሴፍ ሰብ ኪዳን ንጽሕና፡
ግሩም ኣብነት ዝኸውን ንኣና፡
ክንክተለካ ሓይሊ ሃበና። (3)

## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ፡ ንወለደይ፡ ንኣሕዋተይ፡ ንደቂ ገዛውተይ፡ ንደቂ ቍምስናይን ደቂ ቤት ትምህርተይን ኩሎም ባርኾምን ሓልዎምን ኣሜን።

## መልሱ

- ኣብ ገዛኹም ክንደይ ኢኹም? ንስኻ መበል ክንደይ ኢኻ?
- ንስኻ ኣብ ገዛ ነቦኻን ነዴኻን እንታይ ትሕግዝ?
- ኣብ ገዛኹም ጸሎት ትገብሩዶ?
- ኣብ ገዛኹም ጋሻ እንተመጸ ብኸመይ ትቕበልዎ?



## ግበሩ

ኣብ ገዛኹም ጸሎት ምግባር ኣዘኻኽር። ብትግሃት ተሳተፍ። ምስ ኣሕዋትካን ምስ ጎረባብትኻን ከኣ ሰላም ኩን።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ


ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን

ዘለዎም፡- ዘዳግም 6,4-5።

# 16. ኢየሱስ ፍቓድ ኣቦኡ ፈጸመ

ተመሃሩ

ኢየሱስ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ምስ ገበረ። ዓብዩ ስለዝኾነ ምስ ኣዲኡ ማርያምን ዮሴፍን ይገይሽ ነበረ። ንበዓል ፋሲካ ከኣ ናብ ኢየሩሳሌም ምስኦም ከደ።



ክምለሱ ከለዉ፡ ድሕሪ ናይ ሓደ መዓልቲ ጉዕዞ ማርያምን ዮሴፍን ኢየሱስ ምስኦም ከምዘይነበረ ኣስተበሃሉ። ምስ ኣዝማዶም ከይዱ ከይከውን ኢሎም ኝኹሎም ሓተ-ትዎም፡ ምስ ሰኣንዎ ከኣ ንኢየሩሳሌም ተመልሱ።

ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ማእከል ካህናትን ሕዝብን ኮፍ ኢሉ። ክምህሮምን ክሓቶምን ጸንሖም፡ ማርያምን ዮሴፍን ብዙሕ ገሪሙዎም። ማርያም ሽዑ ኣንታ ወደይ ንምንታይ ከምዚ ጌርካ? ኣቦኻን ኣነን ተጨኒቕና ክነናድየካ ቀኒና በለቶ። ን ሱ ከኣ ስለምንታይ ተናድዩኒ፡ ኣብ ጉዳይ ኣቦይ ክህሉ ከምዝግበኣኒ ኣይትፈልጡን ዲኹም በላ።

ኩሎም እቶም ንኢየሱስ ዘሰምዑዎ ብመልሱን ብፍልጠቱን ኣዚዮም ተገረሙ። ማርያምን ዮሴፍን ከኣ ኝኹሉ ኣብ ልቦም ይዓቑርዎ ነበሩ።

ዘክሩ

ወንጌል፥ ሕይወት ኢየሱስን ንሱ ዝበሎን ዝገበሮን ዘዘንቱ መጽሓፍ ኢዩ።

## ዘምሩ


ናብ ቤት እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ።
ብሓንሳብ ክንዝምር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጎስኩ፥ ተሓጎስኩ።

## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ ናብ ቤተ-መቕደስካ ክንኣቱ እንከሎና፥ ካብ ቃልካ ክንሰምዕ፥ ካብ መኣድኻ ክንሳተፍ ጽሩይ ልቢ ፍጠረልና።

## መልሱ

- ኢየሱስ ንኣዲኡ ስለምንታይ ከምዚ ኢሉ መሊሱላ?
- ኣቦ ኢየሱስ መን ኢዩ?
- ኢየሱስ ፍቃድ ኣቦኡ ይፍጽምዶ ነይሩ? ከመይ ፈሊጥካ?
- ሓድ ሓደ ጊዜ ኣብ ቤተክርስትያን ኬድካ ትድንጉዶ? ወለድኻ "ኣበይ ጸኒሕካዶ" ይብሉኻ?



## ግበሩ

መጽሓፍ ቅዳሴ እናተጠቐምካ ቅዳሴ ተኸታተል፥ ምምላስ ከኣ ተመሃር።

ካብ ወለድኹም ተመሃሩ [redacted]


**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ሉቃ.2,41-51፤ "እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ**

# 4ይ ምዕራፍ
# ኢየሱስ ዝበሎን ዝገበሮን

## 17. ኢየሱስ ወንጌል ኣበሰረ

### ተመሃሩ

ኢየሱስ ሰላሳ ዓመቱ ክሳብ ዝመልእ ኣብ ናዝሬት ብምጡን ናብራን ብተኣዝዞን ነበረ። ናይ ጽርበት ዕንጸይቲ ስራሕ ካብ ዮሴፍ ተማሂሩ። ክሳብ ሰላሳ ዓመት፡ ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሔር ምዃኑ ብዙሕ ሰብ ዝፈልጥ ኣይነበረን።



ኢየሱስ ወዲ ሰላሳ ዓመት ምስ ኮነ፡ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ኮይኑ ከይፈርሀ ወንጌል ከበስር ጀመረ። ወንጌል

ማለት ብስራት ማለት ኢዩ። ኢየሱስ ዘምጽኦ ብስራት ሓጢኣትናን ኣበሳናን ከምዝተወድአ፡ ኣምላኽ ከኣ ምሕረት ከምዝገበረና ንልቢ ዘሓጉስ ጥዑም ዜና ኢዩ።

ኢየሱስ፡ ኣምላኽ ኣብ መንጎና ከምዘሎ ሓጢኣትን ሞትን ሕማምን ከምዘየሸንፈና ኩሉ ከምዝቀተለልና ኣበሲሩና። ኢየሱስ ሓርነትን ነጻነትን ኣዊጁልና።

ወንጌል ከምዝተበሰርናን ኣምላኽ ምሳና ከምዝኾነን ብምልክታት ገሊጽዎ። ምልክታት ብስራት ወንጌል ብተግባር ኣርእዩ። ኢየሱስ ንምልክት ብስራት ወንጌል ሕሙማት ኣሕዊዩ፡ ንምሩኻትን እሱራትን ነጻ ኣውጺኡ፡ ንምውታት ኣተንሲኡ፡ ንኩሉ ሰብ ከኣ ምስ ኣምላኹ ዝራኸበሉ ናይ ሓጎስን ሓድሽ ሕይወትን ዓመት ኣዊጁ።

ኣብኡ ኣብ ቤት ጸሎት ሕዝቢ ተኣኪቡ ነበረ። ቤት ጸሎት ሕዝቢ ቃል ኣምላኽ



ዝሰምዓሉን ጸሎት ዝገብረሉን ቦታ ኢዩ። ኣብኡ ክምህር ጀመረ።

ንሱ ከምቶም ንፋዓት መምህራን ክምህር ስለ ዝጀመረ ኩሎም ተገረሙ። እዝስ እዚ ኹሉ ፍልጠት ካበይ ኣምጺእዎ? እንታዋይ ኢዩ? እናበሉ ከኣ ሓተቱ።

ኢየሱስ ኣብ ቤት ጸሎት ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ኣደባባያት፡ ገዛ ገዛ እናኸደ፡ ኣብ ጎቦታት እናደየበ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ፡ ሰብ ኣብ ዘለዎ እናኸደ ይምህር ነበረ።

ሓደ ቀዳም በዓል መዓልቲ ናብ ቅፍርናሆም ትበሃል ከተማ ናብ ገምገም ባሕሪ ኮይኑ ንብዙሕ ሕዝቢ መሃረ። ሰንበት ሰንበት ምስ ኩሎም ፈተውትና ንቤተክርስ ትያን ኻኸይድ። ኣብኡ ካህን ወንጌል የንብብ። ብዙሕ ሰብ ከኣ ይሰምዕ። ገለ ሰባት ግን ኣብ ገዛኦም ስለዝተረፉ ከይሰምዑ ይተርፉ።

ንቓል ኢየሱስ ዝሰምዑ ንቓል እግዚኣብሔር ኣቦ ይሰምዑ፡ ወንጌል ዝሰምዕ ንኢየሱስ ይሰምዕ። ንቓል ኢየሱስ ዝሰምዑ ሕጉሳት ኢዮም።

### ዘክሩ

"እቶም ንቃል ኣምላኽ ሰሚዖም ዝፍጽሙዎ ዕዉታት ኢዮም" (ሉቃ. 11,28)

### ዘምሩ

ቃል ኣምላኽ ሕያው'ዩ /4/

### ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ ቃልካ ሰሚዐ ከምዝፍጽም ግበርኒ!

### መልሱ

- ኢየሱስ ኣበይ ይምህር ነይሩ?
- ኢየሱስ እንታይ እንታይ ኢሉ ይምህር ነይሩ?
- ኢየሱስ ክምህር እንከሎ ሕዝቢ እንታይ ይብል ነይሩ?
- ወንጌል እንታይ ማለት ኢዩ?

### ግበሩ


ሰንበት ሰንበት ቅዳሴ ተሳተፉ። ንባብ ወንጌል እንታይ ከምዝተነበበ ከኣ ምስ ተመለስኩም ንስድራኹም ንገሩዎም።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማር. 1,21-28፤ ሉቃ. 4,18-19።

# 18. ኢየሱስ ንሕሙማት ኣሕወየ

### ተመሃሩ



ንኢየሱስ ብዙሕ ሕዝቢ ከበቦ፥ ኢያኢሮስ ዝስሙ፥ ሓደ ካብቶም መራሕቲ ቤት ጸሎት፥ ናብ ኢየሱስ መጺኡ ኣብ እግሩ ተደፊኡ ሰገደሉ፥ ጓለይ ክትመውት ቀሪባ ኣላ እሞ በጃኻ! ክትሓውየለይ መጺእካ ኢድካ ኣንብረላ ኢሉ ኣጽኒዑ ለመኖ።

ኢየሱስ ምስኡ ከደ ብዙሕ ሕዝቢ ከኣ ሰዓቦ፥ ኣብ ዙርያኡ'ውን ይደፈፍኡ ነበሩ። ካብ ገዛ እንዳ ኢያኢሮስ ተላኢኾም ዝመጹ። "ጓልካ ሞይታ ኢያ ንመምህር ኣይተድክሞ" በልዎ። ኢየሱስ ነቲ ዝተዛረብዎ ሰሚዑ ኣይትፈራህ እመን ደኣ በሎ፥ ኣብ ገዛ ምስ በጽሑ ብዙሕ ሰብ ክበክን ጫውጫው ክብልን ጸንሖም። "እዛ ቆልዓ ደቂሳ ኢያ ዘላ እምበር ኣይሞተትን" በሎም። ንሳቶም ከኣ ሰሓቕዎ።

ንሱ ግን ንኹሎም ኣውጺኡ ንኣቦ'ታ ቆልዓን ነዲኣን ሒዙ ናብ ገዛ ኣተወ። ነታ ቆልዓ ብኢዳ ሒዙ ከኣ "ኣቲ ቆልዓ ተንስኢ!" በላ እታ ቆልዓ ሽዑ ተንሲኣ ክትከይድ ጀመረት። ኩሎም ብዙሕ ተገረሙ። እዚ ማንም ከይፈልጦ ኣዘዞም። ነታ ቆልዓ ከኣ ዝብላዕ ሃቡዋ በሎም።

ኢየሱስ ሕዝቢ ኣብ ዘለዎ ቦታን፥ ናብ ጎደናታት እናዞረ መሃረ። ለምጻማት፥ ዕውራት፥ ጸማማት፥ ሓንካሳት፥ ክሓውዩ ይልምንዎ ነበሩ። ንሱ ከኣ ንኹሎም የሕውዮምን ንዝለመንዎ ጽቡቕ ይገብረሎምን ነበረ። ኣዴታት ደቀን ሒዘን ይመጽኣ ነበራ። ንሱ ከኣ ይቕበሎምን ይባርኾምን ነበረ።

ኢየሱስ ንብዙሓት ሕሙማት የሕውዮም ነበረ። ከም እግዚኣብሔር ኣቦ ሕያዋይን ከኣልን ኢዩ። ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ብቃሉ ንሰባት የሕውዮም ነበረ።



## ዝምሩ

ተደጋጋሚ፡
ኢየሱስ ፈዋሲ ምኳኑ ንዑ ረኣዩ ጠዓሙ።

እምነተይ ክድልድል
ብኢደይ ሓዘኒ፡
ኩለንተናይ ቀድስ ኦ ኢየሱስ
መድሓኒ፡
መድሕን ኣይፈልጥን ብዘይካ ንስኻ፡
ብሓይልኻ ምርሓኒ ንድኹም ውሉድካ።

## ጸልዩ

ኦ ኢየሱስ ጐይታ ንስኻ ንናእሽቱ ትፈቱ፡ ንሕሙማት ተሕዊ፡ ንዝሞቱ ሕይወት ትህብ ንድኻታት ብስራት ድሕነት ተበስር ኢኻ'ሞ ነመስግነካ ኣሎና።

## መልሱ

- ኢየሱስ ንዕዉራት፡ ንጸማማት፡ ንሓንካሳት፡ ከመይ ገይሩ የሕውዮም ነይሩ?
- ንስኻ ሓው ወይ ሓብቲ እዛ ኢየሱስ ካብ ሞት ዘተንስኣ ቆልዓ እንተትኸውን ንኢየሱስ እንታይ ምገበርካሉ?
- ሰናይ ዝገበረልካ ተመስግንዶ?
- ንስኻኸ ንኢየሱስ እንታይ ኺገብረልካ ምለመንካዮ?

## ግበሩ

ካብ መሓዙትካ፡ ደቂ ገዛውትኻ፡ ዝሓመሙ ወይ ዓበይቲ ትፈልጦም ኣለዉ እን

ተኾይኖም ብጽሓዮም። ጸሎት ከኣ ግበረሎም።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ




ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማር. 5,21-24፤ 35-43።

# 19. ኢየሱስ ንሓጢኣተይናታት የፍቅር


### ተመሃሩ

ኢየሱስ ንቅፍርናሆም ምስ ከደ፣ ክሕውዮ ቢሎም ንሓደ ልሙስ ኣምጽኡሉ። ብዙሕ ሰብ ስለ ዝነበረ ግን ናብኡ ክቕርብዎን ናብ ገዛ ክእትውዎን ኣይከኣሉን። ድሕሪ'ዚ ናብቲ ኢየሱስ ዝነበሮ ገዛ በታ ኢየሱስ ዝነበራ ወገን ንናሕሲ ኣፍሪሶም ከፈትዎ። ነቲ ሕሙም ምስ ዓራቱ ኣውረድዎ። ኢየሱስ ከኣ እምነቶም ርእዩ ነቲ ልሙስ “ወደየ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ኢዩ” በሎ።



ገለ ካብኣታቶም “እዝስ ስለምንታይ ኢዩ፣ ከምዚ ቢሉ ዝዛረብ ሓጢኣት ክምሕር ዝኽእል እግዚኣብሔር ጥራሕ'ዶ ኣይኮነን” ኢሎም ይሓስቡ ነበሩ። ኢየሱስ ከኣ ሓሳባት ልቦም ፈሊጡ። “ስለምንታይ ከምዚ ኢልኩም ብልብኹም ትሓስቡ? ንሓደ ሰብ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ ምባልዶ ወይስ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ ምባል ይቐልል?” እምበኣር ኣነ ሓጢኣት ክምሕር ክእለት ከምዘሎኒ ክትፈልጡ “ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ ኢሉ ነቲ ልሙስ ኣዘዞ። ሽዑ እቲ ልሙስ ተንሲኡ ዓራቱ ኣልዒሉ ተንሰአ። ኣብ ቅድሚ ኩላቶም ከኣ ተንቀሳቐሰ። ኩሎም ገረሞም። “ከምዚ ዝኣመሰለ ርኢና ኣይንፈልጥን” እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።

ነቲ ልሙስ እቲ ዝዓበየ ህያብ ኢየሱስ “ሓጢኣትካ ተማሒርካ ኣሎኻ” ምባሉ ኢዩ።



ኢየሱስ ንኹሉ ሰብ የድልዮ ኢዩ። ሕሙማት ጥራሕ ዘይኮኑስ ጥዑያት'ውን ኢየሱስ የድልዮም ኢዩ። ከመይ ኩሎም ሓጢኣ ተይናታት ኢዮም።

ኢየሱስ ንሓንቲ ዝሙት ትፍጽም ዝነበረት ሰበይቲ ኩሎም ዓበይቲ ብዳርባ እምኒ ክቐትሉዋ ዝደለዩ ኢየሱስ ግን ሓጢኣታ ምሒሩ ኣናጊፉዋ። ክንደይ ከምዚ ዝኣመሰለ እውን ፈጺሙ ኢዩ።


## ዘክሩ

ኢየሱስ ናይ እግዚኣብሔር ኣቦ ምሕረትን ሰላምን ንኹሉ ሰብ ከምጽእ መጺኡ።

## ዘምሩ

ተደጋጋሚ፥ ጎይታይ ኢየሱስ እንታይ ይሰኣነካ
ኩሉ ትኽእል ኢኻ፥ ቅልጽምካ ብርቱዕ ሓያል መናገፊ።

ብዘይካኻ ኩሉ ከንቱ ምኧኑ'ዩ፥
ብዘይካኻ ኩሉ ሓላፊ ምኧን'ዩ፥
ምሳኻ ግን ኩሉ ዘይበሊ ሃብቲ'ዩ፥
ምሳኻ ግን ኩሉ ዘይውዳእ ታሕጓስ'ዩ።



## ጸልዩ

ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር፥ ዝበደልናካ ይቕረ በለልና፥ ን ሕና'ውን ንዝበደሉና ይቕረ ከም እን ብለሎም፥ ናብ ፈተና ኣይተእትወና ካብ ክፉእ ኩሉ ኣድሕነና።

## መልሱ

- ኢየሱስ ነቲ ሕሙም ናሕሲ ቀዲዶም ምስ ኣእተውዎ እንታይ ኢሉ?
- እቶም ሕዝቢ ነቲ ሕሙም ስለምንታይ ብልዕሊ ገዛ ኣእትዮምዎ?
- ኢየሱስ ነቲ ሕሙም እንታይ ኢሉዎ?
- ንሸኻ እቲ ዝሓወየ ሕሙም እንተተኸውን እንታይ ምገበርካ?

## ግበሩ

ምእንቲ ሕሙማት

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማር. 2.1-12፤ ዮሓ. 8,1-11፤ “እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ” ገጽ 57-58።

# 20. ኢየሱስ ንኹሉ ክነፍቅር ምሂሩና

## ተመሃሩ

ኢየሱስ ዘምሃረና እቲ ዝዓበየ ትምህርቲ ብዛዕባ ፍቕሪ ኢዩ። ኢየሱስ ቅድሚ ምምጻኡ ሰባት “ብጻይካ ኣ ፍቅር ጸላኢኻ



ጽላእ” ብዝብል መምርሒ ይምርሑ ነበሩ።

ኢየሱስ ግን “ኣነ ግና ጸላእትኹም ኣፍቅሩ ንዝረግሙኹም መርቑ። ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ክትኮኑ ክፉእ ኣይትግበሩ። ንሱ ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ጸሓይ የብርቕ፡ ንጸድቃንን ንሓጥኣንን ዝናም የዝንም ኢዩ። ስለዚ ን ዚጸልኣኹም ጽቡቕ ግበሩ። ስለቶም ዚጸርፍኹምን ዚሰጐኹምን ጸልዩ እብለኩም ኣሎኹ። ነቶም ዝፈትውኹም እንተ ፈቲኹም እንታይ ዓስቢ ኣሎኩም? ነሕዋትኩም ጥራሕ ሰላምታ እንተሃብኩም'ከ እንታይ ሓለፉ ኣለኩም? እምበኣርከስ ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፡ ንሸኻትኩም'ውን ፍጹማት ኩኑ።

ኢየሱስ እግዚኣብሔር ኣቦ መሓሪ ምዃኑ ከምህረና መጺኡ። ኢየሱስ ን ፈተውትና ጥራሕ ዘይኮነስ ነቶም ዝጸልኡና ወይ ሕማቕ ዝገብሩና'ውን ደቂ'ቲ መሓርን ሕያዋይን ኣምላኽ ብምዃንና ጽቡቕ ክንገብር ምሂሩና።

## ዘክሩ

ኣምላኽ ፍቕሪ ኢዩ። እቲ ኣብ ፍቕሪ ዝነብር፡ ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር። ኣምላኽ'ውን ኣብኡ ይነብር። (1ዮሓ 4,16)

## ዘምሩ

መደምደምታ ሕጊ
ተደጋጋሚ፡ መደምደምታ ሕጊ ፍቕሪ'ያ ፍቕሪ፡
ናይ ሰላም መሰረት ጽብቕቲ ግብሪ።

ፍቕሪ ዓቃል ለዋህ ዘይብላ ጃህራ፡
ምልክት ሕውነት ናይ ሕብረት ሥፍራ፡
ለውሃትን ድንጋጸን'ያ ኣሰራ፡
ንልበሳ ኵላትና ሃየ ሓደራ።

## ጸልዩ

ኦ ኢየሱስ ጐይታና ከምቲ ንሸኻ ንኹሉ ጽቡቕ ትገብር፡ ንሕና'ውን ንኹሉ ሰብ ጽቡቕ እምበር ሕማቕ ከይንገብር ሓግዘና።

## መልሱ

- ተባኢስካ ትፈልጥ'ዶ?
- ኢየሱስ ምስ መባእስትና ቀልጢፍና ክንዕረቕ፡ ጸሓይ ከይጠፍአት ክንዕረቕ ይደሊ። ቀልጢፍካዶ ትዕረቕ?
- ክፍእ ንዝገበረካ ከመይ ጌርካ ትምልስ?

- ደቂ መሓርን ርሕሩሕን ኣምሳኽ ከምዝኾንና መፍለጢና ንዝበደሉና ብልብና፥ ከይተለመና እ[redacted] ትልመን ዲኻ?

### ግበሩ


ንዝበደሉኻ ከምቲ ኢየሱስ ዝምሕረካ መሓር።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፡- ማቴ. 5፡43-48።

## 21. መሓርቲ ምሕረት ይረኽቡ

### ተመሃሩ



ኢየሱስ ብዙሕ ሕዝቢ ምስ ረኣየ ናብ እምባ ደየበ። ምስ ተቐመጠ ከኣ ደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ቐረቡ። ከምዚ እናበለ ድማ ኪምህሮም ጀመረ።

“ብመንፈስ ድኻታት ዝኾኑ መንግሥተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፥ ሕጉሳት

እዮም። ዚሓዝኑ ምጽንናዕ ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ሕጉሳት እዮም። ለዋሃት ንምድሪ ኪወርስዋ እዮም እሞ ሕጉሳት እዮም። ንጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን ኪጸግቡ እዮም እሞ ሕጉሳት እዮም። መሓርቲ ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ ሕጉሳት እዮም። ን ጹሓት ልቢ ንኣምላኽ ኪርእይዎ እዮም እሞ፡ ብጹዓን እዮም። ገበርቲ ሰላም ውሉድ ኣምላኽ ኪብሃሉ እዮም እሞ ብጹዓን እዮም። (ማቴ 5፡ 3-12)

ምእንቲ ጽድቂ ዚስደዱ መንግሥተ ሰማያት ናታቶም እያ እሞ ብጹዓን እዮም። ምእንታይ እንተ ጸረፍኹምን እንተ ሰጐጕኹምን ኲሉ ክፉእ ዘበለ ድማ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩምን፡ ብጹዓን ኢኹም።”

ኣምላኽ ንሕና ሓጢኣት ክንገብር እንከሎና ክንደይ ጊዜ ኢዩ ዝምሕረና። ሓደ መዓ ልቲ ጴጥሮስ ንኢየሱስ ሓወይ እንተብደለኒ ክንደይ ጊዜ ኢየ ክምሕሮ ኢሉ ሓቲትዎ። ኢየሱስ ከኣ እናክብድል ክምሕር ከምዘለዎ ኣረዲእዎ። (ማቴ 18,21-35)

## ዘክሩ

መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ ኢዮም። (ማቴ 5,7)

## ዘምሩ

ናይ ሰላምካ መሳርሒ ግበረኒ
ተደጋጋሚ፡ ጎይታይ ናይ ሰላምካ ምሳርሒ ግበረኒ።

1. ጽልኢ ኣብ ዘለዎ ፍቕሪ ከምዘእቱ ግበረኒ፡
   በደል ኣብ ዘለዎ ይቕሬታ ከምዘእቱ ግበረኒ።

2. ክርክር ኣብ ዘለዎ ስምረት ከምዘእቱ ግበረኒ፡
   ጌጋ ኣብ ዘለዎ ሓቂ ከምዘእቱ ግበረኒ።

3. ጥርጥር ኣብ ዘለዎ እምነት ከምዘእቱ ግበረኒ፡
   ቅብጸት ኣብ ዘለዎ ተስፋ ከምዘእቱ ግበረኒ።

4. ሓዘን ኣብ ዘለዎ ሓጎስ ከምዘእቱ ግበረኒ፡
   ጸልማት ኣብ ዘለዎ ብርሃን ከምዘእቱ ግበረኒ።

## ጸልዩ

ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር
ዝበደልናካ ይቕረ በለልና
ዝበደሉና ይቕረ ከም እንብለሎም።

## መልሱ

- ኢየሱስ ንዓና ኣይትበኣሱ ጥራሕ ዘይኮነስ ንዝተበኣሱ ብምዕራቕ ሰላም ኣብ ኲሉ ከምዝሀሉ ክንገብር ምሂሩና። ንዝተበኣሱ ትዓርቕዶ?
- ምሕረት ምሃብ፡ ይቕረ ምባል ኝኻልኡት ጠቕሚ ዘይኮነስ ኣውራ ንገዛእ ርእስና ጠቕሚ ኣለዎ። ከመይ እንተመሓርና ኣምላኽ ከኣ ክምሕረና ኢዩ።

ምትዕራቕ'ዶ ኣቢኻ ትፈልጥ ኢኻ? ንዕርቂ ዝተለመኑ'ዶ ትፈልጥ?

## ግበሩ

ንሸኻ ኣይትበኣስ፣ ንዝተባእሱ መሓዙትካ ከኣ ኣተዓርቕ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፦ ማቴ. 5,1-11፤ ማቴ 18,21-35 “እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ” ገጽ 59-60።

# 22. ንሸኻትኩም መን'ዩ ትብሉኒ

## ተመሃሩ

እቲ ን



ኢየሱስ ዝስዕቦ ዝነበረ ሕዝቢ ብዛዕባ'ቲ ዝዛረቦ ዝነበረ ቃላትን፣ ዝገብሮ ዝነበረ ተግባራትን ከምዚ ርኢና ኣይንፈልጥን እናበሉ ይግረሙ ነበሩ። ኣምላኽ ብዝገበረሎም ኩሉ ከኣ የመስግኑ ነበሩ። ሓደ መዓልቲ እናኸዱ ከለው ንደቂ መዛሙርቱ ሰባት ንዓይ መን'ዩ ይብሉኒ? በሎም። ንሳቶም ከኣ “ገሊኦም ዮሓንስ መጥምቕ፣ ገሊኦም ኤልያስ፣ ገሊኦም ኤርምያስ፣ ወይ ሓደ ካብ ነቢያት ኢዩ፣ ዝብሉ ኣለዉ” በልዎ። ንሸኻትኩም'ከ መን'ዩ ትብሉኒ? ቢሉ ሓተቶም። ጴጥሮስ ከኣ “ንሸኻ ክርስቶስ ወዲ'ቲ ሕያው ኣምላኽ ኢኻ” ኢሉ መለሰሉ።

ኦ ኢየሱስ ጐይታና ኣብ ኩሉ ጉዕዞና ነናድየካ ኣሎና። ቃልካ ንምስማዕ መጺእና ኣሎና። ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎኻ። ንሸኻ ሕይወት ትህበናን ትምሕረናን።

## ዘክሩ

ብኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ሓደ ወዱ እኣምን።

## ዘምሩ

ኢየሱስ ይጽወዓካ'ሎ!
ተደጋጋሚ፥ ልብኻ ክፈት ኢየሱስ ይጽወዓካ'ሎ!
ተንስእ ተዳሎ ኢየሱስ ይጽወዓካ'ሎ!

ኢየሱስ ይጽወዓካ'ሎ (2)
ኃጢኣተይና ተቐበሎ
ኢየሱስ ይጽወዓካ'ሎ።

## ጸልዩ

ንእግዚኣብሔር ሓድሽ መዝሙር ዘምሩሉ፥ ኣብ ዓለም ዘለኹም ኣሕዛብ ንጐይታ ዘምሩሉ፥ ወድስዎ። መዓልቲ መዓልቲ ንሱ ኢዩ መድሓኒና እናበልኩም ኣበስሩ።

## መልሱ

- ኢየሱስ ንዓናኸ መን እዩ?
- ኢየሱስ ዘምጽኣልና ሰናይ ብስራት እንታይ ኢዩ?
- ኢየሱስ ንእግዚኣብሔር ኣቦ ከመይ ገቢሩ ኣፍሊጡና?
- ኢየሱስ መን ትብሉኒ ኢሉ ምስ ሓተቶ ጴጥሮስ እንታይ ኢሉ መሊሱሉ?


## ግበሩ

"ኢየሱስ የፍቅረኒ ኢዩ" ኢልካ ኣብ ጥቓ መደቀሲኻ ጽሓፍ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፡- ማቴ. 16,13-16።

[redacted]




## ናይ ጐይታና [illegible] ስቅያትን

# 23. ኢየሱስ ናብ ኢየሩሳሌም ብዓጀብ ኣተወ

## ተመሃሩ





ሓደ ፋሲካ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ንበዓል እናተኀዓዙ እንከለው "እኒሆ ንሕና ናብ ኢየሩሳሌም ንኀዓዝ ኣሎና ኣነ ብኢድ ጸላእቲ ክተሓዝ ኢየ። ንሞት ክፈርዱኒ ኢዮም። ክገርፉንን ክቐትሉንን ኢዮም። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ግን ክትንስእ ኢየ" በሎም። ሓዋርያቱ ከኣ በዚ ቃላቱ ሓዘኑ ገረሞም። ብዙሕ ከኣ ፈርሑ።

ናብ ኢየሩሳሌም ቀሪቦም ኣብ ቢታንያ ምስ በጽሑ። ናብታ ቅድሜኹም ዘላ ዓዲ ኪድኩም ገልገል ኣድጊ ተኣሲሩ ክትረኽቡ ኢኹም። ፈቲሕኩም ኣምጽኡዎ፡ ገለ ሰብ እንታይ ኢልኩምዎ እንተበለኩም ኢየሱስ ደልዩዎ በልዎም በሎም። ከምኡ ከኣ ገበሩ።

ኢየሱስ ኣብቲ ኣድጊ ተወጢሑ ናብ ኢየሩሳሌም ኣተወ። ብዙሓት ምስ ረኣይዎ ኣብ መንገዲ ክዳውንቶም ኣንጸፉሉ፡ ገሊኦም ኸኣ ካብቲ ኣእዋም ጨናፍር ሰሊዖም ነስነሱሉ። ሆሳዕና! ሆሳዕና! እቲ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ብሩኽ ኢዩ። እታ ትመጽእ ዘላ መንግስቲ ዳዊት ብርኽቲ ኢያ፡ ሆሳዕና ኣብ ኣርያም! እናበሉ ይጭርሑ ነበሩ። እቶም ሕዝቢ ከኣ ስቕ ኣብሎም እናበሉ ገሰጽዎ። ኢየሱስ ግና "እዞም ሕዝቢ እኳ ስቕ እንተበሉ እዚ ኣእማን ክጭርሕ ኢዩ" በሎም።

ኢየሱስ ከኣ ምስ ሓዋርያቱ ፋሲካ ከብዕል ንኢየሩሳሌም ከደ። ከምቲ ቀደም እግዚኣብሔር ንዕብራውያን ካብ ባርነት ግብጺ ሓራ ኣውጺኡ፡ ብምድረበዳ ኣቢሉ ናብ ምድሪ ተስፋ ዘሕለፎም፡ ሕጂ ከኣ እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ንኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ፡ ንኹልና ካብ ባርነት ሓጢኣትን ካብ ፍርሓት ሞትን፡ ነጻ ከውጽኣና፡ ሓድሽ ሕይወት ክህበና ልኣኸልና።

## ዘክሩ

ፋሲካ፡ ክርስትያን ኢየሱስ ዝሞተላን ዝተንሰኣላን መዓልቲ ዘብዕሉላ ኢያ። ፋሲካ ዓባይ በዓል ኢያ።

## ዘምሩ

ንዘምር ሆሳእና

ተደጋጋሚ፡ ዝዘምር ሆሳእና፣
ዕልል'ውን ንበለሉ ንጐይታና።

ቅድስቲ ሃገርና ኦ ኢየሩሳሌም፣
ምስጋናኺ ብዙሕ'ዩ ኣብ መላእ ዓለም (2)።

## ጸልዩ


ኦ ኣምላኽ ከምቶም ክዳኖም እናኣንጸፉ፣ ስየ እናነስኑ ዝተቀበሉኻ ከምእኖኽብረካ ግበረና።

## መልሱ

- ሰንበት ሆሳዕና ኢየሱስ እንታይ ዝገበረላ በዓል ተዘኻኽረና?
- ሆሳዕና ናይ እንታይ ምልክት ኢዩ?

## ግበሩ

ኣብ በዓል
ሆሳዕና ምስ
ቶም ን



ኢየሱስ ዝተቐበሉ ቆልዑ ከምዝነበርካ ሓሲብካ ናብ ኢየሱስ መልእኽቲ ጽሓፍ።


## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማር.11,1-11፤፤ "እግዚኣብሔር ንነኣሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 75-76።

# 24. ናይ ኢየሱስ መወዳእታ ድራርን ለበዋን

## ተመሃሩ

ቅድሚ በዓል ፋሲካ፡ ኢየሱስ ምስቶም ዘፍቅሮም ክድረሩ ኸለዉ ካብ ድራር



ተንሲኡ ክዳውንቱ ኣንበረ፥ ዓለባ ኣልዒሉ እውን ተዓጥቀ። ሽዑ ማይ ኣብ ሸሓኒ ኣፍሲሱ ኣእጋር ሓዋርያቱ ሓጺቡ፡ በቲ ዝተዓጥቆ ዓለባ ገይሩ ደረዞም። “እዚ ዝገበርኩልኩም ኣስተውዒልኩምዶ ኣለኹም? ንሸኻትኩም መምህር! ጐይታ! ኢልኩም ትጽውዑኒ ከምኡ ስለዝኾንኩ ከኣ ጽቡቕ በልኩም። ኣነ ጐይታን መምህርን እንከለኹ ኣእጋርኩም ካብ ሓጸብኩ ንሸኻትኩም እውን ከማኡ ክትገብሩ ኣርኣያ ሂበኩም ኣሎኹ” በሎም። ብትሕትና ክፋቀሩ ከኣ ተላበዎም። (ዮሓ. 13,1-14)

ምስ ኣዕሩኽቱ ድራር ፋሲካ ክገብሩ ተኣኪቦም ነበሩ። በጊዕ፡ ወይኒ፡ ቅጫ፡ ኣ ዳልዮም ነበሩ። ኣብ መኣዲ እንከለዉ፡ ኢየሱስ “ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ ሓደ

ካብኻትኩም ክኽሕደኒ ኢዩ” በሎም። ሓዋርያት ከኣ ብዙሕ ሓዘኑ።

ኢየሱስ ሽዑ ነቲ ቅጫ ኣልዒሉ፣ ቈሪሱ “እንኩ ብልዑ እዚ ስጋይ ኢዩ” በሎም ድሕሪኡ ካብቲ ኣብ ጽዋዕ ዝነበረ ወይኒ ወሲዱ ከኣ “እዚ እቲ ምእንታኹም ዝፈስስ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ ኢዩ፣ እንኩ ስተዩዎ” በሎም።
ብኸምዚ ገይሩ ከኣ ቅዱስ ቁርባን ሰርዔ። ንኢየሱስ ከኣ ናይ መወዳእታ ድራሩ ቅድሚ ሞቱ ዘላ መዓልቲ ማለት ድሮ ሞቱ ነበረት።

## ዘክሩ

“እንኩ ብልዑ እዚ ስጋይ ኢዩ። እንኩ ስተዩ እዚ ደመይ ኢዩ”


## ዘምሩ

እንኩም ብልዕዎ
ተደጋጋሚ፣ እንኩም ብልዕዎ እዚ ስጋይ'ዩ፣
እንኩም ስተዩ እዚ ደመይ'ዩ፣
ጐይታ ሂቡና ስለዘፍቀረና፣
ሕይ[illegible]ብር። (2)

ንስጋይ ዝበልዔ ንደመይ ዝስተየ፣
ብሕይወት ይነብር ዋላ እንተ ሞተ፣
ነቲ ኣነ ዝህቦ መኣዲ ዘለዓለም፣
ሓይሊ ሕይወት ኢዩ መታን ከይንሕለል።

## ጸልዩ

ኦ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ንመጀመርያ ጊዜ ስጋኻን ደምካን ክንሳተፍ ንዳሎ ኣሎና። ንልብና ኣንጽሖዮ። ብኹሉ ልብና ንጻኻ ከምንፈቱ ግበረና። ኣብ ልብና ክትኣቱ እኳ ዝግበኣና ኣይኮነን። ኣባና ክትነብር ስለ ዝደለኻ ነመስግነካ ኣሎና። ንልብና ቤተ መቕደስካ ክኸውን ኣዳልዎ።



## መልሱ

- ኣብ መወዳእታ ድራሩ (ብጸሎተ ሓሙስ) ኢየሱስ ክልተ ለበዋታት ገዲፉ። ኣየኖት ኢየን?
- ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ስለምንታይ እግሮም ሓጺቡዎም?
- ኢየሱስ ኣብነት ሂበኩም ኣሎኹ ከምኡ ግበሩ ኢሉ። እንታይ ማለቱ ኢዩ?

- ኢየሱስ እዚ ስጋይ ኢዩ ብልዕዎ፡ እዚ ደመይ ኢዩ ስተይዎ፡ ዝበለ እንታይ ማለቱ ኢዩ? ብዛዕባ መን ይዛረብ ነይሩ?

### ግበሩ

- ንሸኻውን ከም ኢየሱስ  ዘሎካ ህያባትካ ኣብ ኣገልግሎት ኣሕዋት ኣወፊ። ንኣብነት ጊዜ፡ ክእለት፡ ሕውነት፡ . . . .
- ምምስጋን ተመሃር። ምቕባል ጥራሕ ዘኮነስ ምሃብ ከኣ ፍቶ።



### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

**ወለዲ ንደቆም ክንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፡- ዮሓ. 13,1-7፤ ማር. 14,22-25፤ "እግዚኣብሔር ንነኣሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 77-78።**

# 25. ኢየሱስ ናብ እግዚኣብሔር ኣቦ ከምዝጸለየ

### ተመሃሩ

**ኢየሱስ ከምቲ ልማዱ፡ ናብ ደብረ ዘይቲ ኸደ። ኣርድእቱ'ውን ሰዓብዎ። ኣብታ ቦታ ምስ በጽሐ ኸኣ፡ ናብ ፈተና ኸይትኣትው'ስ ጸልዩ ደኣ! በሎም እሞ፡ ካብኣቶም ርሒቑ ተምበርከኸ። ኦ ኣቦይ ፍቓድኻ እንተደኣ ኮይኑስ ነዛ ጽዋዕ እዚኣ ካባይ ኣሕልፋ። ግን ፍቓድካ ደኣ እምበር ፍቓደይስ ኣይኹን! እናበለ ይጽሊ ነበረ። ዘጸናንዖ መልኣኽ ድማ ካብ ሰማይ ተራእዮ። ጻዕረ ሞት ተታሕዘ እሞ ኣበርቲዑ**

ጸለየ። ረሃጹ ኸኣ ከም ነጥብታት ደም ናብ ምድሪ ይፈስስ ነበረ። ካብ ጸሎት ናብ ኣርድእቱ ምስ መጽአ ከኣ፡ ብሓዘን ተዋሒጦም ደቂሶም ረኸቦም። ንሱ ከኣ ስለምንታይ ትድቅሱ? ናብ ፈተና ኸይትኣትውስ ተንሲእኩም ጸልዩ! በሎም።

ገና ኺዛረብ ከሎ ከኣ ወተሃደራት መጽኡ። ይሁዳ ዝተባህለ ሓደ ካብቶም ዓሰርተ ኽልተ ድማ ይመርሖም ነበረ። ንኢየሱስ ኪስዕሞ'ውን ቀረበ። ኢየሱስ ግን ኦ ይሁዳ! እሞ ንወዲ ሰብስ ብምስዓምዶ
ኣሕሊፍካ ትህቦ ኣሎኻ? በሎ። እቶም ኣብ ከባቢኡ ዝቖሙ ከኣ፡ ነቲ ኪኸውን ዝነበሮ ነገር ተረዲኦም፡ ጐይታይ ብሴፍዶ ክንወቅዕ? በልዎ። ሓደ ኻባታቶም ድማ ንጊላዋ ሊቃነ ካህናት ወቒዑ፡ የማነይቲ እዝኑ ጨረሞ። ኢየሱስ ግን ኣየድልን እዩ በሎም፡ ነታ እዝኑ ተንክዩ'ውን ኣሕወዮ። ነቶም ናብኡ ዝመጽኡ ሊቃነ ካህናትን ሓለፍቲ መቕደስን ሽማግለታትን ድማ ከም ከታሪ ኣስያፍን ኣብትርትን ሒዝኩምዶ መጺእኩም በብመዓልቱ ኣብ ቤት መቕደስ ነይረ፡ ኣእዳውኩም እኳ ወስ ኣየበልኩምለይን፡ ግን እዚኣስ ወሳኒኹምን ስልጣን ጸልማትን ዝሕይለላ ግዜ እያ! በሎም።
(ሉቃ. 22፥39-53)

## ዘክሩ

“ናብ ፈተና ኸይትኣትውስ ተንሲእኩም ጸልዩ!” (ሉቃ 22፥46)

## ዘምሩ

ኣብ ጌተሰማኒ

1. ኣብ ጌተሰማኒ ጻዕሪ ሞት ሓዚኒ
   ይሁዳ ይሸይጥ ጴጥሮስ ይኽሕደኒ
   ሓዋርያት ይሃድሙ በይነይ ይሓድጉኒ
   ጸላእተይ መጺኦም ዙርያይ ይኸቡኒ።(2)

2. መስቀል ተሸኪመ ኪመጽእ ጎልጎልታ
   ኪወድቕ ክትንስእ ብገመድ ክጉተት፡
   ስጋይ ንስምብራት ደመይ'ውን ንምፍሳስ
   ኣሕሊፈ ዝሃብኩ ንምድሓን ናይ ሰባት።(2)



## ጸልዩ


ኦ ኢየሱስ መድሓኒና፡ ኣብ ጊዜ ፍርሕናን ሽግርናን ንሸኻ ምሳና ኣሎኻ።

## መልሱ

● ኢየሱስ ናብ ጌተሰማኒ እንታይ ክገብር ከይዱ?
● ኢየሱስ ኣብ ጌተሰማኒ እንታይ ኢሉ ጸልዩ?
● ኢ፡የሰ፡ስ ክተሓዝ እንከሎ ሓዋርያት ኣበይ ነይሮም?

ግበሩ

ዕ ለ ታ ዋ ፡



ጸሎትኩም ኣይተቋርጹ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ክገልጹሎምን ከንብቡሎምን ዘለዎም፡- ማር. 14.32-42፤ “እግዚኣ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ” ገጽ 7።

# 26. ኢየሱስ ምእንታና ንሞት ከምዝተፈርደ

## ተመሃሩ

ኢየሱስ፡ ኦ ኣቦይ ፍቓድኻ እንተደኣ ኮይኑስ፡ ነዛ ጽዋዕ እዚኣ ካባይ ኣሕልፉ! ግን ፍቓድካ ደኣ እምበር ፍቓደይስ ኣይኹን! እናበለ ይጽሊ ነበረ።

ኢየሱስ ጸሎት እናገበረ እንከሎ፡ በትርን ጉራደን ዝሓዙ ሰባት ምስቲ ዝኸሓዶ ይሁዳ መጹ። ሒዞም ኣሰርዎ ናብ ሊቃነ ካህናት ከኣ ኣቕረብዎ።፡ ንክፈርድዎ

ቢሎም ገለ ምኽንያት ደለዩ። ግን ብቑዕ ምኽንያት ኣይረኸቡን። ሽዑ እቲ ሊቀ ካህናት ንሾኻ እቲ ኢየሱስ ወዲ እግዚኣብሔር ዲኻ? ኢሉ ሓተቶ። ኢየሱስ ከኣ እወ ኣነ ኢየ በሎም። ሽዑ እቲ ሊቀ ካህን እዚ ንኣምላኽ ጸርፊ ኢዩ፣ ሓሳዊ ኢዩ በለ። ሽዑ ገለ ካብቶም ኣብኡ ዝነበሩ ጡፍ በሉሉ፣ ጸፍዕዎ።

ንጽባሒቱ ንኢየሱስ ኣሲሮም ናብቲ ሽዑ ዝነበረ ሮማዊ መራሒ ናብ ጲላጦስ ወሰድዎ።
ሽዑ ጲላጦስ ከምዚ ዝስዕብ ሓተቶም፤ እንታይ ኢዩ ገይሩኩም? "ናብ ሞት ዘፍርድ ጌጋ ኣይገበረን" በሎም።

ንሳቶም ከኣ ሓሶት ተዛሪቡ፣ በዓልና ኣየኽበረን፣ ንኣምላኽ ጸሪፉ፣ ሞት ይግብኦ ኢዩ፣ ቅተሎ! ቅተሎ! በሉ።

ሽዑ ጲላጦስ ምስ ኣግረፎ ክሰቕልዎ ንወተሃደራት ሃቦም። ሓዋርያት ግን ፈሪሖም



ሃደሙ።

## ዘክሩ

"ፍቓድኻ ደኣ እምበር ፍቓደይ ኣይኹን።" (ሉቃ 22፥42)

## ዘምሩ

ኣብ ቀራንዮ ኮይነ መስቀሉ ክምልከት
ናይ ኢየሱሰይ ፍቕሪ ተረዳእኩ፥
ዝተወግአ ጐድኑ ኢዱ እግሩ ረኣኹ
ናይ ኢየሱሰይ መሰቀል ምስ ጠመትኩ፥

## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ ንሓውና ከይንብድልን ከይንፈርድን ሓግዘና።

## መልሱ

- ንኢየሱስ እንታይ ኢሎም ከሲሶምዎ?
- ኢየሱስ ንኽግረፍ ኣሕሊፉ ዝሃቦ መን ኢዩ?
- ኢየሱስ ክግረፍን ክስቀልን እንከሎ ሓዋርያት ኣበይ ነይሮም?



## ግበሩ

ንዝሓዘኑ ብጾትካ ኣጸናንዕ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፡- ማር. 14,53-65፤ ካብ እግዚአ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ ገጽ 85።

# 27. ኢየሱስ ኣብ መስቀል ሞተ

### ተመሃሩ

ወተሃደራት ንኢየሱስ ናብ ኣደባባይ ቤተ-መንግስቲ ኣእተውዎ። ቀይሕ ቀምሽ ከዲኖም ኣኽሊል እሾኽ ኣብ ርእሱ ኣቐመጡሉ። ሰላም ንጉስ ኣይሁድ ኢሎም እናኣ ላገጹ ጡፍ በሉሉ። ድሕሪ'ዚ ክሰቕልዎ ካብ ከተማ ኣውጽእዎ።
ሰዓት ትሽዓተ ናይ ንግሆ ኢየሱስ መስቀሉ ተሸኪሙ ካብቲ ከተማ ወጻኢ ናብ ጎልጎልታ ከደ።

ኣብኡ'ውን ሰቐሉዎ። ምስኡ ድማ ካልኦት ክልተ ገበነኛታት ሓደ ብየማኑ ሓደ ብጸጋሙ ተሰቒሎም ነበሩ። ጲላጦስ ድማ ጽሕፈት ጽሒፉ ኣብ ልዕሊ እቲ መስቀል ኣንበሮ። እቲ ጽሕፈቱ ከኣ "ኢየሱስ ናዝራዊ፡ ንጉሥ ኣይሁድ" ዚብል ነበረ። እቶም ሊቃነ ካህናት ኣይሁድ ንጲላጦስ "ንሱ ባዕሉ ኣነ ንጉሥ ኣይሁድ ኢየ" ከምዝበለ ደኣ ምበር "ንጉሥ ኣይሁድ ኢልካ ኣይትጽሓፍ" በሉዎ። ጲላጦስ ግን "እቲ ዝጸሓፍኩዎ ጽሒፈዮ ኢየ!" ኢሉ መለሰ።

ኣብ ጥቓ መስቀል ኢየሱስ ድማ እኖኡ፡ ሓትኖኡ ማርያም ሰይቲ ቀለዮጳን፡ ማርያም መግደላዊትን ቆይመን ነበራ። ኢየሱስ ንእኖኡን ንዮሓንስን ኣብ ጥቓኡ ቆይሞም ምስ ረኣዮም፡ ንእኖኡ "ኣቲ ሰበይቲ እንሆ ወድኺ" በላ። ንዮሓንስ ከኣ "እኒሃ ኣዴኻ" በሎ። ካብቲ ግዜ'ቲ ንደሓር ዮሓንስ ንማርያም ናብ ቤቱ ወሰዳን ተኸናኸናን።

ድሕሪ'ዚ ኢየሱስ ኩሉ ከምዝፈጸመ ፈለጠ። "ተፈጸመ" ምስ በለ ድማ ርእሱ ኣድኒኑ ሞተ።
"እዚ ሰብ'ዚ ብሓቂ ወዲ እግዚኣብሔር ኢዩ ነይሩ" ከኣ ተበሃሃሉ።

ዮሴፍ በዓል ኣርማትያስ፡ ፈታዊ ኢየሱስ፡ ከይፈርሀ ናብ ጲላጦስ ከይዱ፡ ንሬሳኡ ካብ መስቀል ኣውሪዱ ክቀብሮ ኣፍቀደ። ኣብ ከውሒ ዝተወቕረ መቃብር ከኣ ቀበሮ። ጲላጦስ ከኣ ንሬሳ ኢየሱስ ከይሰርቅዎ ነቲ መቃብር ወተሃደር ሓለውቲ ገበረሉ።

### ዘክሩ

ኣብ ክንዲ ኣዕሩኽትኻ ሕይወትካ ካብ ምሃብ ዝዓቢ ፍቕሪ የልቦን። (ዮሓ15፡13)

### ዘምሩ

ምእንታይ ከምዝሞትካ
1 ምእንታይ ከም ዝሞትካ ኣብ መስቀል ቀራንዮ፡
ተረዲአ ክስዕበካ ንልበይ ኣንቅሓዮ።

2. ጽሩይ ልቢ ሃበኒ
ከምቲ ዘማራይ ዝብሎ፣
ልበይ'ውን እንሀልካ
ብንጽሕና ምልኣዮ።

### ጸልዩ

“ኦ ኣቦይ ዝገብሩዎ ኣይፈልጡን ኢዮም እሞ መሓሮም።”

### መልሱ


- ኢየሱስ ምእንቲ መን ሞይቱ?
- መስቀል ኣብ ክሳድናን ኣብ ገዛናን እንገብሮ እንታይ'ዩ ትርጉሙ?
- ኢየሱስ ክመውት እንከሎ ምስኡ መን ነይሩ?
- ንሬሳ ኢየሱስ ስለምን ታይ ሓለውቲ ገይሮምሉ?

### ግበሩ

ከምቲ ኢየሱስ ዝምህረና ዝበደሉኹም ብልቢ መሓሩ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፦ ማር. 15,33-41፤ “እግዚኣብሔር ን ነኣሽቱ ይዛረብ'ዩ” ገጽ 82-83።




## 28. ኢየሱስ ተን ሲኡ ሃሌሉያ


### ተመሃሩ

ሰንበት ምስ ሓለፈ፣ ማርያም መግደላዊትን ካልኦት ብጾታን ኣንጊሀን ናብ መቓብር ኢየሱስ ከዳ። ነንሕድሕደን ከኣ

መን እዩኸ ነታ እምኒ ካብ መቓብር ዚግልብጠልና? ተበሃሃላ። ቀኒዐን እን ተ ጠመታ ድማ እታ እምኒ ተገልቢጣ ረአይኣ። እሞ ኸኣ ኣዝያ ገዛፍ ኢያ ዝነበረት። ናብ መቓ-በር ምስ ኣተዋ ድማ **ዘክሩ**



ብኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ወዲ ጐይታና ንኣምን። ንሱ ኣብ ትሕቲ ስልጣኑ ንጲላጦስ ጴንጤናዊ ተሰቕለ፡ ሞተ፡ ተቐብረ፡ ናብ ሲኦል ወረደ፡ ብሳልሳይ መዓልቲ ካብ ሞት ተንስኤ ናብ ሰማይ ዓረገ ኣብ የማን ኩሉ ዝኽእል እግዚኣ ብሔር ኣቦ ተቐመጠ።



ሓደ ጻዕዳ ኽዳን ዝለበሰ ጎበዝ ኣብ የማን ተቐሚጡ ረኣያ እሞ ሰንበዳ። እቲ መልኣኽ ከኣ ኣይትሰምብዳ ንስ ኻትክን ነቲ ዝተሰቕለ ኢየሱስ ኢኽን ተናድያ ዘሎኽን። ተንሲኡ ኢዩ ኣ ብዚ የሎን! ተገኒዙሉ ዝነበረ ነጸላ እነሀልክን። ኪዳ ንሓዋርያት ንገራኦም በለን።

ፋሲካ!
እዛ መዓልቲ'ዚኣ ኣምላኽ ዝገበራ መዓልቲ ኢያ።
ብሓባር ንተሓጐስ ሃሌ ሉያ!
ጐይታ ሕይወት ሞይቱ ነይሩ ተን ሲኡ ሕጂ ሕያው ኢዩ ንሞት ስዒሩ!
ሃሌ ሉያ!




ንጐይታ ርእያቶ ሃሌ ሉያ! ሓዋርያት ከኣ
ኦ ማርያም ንሸኺ ንገርና እንታይ ኢኺ ርኢኺ?” እናበሉ ሓተትዋ ንሳ ከኣ፥ ኣ ብ መቓብሩ ጻዕዳ ክዳን ዝተኸድኑ ክልተ መላእኽቲ ግልጽ ኣንተበሉ ከኣ ኢየሱስ ርእየዮ። ንሱ ከኣ ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እዓርግ ኣ ሎኹ በልዮም ኢሉኒ በለቶም።

ኦ ካብ ሙታን ዝተንሳእካ ኢየሱስ ኣበይ ኣሎኻ?
ንሸኻ ንዓና “ኣነ ኩሉ መዓልቲ ክሳብ መወዳእታ ዓለም ምሳኹም ኣለኹ” ኢልካና ኢኻ። ንሸኻ ንሓዋርያትካ “ንዓኻትኩም ዝሰምዐ ንዓይ ሰምዐ።” “ንዓኻትኩም ዝተቐበለ ንዓይ ተቐበለ” ኢልካ። ንሸኻ ኩሉ ጊዜ ምሳና ኢኻ።

“ኣነ እንጌራ ሕይወት ኢየ፥ ስጋይ ዝበልዐ ደመይ’ውን ዝሰቲ ኣነ ምሳኡ፥ ንሱ’ውን ምሳይ ይነብር” ኢልካና ኢኻ። ንሸኻ ኩሉ ጊዜ
ምሳና ኢኻ። ከመይ መንፈስ ቅዱስ ሂብካና። “ክልተ ወይ ሰለስተ ብስመይ ኣብ ዝተኣከቡሉ ኣነ ኣብ ማእከሎም ኣለኹ” ኢልካና።

ዘምሩ

ኢየሱስና ተንሲኡ'ዩ፡ ብስራቱ ኪዱ ንገሩ፡
ኣምላኽና ተዓዊቱልና ኢዩ
ንሕና'ውን ክንዕወት ኢና!



## ጸልዩ

ክርስቶስ ካብ ሞት ተንሲኡ ንሰይጣን ስዒርዎ ንኣዳም ሓራ ኣውጽኦ
ካብ ሕጂስ ፍስሓን ሰላምን ኮይኑ ኢዩ!



## መልሱ

- በዓል ፋሲካ ስለምንታይ ነብዕል?
- ኢየሱስ ስለምንታይ ሕይወቱ ኣሕሊፉ?

## ግበሩ

ፋሲካ መዓልቲ ናጽነትና ኢዩ። ሰንበት ሰሙናዊት ፋሲካ ኢያ። ሰንበት ሰንበት ገለ ናይ ሓጐስን ምስጋናን መግለጺ ግበር።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፦ ማር. 16,1-11፤ "እግዚኣብ-



ሐር ንነኣሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 84።

# 29. ኢየሱስ ተንሲኡ ንሓዋርያት ተራእዩዎም ንሰማይ ከደ

## ተመሃሩ

በታ መጀመርያ መዓልቲ ናይ ሰሙን፡ ምድሪ ምስ መሰየ፡ ሓዋርያት ንኣይሁድ ፈሪሆም መዓጹ ተሸጒሩ ኸሎ፡ ኢየሱስ መጺኡ ኣብ ማእከሎም ቆመ። ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን! ከኣ በሎም። እዚ ምስ በሎም ኣእዳዉ'ን ጎድኑን ኣርኣዮም፡ ሓዋርያት ንጐይታ ብምርኣዮም ተሓጎሱ።

ኢየሱስ ድማ እንደገና፡ ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን! ከምቲ ኣቦይ ዝለኣኸኒ ኣነ እውን ከምኡ እልእኸኩም ኣሎኹ! በሎም። እዚ ኢሉ ኡፍ በለሎም እሞ መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ። ነቶም ሓጢኣቶም ዝሓደግኩምሎም ይሕደገሎም፡ ነቶም ዝሓዝኩምሎም ከኣ ይተሓዘሎም በሎም። (ዮሓ 20፡ 19-23)

እንደገና ሓዋርያት [redacted] ካለው ሃንደበት ሓደ ሰብ ተጸንበሮም። ንሱ ከኣ "ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን" በሎም። ሓዋርያት ገረሞም መን ፈስ መሲሉዎም ከኣ ሰንበዱ።

ኢየሱስ ግና፡ "ኣእዳወይን ኣእጋረይን ርኣዩ፡ ኣነ ኢየ!" ተንከፉኒ፡ ረኣዩኒ። "መንፈስ ዓጽምን ስጋን የብሉን ኣነ ግን ኣሎኒ" በሎም። ድሕሪ'ዚ ገለ ዝብላዕ ኣሎኩም በሎም። ጥቡስ ዓሳ ኣቕረቡሉ'ሞ ኣብ ቅድሜኦም በልዖ።

ቅ.መጽሓፍ እናገለጸሎም፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ክሳቐን ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ክትንስእ ምዃኑን ተጻሒፉ ከምዝነበረ፡ ነገሮም።

ኢየሱስ ካልእ ጊዜ'ውን ንሓዋርያቱ ተራእዮም። ብዙሕ ጊዜ'ውን ኣዛሪቡዎም፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ክቕበሉ ተጸበዩ፡ ኢልዎም ነበረ። ድሕሪኡ፡ ንሓዋርያቱ ን ቢታንያ መሪሕዎም እናኸደ ባሪኹዎም ካብኦም ተፈልዩ ንሰማይ ደየበ።

## ዘክሩ

"ኢየሱስ ብትንሳኤኡ ሓድሽ ሕይወት ኣልቢሱና። ብኣዳም ሓጢኣት ናብ ዓለም ኣተወ፡ ብኢየሱስ ክርስቶስ ከኣ ሕይወት ተረኽበ።"

## ዘምሩ

ክ ገ ** ዓ ዝ ' የ



ብሰማይ ብርሃን ባና
ናብ ኢየሱሰይ ናብ ናይ ሰላም ንጉሥና (2)።

### ጸልዩ

ክርስቶስ ካብ ሞት ተንሲኡ ንሰይጣን ኣሲሩዎ፣
ንኣዳም ናብ ሕይወት ኣግዒዝዎ፣
ሕጂ ፍስሃን ሰላምን ኮይኑ ኢዩ!

### መልሱ

- ኢየሱስ ካብ ሞት ምስ ተንስኤ ን መጀመርያ ጊዜ ንመን ተራእዩዎ?
- ኢየሱስ ካብ ሞት ምስ ተንስኤ ናብ ኣቦኡ ከይዓረገ እንታይ ኢሉ? እንታይከ ገይሩ?
- ሓዋርያት ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ ምስ ረኣይዎ እንታይ ኮይኖም ሰንቢዶም?



### ግበሩ

ብዛዕባ

ት ን ሳ ኤ ,

ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ

ን ሰለስተ መሓዙትካ ከይፈራህካን ከይሓፈርካን ንገሮም።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን
ዛለዎም፡- ሉቃ፣ 24,36-43፣ ማርቆስ ምዕራፋት 14.15.16፤
1ቆሮ. 15፤ "እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 86።

## 30. ኢየሱስ ክምለስ'ዩ

### ተመሃሩ

- ኣብ ዓለምና ብዙሕ ሕዝቢ ይነብር ኣሎ፣ ቀልዑ፣ መንእሰያት፣ ዓበይቲ፣ ዓሌት ናይ ኩለን ሃገራትን፣ ሃይማኖታትን ይነብሩ።
- ኣብ ዓለምና፣ ሓጢኣትን ሞትን ኣሎ፣ መስዋዕትን፣ ፍቕርን፣ ሕይወትን፣ ኣሎ።

ኢየሱስ ኣብ ሕይወትን ሞትን ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ።

- ኢየሱስ ቦታ ክዳልወልኩም እኸይድ ኣለኹ። ኣብቲ ኣነ ዘለኹዎ ንሸኻትኩም ክትኮኑ፣ ሓጎስኩም ምሉእ ክኸውን ክወሰደኩም ክመጽእ'የ ኢሉና።
- ኩልና ብዛዕባ ፍቕሪ ክንፍረድ ኢና። ኣፍቂርና እንተደኣ ኮይንና ሓጢኣ

ትና ክነጽሓልና ኢዩ [redacted]

ገሊኦም ኢየሱስ ዝኣዘዞም ኣይተቐበልዎን። ኣየፍቀርዎን፣ ጽጉማት ኣየገልገሉን፣ ይሕስዉ፣ ይሰርቁ፣ ይበኣሱ፣ ሰብ የጸልሙ ክፉእ ይገብሩ። ኣባይ እንተዘይቀሪቦም፣ ካብ ቤት እግዚኣብሔር ኻኹሉ ጊዜ ክስጎጉ ኢዮም። ናብ ገሃነም ማለት ናብ ዘለዓ ለማዊ ስቓይ ክኸዱ ኢዮም።

እግዝእትነ ማርያም፣ ቅ.ፍራንቸስኮስ፣ ቅዱስ ያዕቆብ፣ ቅድስቲ ማርያ ጎረቲ፣ ማድረ ተረዛ፣ ብጹዕ ገብረሚካኤል፣ ብዙሓት ቅዱሳን ንኢየሱስ ስለ ዝተኣዘዝዎን ንኣ ሕዋቶም ስለ ዘኽበሩን ዝሐገዙን ሕጂ ምስ ኢየሱስ ኣብ መንግስተሰማይ፣ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ኣቦና ይነብሩ ኣለው፣ ኣብኡ መወዳእታ ዘይብሉ ታሕጓስ ኣሎ።




ገሊኦም ገና ክነጽሑ ስለ ዘለዎም ኣብ ንስሓ ቦታ ኣለው፣ ጸሎትና ብዙሕ ይሕግዞም

ኢዩ። እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ቅድሚ ምውላድና በብስምና ይፈልጠና ኢዩ። ሕጂ ከኣ ምስኡ ክንሕጎስ ይጽበየና ኣሎ።

“ኣንቱም ብኣቦይ ዝተባረኽኩም ካብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ዝተዳለወልኩም ክትቅበሉ ንዑ እናበለ ክቕበለና ኢዩ።”

ኣብ መንግስተሰማይ ጻዕሪ፡ ስቓይ፡ ምፍልላይ፡ ሞት ዝበሃል የለን። መንፈስ ቅዱስ ብፍቕሪ ንኹሉ ጊዜ ከሕብረና ኢዩ።

መንግስተሰማይ ማለት መወዳእታ ዘይብሉ ሓጎስን ምስ እግዚኣብሔር ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓቢርካ ምንባር ኢዩ።



## ዘክሩ

ኢየሱስ ንዘለዉን ንዝሞቱን ክፈርድ ክመጽእ ኢዩ።

## ዘምሩ

ጐይታ ይመጽእ
ተደጋጋሚ፡ ጐይታ ይመጽእ ብኽብሪ ብግርማ ደሚቑ
ንደቁ ኩላቶም ኣኪቡ መናግስቱ ይገብሮም።

ብት-

ሕትናን ፍቕርን ቅረቡ
ሓጐስን ደስታን ንኽትረኽቡ
ሰማያዊ መና ክትጸግቡ።

## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ ዘለዓለማዊ ዕረፍቲ ሃቦም፡ ዘለዓለማዊ ብርሃን’ውን ኣብርሃሎም፡ ብሰላም የዕርፉ። ኣሜን።

## መልሱ

- ዘይመውት ሰብ ኣሎዶ?
- ምስ ሞትና ኣኺሉና ድዩ ወይስ ካልእ ሕይወት ኣሎ?

- ቅዱሳን መን ኢዮም?
- መንግስተሰማይ ብኸመይ ይርከብ?

**ግበሩ**

ምእንቲ ዝሞቱ ትፈልጦም፥ ቤተሰብካ ጸሎት ግበር።

**ካብ ወለድኹም ተመሃሩ**

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማቴ. 25,31-46።

## 31. ኢየሱስ መንፈስ ቅዱስ ሰዲዱልና

**ተመሃሩ**

ንበዓል ጰንጠቆስጠ ኢሉ ዝመጸ፥ ብዙሕ ሕዝቢ ኣብ ኢየሩሳሌም ተኣኪቡ ነበረ። ዕብራውያን እቲ ኣምላኽ ቀደም ዝኣተወሎም ኪዳንን፥ ካብ ባርነት ግብጺ ዘውጽኦምን እናዘከሩን፥ ዘራእቶም ስለ ዘፍረየሎምን ንኣምላኽ ዘመስግኑሉ በዓል ኢዩ።

ማርያምን ሓዋርያትን ኣብ'ታ ኢየሱስ ዝተራእዮም ገዛ እንከለዉ፥ ሃንደበት ካብ ሰማይ ድምጺ ህቦብላ ንፋስ ተሰምዐ፥ ሃልሃልታ ሓዊ ከኣ ኣብ ልዕሊ ነፍሲ ወከፎም ተራእየ። ኩሎም ከኣ ብመንፈስ ቅዱስ መልኡ።

ካብ ሽዑ ንደሓር ሓዋርያት ከይፈርሑ ናብ ቤተ-መቕደስ እናኣተዉ ኢየሱስ ከምዝተንስአ ኣበሰሩ። ጴጥሮስ ከኣ




ካብ ኩሎም፥ ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሲኡ ኢዩ፥ ንሕና ከኣ ርኢናዮ ቢሉ መስከረ። ብዙሓት ዝሰምዕዎም ሰባት እዚ መን ዝሃቦም ክእለት ኢዩ? እናበሉ ብዙሕ ተገረሙ። ካብኡ ቀጺሎም ሓዋርያት፥ ኣብ ቅርዓታትን ኣብ ጎደናታትን ኣብ ቤት ጸሎታትን እናኸዱ ኢየሱስ ከምዝተንስአ የበስሩ ነበሩ። ንሓዋርያት ክሰብኩ ትብዓት ዝህቦም ዝነበረ መንፈስ ቅዱስ ኢዩ።

ኢየሱስ ሕጂ'ውን መንፈስ ናይቲ ዝተንስአ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቤተ-ክርስ ቲያኑ ይሰድድ ኣሎ። ንሕና'ውን ክንጥመቕን ሜሮን ክንቅባእን እንከሎና መን ፈስ ቅዱስ ተቐቢልና ኢና። መንፈስ ቅዱስ ነቲ ኢየሱስ ዝመሃረና የብርሃልና፣ ክን ምስክረሉ ከኣ ሓይልን ትብዓትን ይህበና።

## ዘክሩ

"እቲ ኣቦይ ብስመይ ዝሰዶ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ፣ ንሱ ኹሉ ክምህረኩም ነቲ



ኣነ ዝነገርኩኹም ዘበለ እውን ኬዘክረኩም ኢዩ።" (ዮሓ 14፡26)

## ዘምሩ

ብመንፈስ ቅዱስካ ከምንሓብር ግበረና፣
ብኣኻ ሕይወት ምእንቲ ክንረክብ
ጸጋኻ ለቢስና ክትሕደስ ነፍስና
በዚ ቁርባን'ዚ ፈውሰና።

## ጸልዩ

ኦ መንፈስ ቅዱስ ንዓ ንልቢ ምእመናንካ ምላእ፣
ነቶም ኣባኻ ዝኣምኑ ከኣ ፍቕርኻ ምልኣዮም።

## መልሱ

- መንፈስ ቅዱስ ዝወረደሉ መዓልቲ ንዝክረሉ በዓል እንታይ ይበሃል?
- ሓዋርያት መንፈስ ቅዱሰ ቅድሚ ምቕባሎም ከመይ ነይሮም?
- ሓዋርያት ድሕሪ መንፈስ ምቕባሎም ከመይ ኮይኖም?
- መንፈስ ቅዱስ ተቐቢልካዶ?

### ግበሩ

ቅድሚ ስራሕ ምጅማርካ፣ ትምህርቲ ቅድሚ ምጅማርካ፣ መጽናዕቲ ቅድሚ ምጅማርካ "ኦ መንፈስ ቅዱስ ኣብርሃለይ" ቢልካ ጸሊ።


### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፡- ግሓ. 2,1-4፤ "እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 88-89።

## 32. መንፈስ ቅዱስ ከምንፋቐር ይገብረና

### ተመሃሩ

ብዙሓት ሰዐት [illegible] ንሓዋ[illegible] ነይሮም። ሓዋርያት ግን ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተለዊጦም ብተብዓት፣ እምነቶም ይምስክሩ፣ ነበሩ። "ኢየሱስ ተንሲኡ ኢዩ"። ኢየሱስ ጐይታ ኩሉ ኢዩ" እናበሉ የበስሩ ነበሩ። እቶም ቃላቶም ዝሰምዑን ዝኣመኑን ከኣ "እሞ እንታይ ንግበር?" እናበሉ ይሓትዎም ነበሩ። ጴጥሮስ ከኣ "ተነስሑ፣ ሕይወትኩምን ኣከያይዳኹምን ጠባይኩምን ቀይሩ" ነፍሲ ወከፍኩም ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ይጠመቕ፣ ድሕሪኡ ህያብ መንፈስ ቅዱስ ክትቅበሉ ኢኹም" በሎም።



ብዙሓት ተሓጒሶም ኣባላት ናይቶም ክርስትያን ይኾኑ ነይሮም። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ሕብረትን ፍቕርን ይህቦም ነበረ። ሓዋርያት ከም ሓንቲ ስድራን ሓንቲ ማኅበርን ኮይኖም ሓንቲ ቤተክርስትያን ኣቘሙ። ሰዓብቲ ክርስቶስ ክርስትያን ይበሃሉ። ክርስትያን፣ ሓዋርያት ዝመሃርዎም ብልቢ ይሰምዑ ነይሮም። ብኹሉ ልቦም ከኣ ናይ ኢየሱስ ኣዕሩኽ ኮይኖም ነበሩ።

ኣብ ገዛውቲ እናተኣከቡ፣ ብሓደ



ይድረሩ፡ ኢየሱስ ዝበሎን ዝገበሮን እናተዘኻኸሩ፡ ይጽልዩን ይዝምሩን ነበሩ። ከምቲ ኢየሱስ "እዚ ስጋይ ኢዩ። እዚ ደመይ ኢዩ፡ ንዝኽረይ ግበርዎ" ዝበሎም፡ ቅ.ቁርባን ይሳተፉ ነበሩ። ብቅዱስ ቁርባን ከኣ ብዙሕ ሓይልን ፍቕርን ይውሰኹ ነበሩ። ከምቲ ኢየሱስ ዝመሃሮም ይፋቐሩ ስለዝነበሩ፡ ዘለዎም ገንዘብ ንብረት ኩሉ፡ ብሓደ ሓዊሶም ንጽጉማት ይሕግዙ ነይሮም። ሓደ ልብን ሓደ ነፍስን ከኣ ኮይኖም ነበሩ። ዝረኣዩዎም ዘበሉ ከኣ "ክንደይ ይፋተዉ ኢዮም" ኢሎም ይግረሙን ነበሩ። ሰባት ከኣ "ክርስትያን" ኢሎም ስም ሂቦምዎም። ትርጉሙ ከኣ ነቲ ዝተንስአ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝስዕቡ ማለት ኢዩ።



ብበዓል ጰራቅሊጦስ ክርስትያን ዓቢይ በዓል ይገብሩ። እዚ ከኣ ኢየሱስ ተንሲኡ መንፈስ ቅዱስ ናብ ቤተክርስትያን ዝሰደደሉ መዓልቲ ንምዝካር ኢዩ።



## ዘክሩ

መለለዪ ቀዳሞት ክርስትያን ጽንዓት ሃይማኖት፡ ጸሎት፡ ተሳትፎ ቅዱስ ቁርባንን፡ ፍቕሪ ሕድሕድን ነበረ።



## ዘምሩ

ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ

1. ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ይገለጽ ኣባና
   ሕጂ'ውን ይገለጽ፡ ይገለጽ ኣባና
   ሕጂ'ውን ይገለጽ ከም እንደገና /2/
2. ከምቲ ናይ ሓዋርያት ኣብቲ ጸርሓ ጽዮን
   ከምኡ ድማ ኣብዚ፡ ኣብዚ ጉባኤና
   ንዓ ውረድ ሕጂ ጐይታ ኣምላኽና

/2/

## ጸልዩ

ክብሪ ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን። ጥንቲ ከምዝነበረ ሕጂ ከኣ ንወትሩ ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።

## መልሱ

- ሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ምስተቐበሉ እንታይ ይገብሩ ነይሮም?
- ኢየሱስ ዝሃበና ዝዓበየ ህያብ ኣየናይ ኢዩ?
- ቀዳሞት ክርስትያን ብምንታይ ይልለዩ ነይሮም?
- መንፈስ ቅዱስ ኣምላኽ ድዩ?


## ግበሩ

ብጊዜ ሓዋርያት ኣብታ ማሕበሮም ሕይወት ከመይ ከምዝነበረ ንመሓዛኻ ንገሮ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ግሓ፡2,5-47፤ “እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብዎ” ገጽ 99።

# 33. ብርሃን ዓለም [illegible]




## ተመሃሩ

ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ተጠሚቕና። ሓድሽ ሕይወት ረኺብና ኢና። ሰባት ሰናይ ተግባራትና ርእዮም ንእግዚኣብሔር ክብሪ ምእንቲ ክህቡ ኢየሱስ ብርሃንና ኣብ ቅድሚ ሰብ ክበርህ፡ ይደልየና።

ብርሃን ዓለም ምዃን ማለት፡ ከይፈራሕካ ወንጌል ምብሳር፡ ንእግዚኣብሔር ልዕ ሊ ኹሉ ምፍቃር፡ ኩሉ ምእን ቲ ፍቕሪ እግዚኣብሔር ቢልካ ምግባር ኢዩ። ንዝጠመዩ ምዕንጋል፡ ንሕሙማትን ንዝጸመዎምን ምጽንናዕ፡ ገዛ ዘይብሉ [illegible] ገዛኻ ምቕባል፡ ንዝበደለካ ይቕረ ምባል፡ ምእንቲ ሕያዋንን ምውታንን ምጽላይን ኢዩ።



ከምዚ እንተደኣ ገቢርና፡ ነቲ ኣብ ማእከልና ዘሎ ኢየሱስ ንስዕብ ኣሎና ማለት ኢዩ።




ክርስትያን ኮይንካ ምንባር ቀሊል ኣይኮነ። ንኢየሱስ ንምስዓብ ምጥማዀ፡ ጸሎት ምፍላጥ፡ ንጽጉማት ምሕጋዝ ኢዩ። እቲ ኢየሱስ ዘምሃረና ንሕና'ውን ብወገንና ን

ኻልኦት ክነምህርን ብስራት ወንጌል ኣብ ኩሉ ክምዝባጻሕ ክንገብርን ይግበኣና።

ንሰኻን ብጾትካን ከባቢኹም ኣጸቢቕኩም ተዓዘቡ። ኣብ ቤት ትምህርቲ፣ ኣብ ገዛውትኹም፣ ኣብ ዓድኹም፣ ኣብ ቁምስናኹም ብዙሓት ክርስትያን ኣለው። ምስኣቶም ክትፋለጥን ሓቢርካ ኢየሱስ ዝበሎን ዝገበሮን እናፈለጥካን ኣናተግበርካን ትዓቢ ኣሎኻ።

**ዘክሩ**

ክርስትያን ንኩሉ ሰብ ጽቡቕ ምግባርን ክምህርዎን ክርእይዎን ኣለዎም።



**ዘምሩ**

ሕዝብኻ በዝሐ
ዕላማ ሒዙ ዝተሰለፈ
ብዙሕ ዘፍርሕ ሰራዊት ኣምላኽ
ንተጻረርቱ ወትሩ ዝስዕር
ለይትን መዓልትን ብናቱ ሓይሊ
ባሕሪ ተሳጊሩ ኣብ
ምድረበዳ ኩሉ ረጋጊጹ
ዝውሕዝ ሕዝቢ ምሳኻ ኮይኑ
ርስቱ ረኺበ ኩሉ ስዒሩ።

ተደጋጋሚ፣ ሕዝብኻ በዝሐ

(2)
ወሰናቲ’ውን ኣዚዩ ሰፍሐ
ናይ ምድሓን ወንጌል ኣባና በጽሐ።

**ጸልዩ**

ኦ ኣምላኽ ንሸኻ ዝመሃርካና ክንፍጽም ሓግዘና።

**መልሱ**

- ክርስትያን እንታይ ይገብሩ?
- ንሸኻ ክርስትያን ምኳንካ ብምንታይ ትፍለጥ?

- ንፋዕ ክርስትያን ክት[redacted]

## ግበሩ

ኣብ ገዛኻ ሽምዓ ወሊዕካ ብጠባይካ ከም ኢየሱስ ክትከውን ጸሎት ግበር።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ዝገብሩሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፦ ማቴ. 5,14-16፤ "እግዚኣብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 91።

# 34. ቤተክርስትያን ስ ምርቲ ስድራ ናይ ክርስቶስ ኢያ



## ተመሃሩ

ኢየሱስ በቶም ኣሚኖም ዝተቀበልዎ ዝቆመት ማሕበር ተኺሉ። ኢየሱስ ክርስቶስ ናይዛ ማሕበር'ዚኣ ቀዳማይ ሐለቓን መራሕን መምህርን ኢዩ። ሕያዋይ ጓሳኣ ከኣ ኢየሱስ ክርስቶስ ብርእሱ ኢዩ።



መጀመርያ ንኢየሱስ ዝሰዓብዎ ማርያምን ሓዋርያትን ኢዮም። ኣስማት ናይ ሓዋርያት ከአ ስምኦን ጴጥሮስ፡ ያዕቆብ፡ እንድርያስ፡ ዮሓንስ፡ ፊሊጶስ፡ በርተለሜዎስ፡ ማቴዎስ፡ ቶማስ፡ ያዕቆብ ወዲ እልፍዮስ፡ ታዴዎስ፡ ስምዖን፡ ይሁዳ ኢዮም። ይሁዳ እቲ ንኢየሱስ ኣሕሊፉ ዝሃቦ ኢዩ። ጴጥሮስ ሐለቓ ናይ ሓዋርያት ኢዩ።

ሕጂ ኣብዚ ጊዜና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ምስ ኣቡናትን፡ ካህናትን፡ መምህራንን ጓሶትን፡ ናይ ኩላ ቤተክርስትያን ኢዮም። ካህናት ኣበሰርቲ ወንጌል ኸኾኑ፡ ከጠምቑ፡ ሓጢኣት ክምሕሩን፡ ቅ.ቁርባን ክሰርዑን፡ ክቕድሱን፡ ንሕዝቢ ከጸናንዑን፡ መንፈስ ቅዱስ ተቐቢኦም ዝተላእኩ ኢዮም።

ጳጳሳት፡ ኣቡናት፡ ካህናት፡ መነኮሳት፡ ደናግል፡ ኣቦታት፡ ኣዴታት፡ መምህራን ትም-ህርቲ ክርስቶስን ዝተጠመቕና ኩልና ሓንቲ ስድራ ቤተክርስትያን ኢና።



ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ወራሲ ቅዱስ ጴጥሮስ ናይ ቤተክርስትያን ሓለቓን ናይ ክርስ ቶስ ወካልን ኢዩም።



## ዘክሩ

እኣምን ብመንፈስ ቅዱስ ቅድስቲ ቤተክርስትያን ካቶሊካዊት።

## ዘምሩ

ሓደ ኢና ብመንፈሱ

1. ሓደ ኢና ብመንፈሱ ሓደ ኢና ብጐይታ (2)
   ብስሙ ዝኣመንና ክንነብር ኢና ምስ ጐይታ
   ሓደ ኢና . . . ሓደ ኢና ብመንፈሱ ሓደ ኢና ብጐይታ።

2. ብፍቕርና ይፍለጡ ኣሕዋት ከምዝኾንና
   ኣሕዛብ ነዚ ይፍለጡ ናይ ክርስቶስ ምዃና

ይፍለጡ . . . ኣሕዛብ ነዚ ይፍለጡ ናይ ክርስቶስ ምዃንና።

### ጸልዩ

ኦ እግዚኣብሔር ኣቦ ምሳና ክነብርን፣ ከም ኣሕዋት ክንፋቐርን፣ ሓይሊ ክህበናን መን ፈስ ቅዱስካ ዝሰደድካልና ነመስግነካ ኣሎና።

### መልሱ

- መጀመርያ ንኢየሱስ ዝሰዓብዎ መነ መን ኢዮም? ሓበራዊ ስሞም እንታይ ኢዩ?
- ንኢየሱስ ኣሚኖም ዝተቀበሉዎ ማሕበር እንታይ ይበሃሉ?
- ናይ ቤተክርስትያን ሓለቓ መን ኢዩ?

### ግበሩ

ኣስማት ሓዋርያት፣ ናይ ኣቡንካን ናይ ቆሞስካን ኣብ ጥራዝካ ጸሓፍ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቀም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘሎዎም፡- ማቴ. 3,13-17፤ "እግዚኣ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 95።



## 35. ብጥምቀት ደቂ እግዚኣብሔር ኮይንና

### ተመሃሩ

ኢየሱስ ንሓዋርያት "ናብ ኩሉ ዓለም ኬድኩም ንኹሎም ሰባት ኣጠምቑ፣ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድሕን ኢዩ" ኢሉዎም። ክንጥመቕ ኢየሱስ ኣዚዙና ኢዩ። ሓዋርያት ከኣ ናብ



**ኩሉ ዓለም ከይዶም ንብዙሓት ሰባት ወንጌል ሰቢኾም፣ ኣጠሚቖም፣ ክርስትያን ገቢሮምዎም።**

**እግዚኣብሔር ኣቦ ዓለም ቅድሚ ምፍጣሩ ኣፍቂሩና፣ ብጥምቀት ከኣ ኩልና ደቂ እግዚኣብሔር ኮይንና ኢና። ምስ ተጠመቕና ኣባላት ቤተክርስትያን ኮይንና ኢና።**

**ቆልዓ ክውለድ እንከሎ ብዙሕ ዝፈትዉዎ ወለዲ፣ ኣሕዋት፣ ገዛ፣ የድልዮ። ወለድና ስለ ዝፈትዉና ናይ ኢየሱስ ክንከውን ኣጠሚቖምና። እግዚኣብሔር ካብ ቀደም ኣ ትሒዙ ይፈትወናን ይሓስበናን ነይሩ።**

## ዘክሩ

**ንሕና ብጥምቀት ውሉድ ኣምላኽ ኮይንና ኢና።**

## ዘምሩ

**ሓድሽ ሰብ ኮይነ**
**ተደጋጋሚ፣- ሓድሽ ሰብ ኮይነ ሓድሽ ፍጥረት**
**ከቶ ነይግዛእ ብሓጢኣት ወይ ሞት።**

**ካብ ዘይጠፍእ ቃል ኢየ መጺአ፣**
**ብመንፈስ ጐይታ እውን ጸኒዐ።**

[redacted]ድ እዓቢ ኣለኹ
[illegible] ንጺሐ ኣሎኹ።

**ጸልዩ**

- ኦ እግዚኣብሔር ኣምላኽ ስለ ትፈትወናን ደቅኻ ስለ ዝገበርካናን ነመስግነካ ኣሎና።
  - ኦ ጐይታና ስምዓና
- ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ኣብ ገዛኡ ዝተፈተወን ዝኸበረን ክኸውን ንልምነካ ኣሎና።
  - ኦ ጐይ
- ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ተፍቅሮን ትከናኸኖን ስድራ ክትህልዎ ንልምነካ ኣሎና።
  - ኦ ጐይታና ስምዓና
- ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ንጡፍ ኣባል ቤተክርስትያን ኮይኑ ክዓቢ ንልምነካ ኣሎና።
  - ኦ ጐይታና ስምዓና

**መልሱ**

- ቆልዓ ክጥመቕ እንከሎ ንጥቀመለን ምልክታት ኣየኖት ኢየን?
- ጥምቀት እንታይ ይገብረልና?
- ብጥምቀት ውሉድ ኣምላኽ ምዃንካ ንኣምላኽ ተመስግንዶ?
- ቆልዓ ምስተወልደ እንታይ እንታይ የድልዮ?

**ግበሩ**

ብዛዕባ ዕለተ ጥምቀትኩም ንወለድኹም ሓቲትኩም ጸሓፉ። /መኣስ ተወሊድኩም? ስም ክርስትናኹም እንታይ ኢዩ? ኣበይ ተጠሚቕኩም? መን ኣጠሚቑኩም? ኣቦ ጥምቀትኩም ወይ ኣደ ጥምቀትኩም መን'ዩ? ኣበይ ኣሎ? . . . /

**ካብ ወለድኹም ተመሃሩ**

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማር. 16,15-16፤ ካብ መዝገብ ሃይማኖት ቁ.1210-1273 ኣንቢብኩም ዓቕሞም ዝበልክምዎ መግለጺ ሃብዎም።

## 36. ብጥምቀት ከምብሓድሽ ተወሊድና ኢና።



**ተመሃሩ**

ኢየሱስ ወንጌል ክምህር እንከሎ ጥምቀት ናይ እግዚኣብሔር ሕይወት ከምዝህበና ገሊጹልና። ሓደ ኒቆዲሞስ ዝበሃል ካብ መራሕቲ ኣይሁድ ነበረ። ብለይቲ ከኣ ንኢየሱስ ክረኽቦ መጸ። ንኢየሱስ ከኣ ከምዚ በሎ፣

“መምህር ንሸኻ ካብ እግዚኣብሔር ከምዝመጻእካ ንፈልጥ ኢና፡ እዚ ንሸኻ ትገብሮ ዘሎኻ ተኣምራት ካልእ ሰብ ክገብሮ ኣይክእልን ኢዩ” በሎ።

ኢየሱስ ከኣ “ከምብሓድሽ ከይተወልደ ህያብ እግዚኣብሔር ክቕበል ዝኽእል ሰብ የልቦን” በሎ። ኒቆዲሞስ ከኣ “ሰብዶ ምስ ዓበየ እንደገና ክውለድ ይኽእል ኢዩ?” ቢሉ ሓተቶ። ኢየሱስ ከኣ “ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ሰብ ካብ ማይን ካብ መንፈስ ቅዱስን እንተዘይተወልደ፡ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል ከቶ የልቦን” በሎ።


## ዘክሩ

ብጥምቀት ዳግማይ ተወሊድና።

## ዘምሩ

ሓዲሽ ሰብ ኮይነ
ተደጋጋሚ፡ ሓዲሽ ሰብ ኮይነ ሓዲሽ ፍጥረት፡
ከቶ ነይግዛእ ብሓጢኣት ወይ ሞት።

ከም ሓደ ሕጻን ክትሕት ኢየ
ናብ ቃል ኣምላኸይ ከድህብ'የ
ድምጹ ንምስማዕ ክመሃር'የ
ፍቓዱ ኲሉ ክቕበል'የ



## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽና ክንጥመቕ እንክሎና መንፈስ ቅዱስ ስለዝሃብካና ነመስግነካ ኣሎና።

## መልሱ

- ብጥምቀት ከምብሕድሽ ምውላድ እንታይ ማለት ኢዩ?
- ኒቆዲሞስ መን ኢዩ?
- ኒቆዲሞስን ኢየሱስን እን ታይ እንታይ ተበሃሂሎም?
- ኢየሱስከ እንታይ ኢሉ መሊሱሉ?

## ግበሩ

ኢየሱስ ንኒቆዲሞስ ዝበሎ ኣብ ጥራዝካ ጸሓፍ።


## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዮሓ. 3, 1-21።

# 37. ብጥምቀት ኣባላት ቤተክርስትያን ኮይንና

## ተመሃሩ

ኣቦናን ኣዴናን ንዓና ንደቆም ንቤተክርስትያን ወሲዶም ጥምቀት ሓቲቶምልና። ካህንን ወለድናን ኩሎም ክርስትያንን ብስም ኣምላኽ ተኣኪቦም ሓንቲ ስድራ እግዚኣ ብሔር የመልክቱ። ንቆልዓ ምልክት እምነትን ፍቕርን ዝኾነ ምልክት መስቀል እናዓ ተቡ ይቕበልዎ፡ ምስ ኩሎም ቤተሰቡ ከኣ ናብ ቤተክርስ ትያን የእትዉዎ። ብስም ኣ ብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ከኣ ይባርኽዎ።



ወለዲ ንቆልዓኦም ስም ሓርዮምሉ ይመጹ፡ ካህን ከኣ ብስሙ ይጽውዖ። እቶም ኣ ብኡ ዘለው ክርስትያን ከኣ ሓድሽ ሕይወት ደቂ እግዚኣ ብሔር ክለብስ ጸሎት ይገብ-ሩሉ።

ኩላ ቁምስና ትሕጉስ። ኣ ብ መዝገብ ቁምስና ከኣ ይምዝገብ። ኩላቶም ከኣ እዚ ውሉድ'ዚ ብምርካቦም ይሕጉሱ፡ ናይቲ ካብ ሞት ዝተንስኤ ኢየሱስ ሓድሽ ሕይወት ክነብር ይምርቕዎ።

## ዘክሩ

ሓንቲ ቁምስና ብዙሓት ስድራቤታት ትሓቁፍ። ስድራቤት ንእሽቶይ ቤተክርስትያን ኢያ።

## ዘምሩ

ኣፍቂሩና'ዩ፡ ፈቲዩና'ዩ ካባና ኣይኮነን ካብኡ'ዩ
ይኽበር ይመስገን ስሙ፡ ኣሜን /2/

## ጸልዩ

ኦ ከኣሊ እግዚኣብሔር ኣቦና ካብ ቀደም ኣትሒዝካ ብስምና ትፈልጠና ኢኻ። ስለ ዝፈቶኻናን ደቕኻ ስለ ዝገበርካናን ኣብ ስድራኻ ዝተቐበልካናን ተመስገን።

### መልሱ

- ኣባል ቤተክርስትያን ምዃንካ ብኸመይ ይፍለጥ?



- ስም ጥምቀትካ
መን ኢዩ?
- ትርጉም ናይ ስምካ ትፈልጦዶ?
- ኣብ ቁምስናኻ መሓዙትካ መነ መን ይበሃሉ? ትርጉም ናይ ኣስማቶም ሕተቶም።
- ኣብ ቁምስናኹም ክንደይ ስድራቤታት ትፈልጥ?
- ኩስሚ ቁምስናኹም እንታይ ይበሃል?

### ግበሩ

ንመዓልቲ ጥምቀትካ ብፍሉይ ምስጋና ዘክራ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ንደቕኹም ንመዓልቲ ጥምቀቶም ብፍሉይ መንፈስ ምስጋና ክዝክርዋ ኣተባብዕዎም። ናይ ሓጐስኩም መግለጺ ከኣ ገለ ምልክት ኣርእይዎም።

## 38. ኣምላኽ ከም ፍቓዱ ክንነብር ይደሊ


### ተመሃሩ

ንእግዚኣብሔር ኣቦና ብኹሉ ልብና ኩሉ ጊዜ ምፍቃር፣ ንኣሕዋትና'ውን ኩሉ

ጊዜ ከምቲ ኢየሱስ ዝገበሮ ገቢርና ምፍቃር ቀሊል ኣይኮነን። ብዙሕ ጻዕሪ ይሓትት ኢዩ። እንተኾነ ንበይንና ንፍጽሞ ተግባር ኣይኮነን። ኣምላኽ ምሳና ኣሎ። ንሕና ኩሉጊዜ ብኹሉ ልብና ንኣምላኽ ኣይነፍቅርን ኢና። ንብጾትና ኩሉ ጊዜ ከም ገዛእ ርእስና ኣይነፍቅርን ኢና። ኢየሱስ ምሳና ስለዘሎ ይቕሬታ ሓቲትና ባዕሉ ከሰንየና፡ ክመርሓናን ክንልምኖ ኣሎና።

ንሱ ንዝተጋገናዮ ጌጋታት ይምሕረና። ክንልወጥን ጥዑማት ክንከውንን ይሕግዘና። ጸጋኡ ይህበና። ከምቲ ንሱ ዘምሃረና ክንከይድ ከኣ ሓይሊ ይህበና። እቲ ኣብ ውሽጥና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ከም ውሉድ እግዚኣብሔር ኮይንና ክን ነብር ይሕግዘና።

ንእግዚኣብሔርን ንብጾትናን እንተዘየፍቀርና ነቲ ኢየሱስ ዝመሃረና ምፍጻም ንኣቢ። ንቃሉ ከኣ ኣይንሰምዕን።



እግዚኣብሔር ኣቦና ግና ኩሉ ጊዜ የፍቅረና። ወላ'ውን ንሕና ምስማዕ እንተኣበና ካብ ጌጋና ክንምለሰ ይጽበየና።

ምስማዕ እናኣበናዮ ከሎና፡ በታ ንሱ ዘምሃረና ጸሎት "ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ዝበደልናካ መሓረና ንሕና'ውን ንዝበደሉና ከም እንምሕሮም።" እናበልና ክንጽሊ ኣይኻኣልን ኢና። ንእግዚኣብሔር ብኹሉ ልብና እንተዘየፍቂርና፡ ንኣ ሕዋትና ከም ገዛእ ርእስና እን ተዘየፍቂርና፡ ሓጢኣት ንገብር። ሓጢኣት ማለት ኣናፈለጥካ ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዝ ምጥሓስ ኢዩ። ሓጢኣት እንተገበርና ነቲ ብጥምቀት ዝተቀበልናዮ ክብሪን ግርማን ንጽሕናን ነራኽሶ። ሓጢኣት ምግባር ክብረትካ ምጥፋእን ናይ ሰይጣን ተገዛእትን ይገብረና።

## ዘክሩ

"ንኽፉኣት ፈንፍንዎ። ንሰናይ ከኣ ሓዝዎ። ኣብ ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ ይሃልኹም። ንእግዚኣብሔር ኣገልግሉ። ብተስፋ ተሓጎሱ። ብጸበባ ተዓገሱ። ከይቋረጽኩም ጸሎት ግበሩ። መርቑ እምበር ኣይትርገሙ። ክፉእ ኣብ ክንዲ ክፉእ ኣይትፍደዩ።" (ሮማ 12፡ 9-12)



## ዘምሩ

“ፍቕሪ ኣብ ዝነገሰሉ ቦታ ርግጽ ኣብኡ እግዚኣብሔር ኣሎ”

## ጸልዩ

“ዝበደልናካ ይቕረ በለልና።”

## መልሱ

- ሓጢኣት እንታይ ማለት ኢዩ?
- ሓጢኣት ምስ እንገብር እንታይ ንኸውን?
- ሓጢኣት ገይርካ ትፈልጥዶ?

## ግበሩ

“ዝበደልናካ መሓረና ንሕና’ውን ንዝበደሉና ከም እን ሓድገሎም።” እዛ ጸሎት’ዚኣ ትርጉማ ተረዲእካ ኣብ ጥቓ መዳቁሸኻ ብፍሩይ ጽሒፍካ ለጥፋ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን

ዘለዎም፡- ሉቃ 7,41-43።



# 39. ሓጢኣት ከምዝገበርና ንፈልጥ

## ተመሃሩ

ሓደ መዓልቲ ኢየሱስ ኣብ ገዛ እንዳ ስምዖን ምሳሕ ተዓዲሙ፤ ኣብ መኣዲ ኮፍ ኢሉ ነበረ። ስምዖን ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ሸው ኣብቲ ዓዲ ብዙሕ ሓጢኣት ትገብር ዝነበረት ሰበይቲ፤ ኢየሱሰ ኣብ እንዳ ስምዖን ከምዝመጸ ሰሚዓ፤ ጨና ሒዛ መጺኣ ኣብ እግሪ ኢየሱስ ወዲቓ ጨና እናለኸየት፤ እናበኸየት ሰዓመቶ። ኢየሱስ ከኣ ልባ ርእዩ “ሓጢኣትኪ ተሓዲጉልኪ ኢዩ። ሳላ እምነትኪ ድሒንኪ ኢኺ ብሰላም ኪዲ” በላ።

ኢየሱስ "ሓደ ዝተጋገየ እንተ ተመሊሱ ኣብ መንግስተ ሰማይ ሓደ ዓቢይ በዓል ይግበር ኢዩ" ኢሉና።

ኢየሱስ ከምዝመሓረናን ምስ ኣሕዋትና ከምዝተዓረቕናን ዝገልጽ እቲ ዝዓበየ ምልክት ምስጢረ ንስሓ ኢዩ። ምስጢረ ኑዛዜ ኢየሱስ ባዕሉ ዝደልዮን ዝሰርዖን ኢዩ። ንሱ ካብ ሞት ምስ ተንስኤ ንሓዋርያቱ ከምዚ ኢልዎም። "ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን። መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ ሓጢኣቶም ንዝሓደግኩምሎም ክሕደገሎም ኢዩ" ኢልዎም። ሎሚ ካህናት ኣብ ክንዲ ሓዋርያት ኮይኖም የናዝዙና። ኢየሱስ ከኣ ሓጢኣትና ይምሕረና።

እናፈለጥካ ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዝ ምጥሓስ ሓጢኣት ኢዩ። ሓጢኣት ዓቢይን ንእሽቶ ተባሂሉ [illegible] ናብ ዘለዓለማዊ ኩነኔ ይወስደና። ዓቢይ ሓጢኣት ብምስጢረ ንስሓ ይጠፍእ።



ብጽቡቕ ክንናዘዝ ዘድልዩ ነገራት፡-

- ብሓጢኣትካ ምሕሳብን (ናይ ሕልና መርመራ ምግባር)
- ብሓጢኣትካ ምሕዛን (ምጠዓስ)።
- ናብ ካልእ ሓጢኣት ከይትወድቕ ቁርጺ ፍቃድ ምግባር።
- ናብ ካህን ምንዛዝ
- ምእንቲ ሓጢኣትካ ምኽሓስን ኢዮም።

ኢየሱስ ክምሕረና ኩሉ ጊዜ ቅሩብ ኢዩ። ንሕድሕድና ከኣ ክን መሓሓር የድሊ። ከምዝተመሓሓርና ዘርኢ ምልክት ብምዝርራብ፡ ሰላም ብምብህሃል ይፍለጥ። ኣብ ቤተክርስትያን ከኣ ከም ንፋቐርን ከምዝተመሓሓርናን ዘርኢ ምልከታት ኣሎ። ኣብ ቅዳሴ ምስተኣከብና ኣ ምላኽ ክምሕረና ብሓባር ኮይንና "እግዚኦ መሓረና ክርስቶስ" ኢልና ንጽሊ ነንሕድሕድና ከኣ ሰላም ንበሃሃል።

## ዘክሩ

ጽቡቕ ኑዛዜ ክትገብር ዘድሊ ነገራት

- ሓጢኣትካ ዘክር (ናይ ሕልና መርመራ ግበር)።
- ብሓጢኣትካ ተጠዓስ።
- ከይትደግም ወስን (ቁርጺ ፍቓድ ግበር)።
- ተናዘዝ።
- ክሓስ (ኣብ ክንዲ'ቲ ዝገበርካዮ ክፉእ ሰናይ ግበር)።



ዘምሩ

ኅይታይ ኢየሱስ መርምረኒ፣
ካብ ኣበሳይ ሕጸበኒ፣
ብመንፈስካ ተመሊኣ፣
ክነብር ቀንዴለይ ሒዘ።/2/

ጸልዩ

"እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ"

መልሱ

- ጽቡቕ ኑዛዜ ክትገብር ዘድልዩ ነገራት ኣየኖት ኢዮም?
- ምስጢረ ንስሓ እንታይ ማለት ኢዩ?
- ንምስጢረ ንስሓ መን ሰሪዕዎ?
- ትኩሪ፣ ትጸረፍ ወይ ንሰብ ዘሕርቕዶ ትገብር?
- ሰሪቕካዶ ትፈልጥ?
- ኩልሳዕዶ ሓቂ ትዛረብ?
- ንካልኦት ትሓሊ ዲኻ ወይስ ንርእሰይ ይጥዓ መኒ ኢኻ ትብል?



ግበሩ

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕቶታት ምስ መለስካ ንዓሰርተ ደቂቕ ብዝገበርካዮ ተጠዓስ።

ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዮሓ. 20፡19-23፤ ሉቃ. 7፡36-50፤ ክምኡ'ውን ትርጉም ሰላም ምብህሃል ኣብ ቤተክርስትያን ይንገርዎም።

## 40. እግዚኣብሔር ኣቦ መሓሪ

ተመሃሩ

ሓደ ሰብኣይ ክልተ ደቂ ነበሩዎ። እቲ ንእሽቶ ነቦኡ "ኣቦ ካብዚ ጥሪት እቲ ዚብጽሓኒ ሃበኒ" በሎ። ንሱ ከኣ ነቲ ገንዘቡ መቐሎም'ሞ፣ ድሕሪ ሒደት መዓልቲ እቲ ወዱ ዘለዎ ኹሉ ኣኪቡ ናብ ርሑቕ ሃገር ከደ።

ኣብኡ ድማ ነቲ ጥሪቱ ብዝርገት እናነበረ በተኖ። ዘለዎ ምስ ወድአ፣ ደኸየ። ኩሎም መሓዙቱ ከኣ ገደፉዎ። ድሕሪ'ዚ ተጣዒሱ፣ ተንሲኣ ድኣ ናብ ኣቦይ ክኸይድ እሞ "ኣብ ቅድሜኻ ሓጢኣት ገቢረ ኢየ፣ ወድኻ ክበሃል ኣይበቅዕን ኢየ" ክብሎ በለ። ተንሲኡ ከኣ ናብ ኣቦኡ ተመልሰ። ኣቦኡ ከኣ ገና ርሑቕ እንከሎ ረኣዮ'ሞ ደንገጸሉን ምሓረን። ክሳዱ ሓኒቑ ከኣ ሰዓሞ።"

[redacted]

ንሕና እውን እናሓንሳ[redacted] ኢና። ሓጢኣት ብምግባር ካብ ፍቅሪ ኣምላኽ ንርሕቕ። ድሌት ኣምላኽ ምፍጻም ንኣቢ። ንሕና እውን ከምቲ ጥፉእ ወዲ ክንጠዓስ፡ ምሕረት ኣምላኽ ክንልምን የድልየና ኢዩ።

ኢየሱስ ክምሕረና ድልው ኢዩ። ብልብና ግን ክንጠዓስ ይደልየና። ምስ ወለድና፡ ምስ መሓዙትና፡ ኣዕሩኽና፡ መምህራንና [illegible] መሕረትን ሰላምን ክህልወና ንኢየሱስ ክርስቶስ ንለምኖ።

## ዘክሩ

እግዚኣብሔር መሓርን ይቕረ በሃልን ኢዩ።

## ዘምሩ

ኮብሊለ ነበርኩ

1. ኮብሊለ ነበርኩ ብጽሒተይ ሒዘ
ናብራይ ከመሓይሽ ኣብ ዘይዓደይ ከይደ



ኣዝማደይ ገዲፈ ካብ ዘፍቅሮ ኣቦይ ዘለኒ ኣጥፊአ



ንኽምለስ ቤተይ

ተደጋጋሚ፡ መጺአ ኣቦይ ተቐበለኒ (2)
ኣነ ጥፉእ ወድኻ።

## ጸልዩ

**መራሒ፡**
ኦ ጐይታይ ብሓንሳብ ምጽላይን ዝገበርካልና ጽቡቕ ምምስጋንን ረሲዕናዮ።
**ብሓባር፡**
ስለ ተፍቅረና መሓረና።
**መራሒ፡**
ምስ ወለድናን ምስ መሓዙትናን ኩሉ ጊዜ ሕያዎት ኣይኮናን።

**ብሓባር፡**
ስለ ተፍቅረና መሓረና።
**መራሒ፡**
ንዓና ዝጥዕመና ጥራሕ ንሓስብ፡ ብዛዕባ ካልኦት ኣይንግደስን።
**ብሓባር፡**
ስለ ተፍቅረና መሓረና።
**መራሒ፡**
ከምቲ ኢየሱስ ዝመሃረና ንእግዚኣብሔር ኣቦና ይቕረታ ንሕተት።
**መራሒ፡**

ኦ ጎይታና መሓረና!

### መልሱ

- ኣብ ገዛ ምስ ስድራኻ፡ ኣብ ትምህርቲ ምስ መሓዙትካ፡ ምስ ካልኦት'ውን ከምቲ ኢየሱስ ዝመሃረካዶ ትነብር ኣሎኻ?
- ንዝበደሉኻ ትምሕርዶ?
- ንዝበደልካዮ ይቕሬታዶ ትሓቶ?

### ግበሩ

- ቅድሚ ምድቃስካ ሕልናኻ መርምር። ዘጕሃኻዮም ወይ ዘጕሃዩኻ እንተለዉ መሓር፡ ኣብ ኲራኻ ጸሓይ ኣይተዕርብ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ


ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ሉቃ. 15,11-32፤ "እግዚኣ ብሔር ንናእሽቱ ይዛረብ'ዩ" ገጽ 70።

## 41. ሓጢኣት ምንዛዝ

### ተመሃሩ

ኢየሱስ ካብ ሞት ምስ ተንስኤ ንሓዋርያቱ፡ "መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ። ነቶም ሓጢኣቶም ዝሓደግኩምሎም ይሕደገሎም ነቶም ዘይሓደግኩምሎም ከኣ ይተሓዘሎም" በሎም።





ከምቲ ኢየሱስ ንሓዋርያት ሓጢኣት ናይ ምፍታሕ ሓላፍነት ዝሃቦም ቤተክርስትያን ሕጂ እውን ብካህናት ካብ ሓጢኣት ናይ ምፍታሕ ስልጣን ኣለዋ። ሓጢኣት ዝገበረ ሰብ ኩሉ ብልቡ ተጣዒሱ ናብ ካህን ምስ ዝናዘዝ፡ ካህን ከኣ በቲ ብቤተክርስትያን ዝተዋህቦ ስልጣን ብስም ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ "ኣነ ካብ ሓጢኣትካ እፈትሓካ ኣለኹ። ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን" እናበለ ፍትሓት ይህበና።

ኩልና ሓጢኣተይናታት ኢና። ኩልና ገለ ዝመሓር ሓጢኣት ኣሎና። ንካህን ሓጢኣትካ ክትነግሮ እንከሎኻ፡ ጽን ኢሉ ይሰምዓካ። ብሓቂ ከኣ፡ ሓጢኣትካ ንገሮ።

ካህን ዝሀበካ ምኽሪ ኣስተውዒልካ ስማዕ። ኢየሱስ ብካህን ገይሩ ናይ ምሕረት ቃሉ ከስምዓካ እንከሎ ተቐበሎ።

ድሕሪ ኑዛዜ ሃዲእካ ኑቲ ዝመሓረካ ኣምላኽ ንቑሩብ ደቓይቕ ስቕ ብምባል ኣመስግኖ። ኣምላኽ ምሕረቱ ዝሃበካ ኣመስግኖ። ቁርጺ ፍቓድ ግበር። ንዝገበርካዮ ቁርጺ ፍቓድ ክትፍጽም ክሕግዘካ ከኣ ለምኖ።

ብንስሓ፣ ኢየሱስ ምስ ኣምላኽን ምስ ኣሕዋትናን ምሕረትን ሰላምን ይህበና። ምሕረት ምስ ረኸብካ ንኣምላኽ
ኣመስግኖ።

ካብዚ ንደሓር ከም ብሓድሽ ጉዕዞ ሕይወትካ ብሓጐስ ቀጽል።

## ዘክሩ

ትእዛዝ እግዚኣብሔር ምፍጻም ክንኣቢ እንከሎናን፣ ንኻልኦት ምፍቃር ክንኣ ቢ እንከሎናን፣ ሓጢኣት ንገብር።

## ዘምሩ

እግዚኦ መሓረነ ክርስቶስ

## ጸልዩ

እግዚኣብሔር ሕያዋይ ሰለዝኾነ ምሕረቱ ንዘለዓለም ይነብር ኢዩ'ሞ ወድስዎ።



## መልሱ

- ምሕረት ኣምላኽ ዝህበና ምስጢር እንታይ ይበሃል?
- ከመይ ገይርካ ከምትናዘዝ ኣጽኒዕካዮ?
- ሓጢኣት ገቢርና ዝበሃል መኣስ ኢዩ?
- ዓቢይ ሓጢኣት እንታይ ማለት ኢዩ?

### ግበሩ


ብመምህርካ ተሓጊዝካ ኣገባብ ኑዛዜ ተመሃር።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ብዝርድኦም ኣገባብ ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዮሓ፡ 20,19-23፤ ካብ መዝገበ ሃይማኖት ቁጽሪ 1485-1498።

## 42. መዓልቲ ጎይታና

### ተመሃሩ



ሰንበት ዓቢይ በዓል ኢዩ። ንትም-ህርቲ ወይ ንስራሕ ኣይንኸይድን ኢና። ብመዓልቲ ሰንበት፡ ኩሎም ክርስትያን፡ ዓበይቲ፡ ናእሽቱ፡ ኣቦታት፡ ኣዴታት ቅዳሴ ክሳተፉ ኣብ ቤተክርስትያን ይእከቡ።

ብሰንበት ስለምንታይ በዓል ንገብር? እንታይ የዘኽኽረና?

- ሰንበት ልክዕ ከም በዓል ፋሲካ ዓቢይ በዓል ኢዩ።
- ሰንበት እግዚኣብሔር ኣቦና ንኹሉ ፍጡር ዝፈጠረሉ ንዝክረሉ መዓልቲ ኢዩ።
- ሰንበት እግዚኣብሔር ኣቦና ን ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ናባና ዝሰደደሉ መዓልቲ ተዘክረና።
- ሰንበት ኢየሱስ ካብ ሞት ዝተንስኣላ መዓልቲ ንዝክረላ።
- ሰንበት መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሊ

ሓዋርያት ዝወረደላ መዓልቲ ኢያ።

● ሰንበት ኩሎም ክርስትያን ብስም ኣብን ወልድ መንፈስ ቅዱስን ቅዳሴ ክቕድሱ ይእከቡ።

ሰንበት ኣሕዋት ኩልና ኣብ መኣዲ ጐይታ ኣብ መንበረ-ታቦት ንእከብ። ቃል ኣምላኽ ንሰምዕ። ንእግዚኣብሔር ኣምላኽናን ንኣሕዋትናን ዝበደልናዮ ይቕረታ ንተሓታተት።

## ዘክሩ

ሰንበት ኢየሱስ ካብ ሞት ዝተንስኣላ መዓልቲ ተዘክር ዓባይ በዓል ኢያ።

## ዘምሩ

ጓሳ ኰንካኒ

1. ካብቲ መንገዲ ምስ ኣልገስኩ
   ካብቲ ደንበኻ ምስ ረሓቕኩ
   ብምሕረትካ ስሒብካኒ
   ናብ ምዉቕ ቤትካ መሊስካኒ።

      ተደጋጋሚ፥ምስ ቆረርኩ ጸጋ ተልብሰኒ
      ምስ ጸማእኩ ማይ ሕይወት ተስትየኒ
      ምስ ደኸምኩ ሓይሊ ትህበኒ ሕያዋይ ጓሳ ኣሎኻኒ።

## ጸልዩ

ኦ ስጋን ደምን ኢየሱስ ክርስቶስ መድሓንየይ፥ ንሕይወተይ ቀዳሲ፥ ንመንፈሰይ መሓደሲ፥ ንልበይ መሓጎሲ፥ ንሕማመይ ፈውሲ፥ ንሓጢኣተይ ደምሳሲ፥ ጸጋኻ መልበሲ፥ ምሳኻ ንዘለዓለም መንገሲ ግበረለይ። ኣሜን።

## መልሱ

ሰንበት እንታይ ትገብር?

ኣብዚ ታሕቲ ዘሎ፥ ብሰንበት ትገብሮ √ ዘይትገብሮ ከኣ X ኣመልክት።

- □ ምስ ወለደይ እዘናጋዕ።
- □ ቅዳሴ እሳተፍ።
- □ ምስ መሓዙተይ እራኸብ።
- □ መንፈሳዊ ንባብ የንብብ።
- □ ስራሕ ገዛ እሕግዝ።
- □ ይናዘዝ፥ እቕርብ።
- □ እጻወት።
- □ ትምህርቲ እኸይድ።
- □ ንጽጉማት እሕግዝ።

## ግበሩ

ሰንበት ኣብ ቤተክርስትያን ምስ ከድካ፥ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ከምዘሎኻ ዘክር። ናብ መንበረ ታቦት ጠምት። ኣብኡ ቅዱስ ቁርባን ከምዘሎ ዘኪርካ ስገደሉ። ክሳብ ሎሚ ዘይገበርካዮ ሰናይ ነገራት ንምግባር ቁርጺ ፍቓድ ግበር።



ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

**ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፦ ዮሓ 20,1-10።**

## 43. ኣብ ቅዳሴ ንእግዚኣብሔር ኣቦ ምስ ኢየሱስ ነመስግኖ

ተመሃሩ

**ኩሉ ናይ እግዚኣብሔር ህያብ ኢዩ፣ ነቲ ሕይወት ዝሃበና እግዚኣብሔር፣ ነቲ ፍረ መሬትን ፍረ ስራሕ ኣእዳውና ዝኾነ ህብስትን ወይንን ነቕርበሉ።**

**ኣብ መኣድና ሕምባሻ ወይ ቅጫ፣ ዝስተ ማይ ወይ ስዋ ኣሎ።**

**ኣብ መኣዲ ኢየሱስ ከኣ ሕብስትን ወይንን ነይሩ።**

**ኢየሱስ ቅድሚ ምማቱ ምስ ሓዋርያት ኮይኑ ፋሲካ ኣብዒሉ። ኣብ መኣ**





ዲ ኢየሱስን ሓዋርያትን ሕምባሻ በሊዖም ወይኒ ከኣ ሰትዮም።

ቅድሚ ስቕለቱ ኣብታ ናይ መወዳእታ ድራር ንሓዋርያቱ፣ እቲ ዝዓበየ ናይ ፍቕሩ ምልክት ክገድፈሎም ደለየ። ምስ ሓዋርያቱ ክድረሩ እንከለዉ ከኣ፣ እንጌራ ኣልዓለ ቆሪሱ ከኣ እንኩ ብልዕዎ እዚ ምእንታኻትኩም ንስርየት ሓጢኣት ዝወሃብ ስጋይ ኢዩ። ከማኡ ከኣ ነቲ ጽዋዕ ኣልዒሉ፣ ኣመስጊኑ እንኩ ስተዩ እዚ ምእንቲ ስሬት ሓጢኣትኩም ዝፈስስ ደመይ ኢዩ፣ ንተዝካረይ ግበርዎ፣ እናበለ ሃቦም።

ቅዳሴ እቲ ዝዓበየ ጸሎት ምስጋና ኢዩ። ኣብ ቅዳሴ ንእግዚኣብሔር ስለዝፈጠረና፣ መዓልቲ መዓልቲ ስ ለዝሕልወናን ዝናብየናን ነመስግኖ።

ኣብ ቅዳሴ እግዚኣብሔር ንኢየሱስ ክርስቶስ ወዱ ሰዲዱ፣ ከማና ሰብ ስለዝኾነ ኣብ መስቀል ሞይቱ ስለዘድሓነና፣ ንዘለዓ ለም ምስኡ ክንነብር ይጽበየና ስለዘሎ ምስጋና ነቕርበሉ።

ኣብ ቅዳሴ ንኣምላኽ ሰለ ኩሉ እቲ ዝገበረልና ዝበቅዕ ናይ ምስጋና ወፈያ ስለዘይብልና ንኢየሱስ ክርስቶስ ብገዛእ ርእሱ፣ ከም መስዋዕቲ ምስጋና ነቕርበሉ።

## ዘክሩ

ንእግዚኣብሔር ኩሉ ግዜ ነመስግኖ።

## ዘምሩ

ዝጸምኤ እንተሎ
ተደጋጋሚ፣ ዝጸምኤ እንተሎ ናብ ጐይታ ይምጻእ።
ንደሙ ይስተ ስጋኡ ይብላዕ።

ጸሚኤ ክመጽእ ናብኻ ኦጎይታይ፣
ማይ ሕይወት ዘለዓለም ክፍልፍል ካብ ከርሰይ፣
ምሕረትካ ሃበኒ፣ ጐይታይ ደንግጸለይ /2/


### ጸልዩ

ኦ ኣምላኽና ብሕይወት ይዓቘረና፡ ጥዕና ትህበና፡ ወለድና ትዓቁረልና ዘሎኻ ነመስግነካ ኣሎና። ንኢየሱስ ክርስቶስ ወድኻ ዝሃብካና፡ ብስጋኻን ደምካን ትምግበና ነመስግነካ ኣሎና።

### መልሱ

- እቲ ዝዓበየ ጸሎት እንታይ ይብሃል?

- ኣብ



ቅዳሴ እንታይ ንገብር?

- ኣብ ቅዳሴ ንኣምላኽ እንታይ እንዳበልካ ተመስግኖ?
- እዚ ስጋይ ኢዩ ብልዕዎ፡እዚ ምእንታኹም ዝፈስስ ደመይ ኢዩ ስተይዎ እንታይ ማለት ኢዩ?

### ግበሩ

- ዘሎካ ክእለት፡ ጥዕና፡ ሃብቲ፡ . . . ንኣገልግሎት ካልኦት ኣወፊ።
- እግዚኣብሔር ይሃበለይ፡ የቐንየለይ ምባል ተመሃር።
- ምቕባል ጥራሕ ዘይኮነ ምሃብ እውን ተመሃር።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ከም ኢየሱስ ናይ ኣሕዋቱ ኣገልጋሊ፡ ንኻልኦት ዘሐጉስ፡ ክትከውን እን ታይ ክትገብር ከምዘሎካ ምስ ስድራኻ ተማኸር። ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማቴ. 26,26-28፤ ማር. 14,22-25፤ ሉቃ. 22,19-20

## 44. ኣብ ቅዳሴ ቃል ኣምላኽ ንሰምዕ

## ተመሃሩ

እግዚኣብሔር ኣብ ቤቱ ዝጸውዓና ቃሉ ክሰምዓና ኢሉ ኢዩ። ቃል ኣምላኽ ከም ሓደ ዘርኢ ኢዩ። እቲ መሬት ከኣ ልብና ኢዩ። ኢየሱስ ብዛዕባ ቃሉ ከምዚ ኢሉ ብምስላ ተዛሪቡ።


"ሓደ ዘራኢ ክዝርእ ወፈረ። ገሊኡ ዘርኢ ኣብ መንገዲ ወደቐ፡ ኣዕዋፍ መጺኦን ከኣ በልዓኦ። ገሊኡ ኣብ ኣእማን ወደቐ፡ በቘለ፡ ጸሓይ ምስ ወጸት መሬት ውሒድዎ ነቐጸ። ገሊኡ ኣብ ማእከል ኣእሻኽ ወደቐ፡ ምስ ዓበየ ከኣ እቲ ኣእሻኽ ሓነቖ። ገሊኡ ከኣ ኣብ ጽቡቕ መሬ[redacted]ፍረ ፈረየ።"

"እቶም ቃል ኣምላኽ ሰሚዖም ኣብ ልቦም ዝዓቑርዎ ሕጉሳት ኢዮም።"

ኣብ ቅዳሴ፡ ብስቕታ ንጽሊ፡ ንዝምር፡ ኣምላኽ ዝገበረልና ኩሉ ከኣ ነመስግኖ።

## ዘክሩ

ኢየሱስ "እቲ ዘፍቅረኒ ቃላተይ ይሓሉ" ኢሉ።



## ዘምሩ

"ከም ቃልካ ኣእምሮ ሃበኒ። ኣነውን ብሕይወት ክነብር'የ።" /2 ጊዜ/

## ጸልዩ

ኦ ጐይታይ ንቃል ቅዱስ ወንጌልካ ኣብ ልብና ሕተመልና።

## መልሱ

- ኣብ ቅዳሴ ካህን ክንብብ እንከሎ፡ ቅድሚኡን ድሕሪኡን እንታይ እንታይ ይብል? እንታይከ ይገብር?
- ወንጌል ክንበብ እንከሎ ሕዝቢ ከመይ ይብል?
- ኣብ ቅዳሴ ዝተነበበ ቃል ቅዱስ ወንጌል ንብጾትካ ንገሮም።

## ግበሩ

ኣብ ቅዳሴ ምግልጋል ተለማመድ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ክንብቡሎምን ክገልጹሎን ዘለዎም፡- ማር. 4,1-9።

# 45. ኣብ ቅዳሴ ኣብ መኣ ዲ ጐይታ ንሳተፍ



### ተመሃሩ

ከም ኣሕዋት እታ ኢየሱስ ዘምሃረና ጸሎት ንጸሊ፡ “ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር ...”

- ከም ኣሕዋት ምልክት ፍቕርናን ሰላምናን ነንሕድሕድና ሰላም ንበሃሃል።
- እተን ኢየሱስ በቲ ሽዑ ዝበለን ቃላት ንዝክር ኣሎና።

“እቲ ስጋይ ዚበልዕ ደመይ’ውን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር፡ ኣነ’ውን ኣብኡ እነብር።” (ዮሓ. 6,56)

ቅድሚ ቅ.ቁርባን ምስታፍና ሓጢኣትና እናተኣመና ከምዚ እናበልና ንጸሊ፡ ኦ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታይ ነቲ ብኣርኣያኻን ብኣምሳልካን ዝፈጠርካዮ ነፍሰይን ስጋይን ትእዛዝካ ብምፍራስ ስለ ዘርከስኩ፡ ጽቡቕ ግብሪ እኳ ስለዘይብለይ፡ ናብ ዝረኸሰት ቤተይ ክትኣቱ ኣይግበኣንን ኢዩ።



ካብ ስጋን ደምን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብምስታፍና፡ ኣብ ሓዲሽ ሕይወት ንሳተፍ። ምስ እግዚኣብሔር ኣቦናን ምስ ኣሕዋትናን ንሓብር። መንፈስ ቅዱስ ከኣ ንቤተክርስትያን ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ከምንኸውን ይገብረና።

### ዘክሩ

እቲ ዝዓበየ ጸሎት ቅዳሴ ኢዩ።

### ዘምሩ

ምስጋና ምስጋና ንኢየሱስና፡<br>
ይግብኦ ምስጋና ሃሌ ሉያ፡

ሰላሙን መንፈሱን ብምፍሳሱ
ዝመልኦ ልበትና።

## ጸልዩ

ብቅዱስ መንፈስካ ከም እንሓብር ግብረና። ንዘለዓለም ብኣኻ ሕይወት ምእንቲ ክን ረክብ። በዚ ቁርባንኺ ፈውሰና።

## መልሱ


- ቀንዲ ክፍልታት ናይ ቅዳሴ ኣየኖት ኢዮም?
- ኣብ ቅዳሴ ምምላስ ትመሃርዶ ኣሎኻ?
- መኣስ መዓልቲ ኣብ ቅዳሴ ክንሳተፍ ይግበኣና?

## ግበሩ

ኣብ መኣዲ ኢየሱስ ክትሳተፍ ተዓዲምካ ስለዘሎኻ ብጸጥታ ቅዱስ ቁርባን ንምቕባል ብሃረርታ ተዳሎ።



ንኢየሱስ ኣመስግኖ፣ ብጽሞና ጸሊ፣ ብወንጌሉ ዝመሃረካ እናዘከርካ ዘምር።



ቅዳሴ ምስ ተወድአ፣ መዝሙር ምስጋና ኣዕሪግካ፣ ብሓጎስ ንገዛኻ ተመለስ። ኢየሱስ ምሳና ስለዘሎ፣ ናብ ዝኸድናዮ ኩሉ ሓጎስን ሰላምን ሒዝና ኘኸይድ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎን ዘለዎም፡- ዮሓ 6,48-58።

# 46. ኢየሱስ ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ

### ተመሃሩ

ኣብ ቤተክርስትያን ቅ.ቁርባን ዝቕመጠሉ ቦታ መንበረ-ታቦት ይበሃል። ኢየሱስ ኣብ መንበረ-ታቦት ብመልክዕ ቅዱስ ቁርባን ኩሉ ጊዜ ኣሎ። ለይትን መዓልትን ምሳና ከምዘሎ፣ ዘይፍለየና ምዃኑ ተዘኻኽር ከኣ መብራህቲ ነብርህ።

ካህን ንሕሙማት ቅዱስ ቁርባን ከይጎድሎም ኣብ ገዛኦም ከይዱ የብጽሓሎም። ንሳ ቶም'ውን ምስ ኢየሱስ ይሓብሩ።

ኣብ ቁርባን እኝኽብሮ ምስጢር ሕማማትን ሞትን ትንሳኤን ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንገዛእ ርእሱ ምእንታና ኣወፈየ። ን ሕና'ውን ሕይወትና ምውፋይ ካብኡ ንመሃር።

ኣብ ቤተክርስትያን ኩሉ ጊዜ ቅ.ቁርባን ኣሎ። ኣብ ዝኾነ ጊዜ ኣቲና፣ ብዝገበረልና ከነመስግኖ፣ ኣብ ኣድላይነትና ክሕግዘና ክንልምኖ ኣብ ዝኸድናዮ ከሰንየና ክንልምኖን ክንጽልን ኘኽእል ኢና።


## ዘክሩ

ሰንበት መዓልቲ ኣኽብር።

## ዘምሩ

ጐይታይ ምሳይ ኩን
ብሩህ ኮኾብ ጽባሕ ኢየሱስ ምሳይ ኩን።
ኦ! ናይ ሰላም ንጉስ ምሳይ ደኣ ኹን፣
መዓልቲ ሓሊፉ መዓልቲ ክትካእ
ኣቕርበኒ ናብኻ ኣነወውን እጽጋዕ።

ተደጋጋሚ፣ ጐይታይ ምሳይ ኩን (6)




## ጸልዩ

ኦ ጐይታና ሞትካን ትንሳኤኻን ነበስር ኣሎና።
ዕርገትካን ካልኣይ ምጽኣትካን ንኣምን።
ኦ ጐይታናን ኣምላኽናን ነመስግነካን ንእመነካን ኣሎና።

## መልሱ

- ብጥቓ ቤተክርስትያን ክትሓልፍ እንከሎኻ ትሳለም ወይ ትሰግድዶ? ስለምንታይ?
- ኣብ ቤተክርስትያን ኢየሱስ ኣብ ቅዱስ ቁርባን ስለዘሎ ብኸመይ ተኽብሮ?



## ግበሩ

ብመምህርካ ተሓጊዝካ ብጊዜ ቅዳሴ ዝግበር ኣገባብ ምምላስን ስነ ስርዓት ኣቀዋውማን ተመሃር።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ክንብቡሎምን ከም ዓቕሞም ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ካብ መዝገብ ሃይማኖት ቁ. 2168-2188።

# 10 ምዕራፍ
# ሓድሽ ትእዛዝ እህበኩም ኣለኹ

# 47. ናይ እግዚኣብሔር ትእዛዛት

## ተመሃሩ

እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ትእዛዛቱን መምርሒታቱ ክህቦም ምስ ደለየ፡ ንሙሴ ናብ ደብረሲና ጸውዖ። ሙሴ ድማ ናብኡ ከደ። እግዚኣብሔር ድማ ከምዚ ቢሉ ኣዘዞ። ንሕዝቢ እስራኤል ከምዚ በሎም፡- ቃለይ እንተ ሰማዕኩምን ከም ትእዛዛተይ እንተነበርኩምን ሕይወት ክትረኽቡ ኢኹም። ንኣምላኽኩም ብኩሉ ልብኹምን ብኹሉ ሓይልኹምን ኣፍቅርዎ። ንብጻይኩም ኣይትጽልኡ። ሕነ ኣይትፍደዩ፡ በሎም በሎ። ሙሴ እቲ እግዚኣብሔር ንሕዝቡ ዝሃቦ ትእዛዛት ኣብ ክልተ ጽላት ወቒሩ ጸሓፎ። ድሕሪዚ ሙሴ ካብ እምባ ደብረሲና ምስ ወረደ ነቶም ሕዝቢ እግዚኣብሔር ኣዘዞም ኩሉ ነገሮም። ንሳቶም ከኣ ኩሎም፡ ነቲ ኣምላኽና ዝኣዘዘና ክንገብር ድልዋት ኢና በሉ።



ሙሴ ኣብ ጽላት ዝጸሓፈን ዓሰርተ ትእዛዛት እዘን ዝስዕባ ኢየን።

### 1. ንእግዚኣብሔር ብኹሉ ልብኻ ኣፍቅር

1. ኣነ እግዚኣብሔር ኣምላኽካ ኢየ፡ ብዘይካይ ካልኦት ኣ ማልእኽቲ ኣይሃልኻ።
2. ስም እግዚኣብሔር ብኸንቱ ኣይትጸውዕ።
3. ሰንበት መዓልቲ ኣኽብር።
4. ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር

### 2. ንሓውኻ ከምገዛእ ርእሰኻ ኣ ፍቅር

5. ኣይትቕተል።
6. ኣይትመንዝር።
7. ኣይትስረቕ።
8. ብሓሶት ኣይትመስክር።
9. ዘይሰበይትኻ ኣይትድለ።
10. ዘይኣቕሓኻ ኣይትድለ።

ዓሰርተ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ምስ ሕዝቡ ዝኣተዎ ኪዳንን ምልክት ፍቕሩን ኢዩ።

## ዘክሩ

ንዓሰርተ ትእዛዛት ብርእሰኻ ኣጽንዓዮም።

## ዘምሩ

መደምደምታ ሕጊ መደምደምታ ሕጊ ፍቕሪ'ያ ፍቕሪ
ናይ ሰላም መሰረት ጽብቕቲ ግብሪ።

ፍቕሪ ዓቃል ለዋህ ዘይብላ ቋህራ፡

ምልክት ኀውነት ናይ ኀብረት ሥፍራ፣
ለውሃትን [illegible]
ንልበሳ ከ[illegible]ና ሃየ ሓደራ።

### ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ ብኹሉ ልብና ንፈትወካ ኣሎና።



### መልሱ

- ንእግዚኣብሔር ትፈትዎዶ?
- ንእግዚኣብሔር ከምትፈትዎ ብኸመይ ይፍለጥ?
- ንእግዚኣብሔር ዝፈትዉ ሰባት ትፈልጥዶ? ብኸመይ ፈሊጥካዮም ንመማህርትኻ ንገሮም?

### ግበሩ

ሎሚ መዓልቲ ኩሉ ትገብሮ ነገራት ምእንቲ እግዚኣብሔር ቢልካ ግበሮ።

### ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ዘጽኣት 20፡2,7,8,12፤ ማር. 12,28-31።



## 48. ከምቲ ኣነ ዘፍቅረኩም ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ

### ተመሃሩ

ከምቲ ቀደም እግዚኣብሔር ንሕዝቢ እስራኤል መምርሒን ትእዛዛትን ዝሃቦም፣ ከማኡ ከኣ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ሓድሽ ትእዛዝ ሂብዎም። ንሱ ከኣ፣ “ንሓድሕድኩም ተፋቀሩ! ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም ጌርኩም ንሓድሕድኩም ተፋቀሩ።” ንሓድሕድኩም ኣንተ ደኣ ተፋቒርኩም ሰባት ናተይ ሰዓብቲ ምዃንኩም በዚ ክፈልጥኹም ኢዮም

በሎም። /ዮሓ 13,14-15/

ቅዱስ ሓዋርያ ጳውሎስ ከምዚ እናበለ የዘኻኽረና፥

"ንሸኻትኩም ስድራቤት ኣ ምላኽ ኢኹም። ንሱ መሪጹኩም ኢዩ። የፍቅረኩም'ውን ኢዩ። ስ ለዚ ሓድሽ ስምዒታት ይሃልኹም። ጠባይኩም ለዋህነት፥ ትዕግስቲ፥ ሕያውነት፥ ተጻዋርነት ከምቲ ኢየሱስ ዝመሓረኩም መሓርቲ ኩኑ፥ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ከኣ ፍቕሪ ትሃልኹም። ከመይ ፍቕሪ ጥራሕ ኢያ ብሕብረት ተንብረና። ኩሉ ጊዜ መመስገንቲ ኩኑ"። (ቆሎ 3,12-15)



ኣብ ስድራና ኩልና ንፋቶ፥ ኩልና ብፍቕርን ብምምሕሓርን ስለ ን ነብር፥ ፍቕሪ ኢየሱስ ከኣ ኣባና ይዓብይን ይነብርን። ኣቦን ኣደን፥ ደቅን ወለድን ኣሕዋትን ኣሓትን ኣቦ ሓጎታትን ኣዕሩኽን ብሓጺሩ ኣብ ስድራ መዓልቲ መዓልቲ ብሓቅን ብተግባርን ይፋተው።

ንሕጕሰሉን ብሓባር ብምሂንና ደስ ዝብለና ጊዜ ኣሎ። ጻዕርን ጸገምን ን ተሓጋገዘሉን ጊዜ ከኣ ኣሎ። እናሓንሳብ ዘይንፋተወሉን ንረሓሓቐሉን፥ ጽምዋ ዝስ መዓና ጊዜ ከኣ ኣሎ። ክንመሓሓርን ብሰላም ክንነብርን ከኣ ኢየሱስ ሓይሊ ይህበና።

ንእግዚኣብሔር ዘፍቅር ቃሉን ድሌቱን ሰሚዑ ይፍጽም። መዓልቲ መዓልቲ ይሕጎስ ኣብ ጸሎቱ ከኣ የመስግኖ። ንእግዚኣብሔር ዘፍቅር ንብጾቱ ከኣ የፍቅር። ከም ኢየሱስ ንኹሎም ሰባት ብንጹሕ ልቢ የፍቅር፥ ህያባቶም የኽብር። ስራሑ ብግቡእ ይፍጽም፥ ኩልሳዕ ሓቂ ይዛረብ፥ ህያባት እግዚኣብሔር ፈሊጡ የመስግን፥ ንኻልኦት ኣይቀንኣሎምን።

ቅዱስ ዮሓንስ ክንዝክረን ዝግበኣና እዘን ዝስዕባ ቃላት'ዚኣተን ገዲፉልና ኢዩ።

"ኣንቱም ፍቁራተይ ፍቕሪ ካብ ኣምላኽ ኢያ'ሞ ንሓድሕድና ንፋቐር። ዜፍቅር ዘበለ ኹሉ ካብ ኣምላኽ ዝተወልደ ኢዩ። ንኣምላኽ'ውን ይፈልጦ ኢዩ። ኣምላኽ ፍቕሪ ኢዩ'ሞ እቲ ዘየፍቅር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን ኢዩ።" (1ዮሓ 4,7-8)

## ዘክሩ

"ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን፥ ብኹሉ ኣእምሮኻን ኣፍቅሮ፥ ንብጻይካ

ከም ነፍስኻ ኣፍቅሮ” (ማቴ፥ 22, 37-39)

ዘምሩ


መደምደምታ ሕጊ
ተደጋጋሚ፥
መደምደምታ ሕጊ ፍቕሪ'ያ
ፍቕሪ
ናይ ሰላም
መ ሰ ረ ት
ጽ`´በ ቕ ቲ
ግብሪ



3. ቋንቋታት ናይ ሰብን ናይ መላእኽትን ክዛረብ ዝኽእል እን ተዝኸውን ፍቕሪ እንተዘየላ ጭልጭል ከምዝብል፥ ምኾንኩ'ውን ነይረ ጥራይ ጸናጽል።


## 51.ቅዱስ መጽሓፍ ቃል ኣምላኽ ኢዩ

ጸልዩ



ኦ ኣምላኽ ሓደ መዓልቲ ብጣዕሚ ፍቕሪ ክንፍረድ ም ኻ‗ን ና ኣዘክረና።

መልሱ



● ንሰባት ምእንቲ´በሐ›ር እግዚኣ ኢልካዶ ትፈትዎም?

● ዓሰርተ ትእዛዛት ኣብ ክልተ ይምቀላ። እን ታይ እንታይ?

● ንትእዛዝት እግዚኣብሔር ኽሎምዶ ትፍጽሞም?

ግበሩ

ገለ ዘጉሃኻዮም ወይ ዘጉሃዩኻ እንተለዉ ይቕረ በለሎም።

ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎን ዘለዎም፥-

1ዮሓ. 4,7-8፤ ቆሎሴ 3,12-15።

# 49. ብፍቅሪ ብምንባር ንኢየሱስ ነኽብሮ

## ተመሃሩ

ኣብ ዓለምና ብዙሓት ጽጉማትን (ድኻታትን) ዝሳቐዩን ኣለው። ወለዲ ዘይብሎም ዘኽታማትን ሕሙማትን ቆልዑ ኣለው። ሸማግለታትን ዝናብዮም ዘይብሎም ሕሙ- ማትን ኣለው። ስራሕ ዝሰኣኑ፣ መግቢ፣ ክዳን፣ ገዛ ዘይብሎም ኣለው፣ ኣብ ጥቓ ገዛኹም ይቕመጡ። ስለዚ ናትኩም ሓገዝ የድልዮም ኢዩ።

ኢየሱስ ናይ ኩሎም ጽጉማት ሰባት (ድኻታት) ጸገም ይርድኦ ኢዩ። ኢየሱስ እውን ምስ ድኻታት ተሳቒዩ ኢዩ። ከም ቆልዑ፣ ከም ሕሙማት፣ ከም ኩሎም ዝጸገሞም ጸጊሙዎ ኢዩ።
ኢየሱስ ሓደ መዓልቲ ክምለስ ከምዝኾነን ምስ ኩሎም ሰባት ከኣ ገጽ ንገጽ ከምዝራኸብ ነጊሩ ኢዩ።

ኢየሱስ ክምለስ እንከሎ እቶም ንጽጉማት ዝሓገዙ ከምዚ ክብሎም ኢዩ፦
"ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፣ እቲ ዓለም ክፍጠር ከሎ ዝተዳለወልኩም መንግስቲ



ክትወርሱ ንዑ፣ ምኽንያቱ ጠምየ ኣብሊዕኩምኒ፣ ጸሚአ ኣስቲኹምኒ፣ ጋሻ ኮይነ መጺአ ተቐቢልኩምኒ፣ ዓሪቐ ከዲንኩምኒ፣ ሓሚመ በጺሕኩምኒ፣ ተኣሲረ በጺሕኩምንን ኣ ጸናኒዕኩምንን። እዚ ከምዚ ነቶም ዝነኣሱ ኣሕዋተይ ዝገበርክምዎ ንዓይ ከምዝገበርክምዎ ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ። ኣብ ልዕሊ'ዚ ኣምላኽ ምስ ኩሎም ሰባት ከምቲ ኢየሱስ ዘምሃረና ብፍቕርን ሓልዮትን ኣከባባርን ክንነብር ይደልየና።

ኣብ ልዕሊዚ ኣምላኽ ምስ ኩሎም ሰባት፣ ምስ ዝተፈላለየ ሃይማኖታት ዘለዎም ሰባት ብሰላምን ፍቕርን ክንነብር ይደሊ

ለጋስ ሕጉስ ኢዩ።
ዝምሕር ቅዱስ ኢዩ።
ብእምነት ዝጽሊ ብፁዕ ኢዩ
ሓቀይና ቅዱስ ኢዩ።
ምእንቲ ሰላም ዝሰርሕ ሕጉስ ኢዩ።

ሕይወቱ ምእንቲ እቲ ዜፍቅሮ ዚህብ ዕዉት እዩ።

## ዘክሩ

ንጽጉማት ምሕጋዝ ንኣምላኽ ምግልጋል ኢዩ።

## ዘምሩ

ሓጋዚ ድኹማት ኣብ ጊዜ ጸበባ፣
መን ኣሎ ኣብ ዓለም ጐይታ ብዘይካኻ። /2/

## ጸልዩ

ኦ ኣምላኽ ምእንታኻ ኢልና ነሕዋትና ከምእነፍቅር ግበረና።

## መልሱ

- ምእንቲ ኢየሱስ ኢልካ ንጽጉማት ትሕግዝዶ?
- ንዝተሸገሩ እንታይ ጌርካሎም ትፈልጥ?
- ንኹሎም ሰባትዶ ተፍቅርን ተኽብርን?

## ግበሩ

መሓዙትካ፣ መማህርትኻ ወይ ደቂ ቁምስናኻ ጽጉማት እንተለዉ ብዓቕምኻ ሓግዝ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፦ ማቴ. 25,31-46።

# 50. ብጸሎት ንእግዚኣብሔር ፍቕርና ንገልጸሉ

## ተመሃሩ

ጸሎት፡ ምእንቲ ከነመስግኖ፡ ክንውድሶን ክንልምኖን ነፍስና ናብ እግዚኣብሔር ምዕራግ ኢዩ።

እግዚኣብሔር ኣብ ገዛ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ምስ መሓዙትካ እንከሎኻ ይዛረበካ። ኣብ ጽሞና ልብኻ ንእግዚኣብሔር ትሰምዖን ትዛረቦን፡ ብዛዕባ ትፈትዎም ብዛዕባ ኩሎም ሰባትን ተዛረቦ። መንፈስ ኢየሱስ ከኣ ኣብኻ ይጽሊ። ንበይንኻ ምጽላይ ጽቡቕ ኢዩ። ምስ ካልኦት ኮይንካ ምጽላይ ከኣ ኣዚዩ ዝጸበቐ ኢዩ። ኣብ ገዛ፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ኣብ ቁምስና፡ ምስ መሓዙትና ክንጽሊ ንኽእል።

ብቓላት፡ ብመዝሙር፡ ብስቕታ፡ ብምልክታት፡ ኩሉ ጊዜ ብልብና ክንጽሊ ንኽእል።

ንግሆ ንእግዚኣብሔር ንውድስ፡ ነታ ሓዳስ መዓልቲ ከኣ ከም ደቂ እግዚኣብሔር ኮይንና ክንነብረላ ናብ ኣምላኽ ነቕርባ። ምሸት ከኣ በቲ ኩሉ ዝሃበና ምሉእ መዓልቲ ዝሓለወና ነመስግኖ። ፍቓድ ኣምላኽ ዘይፈጸምናዮን ንኻልኦት ዘየፍቀርናዮን እንተሎ ከኣ ይቕረታ ንሓትት።
ብርእስና ዘጽናዕናዮ ጸሎታት ክንጽሊ ንኽእል ወይ ከኣ ካብ ልብና ዝወጸ ዝኾነ ካልእ ጸሎት ክንጽሊ ንኽእል።

ክፉእ እናገበርና እንተጸሊና ኣምላኽ ንጸሎትና ኣይቅበሎን ኢዩ። ሰናይ ተግባርን ጸሎትን ንኣምላኽ ባህ የብሎ። መንፈስ ኢየሱስ ኣባና ኣሎ እንተድኣ ኮይኑ ኩሉ ተግባራትና ጸሎት ይኸውን። ንሕና ከኣ ንሰግደሉ፡ ንውድሶ፡ ፍቓዱ ከኣ ንፍጽም። ንስም ኢየሱስ ከኣ ነኽብር።

## ዘክሩ

**"ከየቋረጽኩም ጸልዩ።" (ሮማ12,12)**

## ዘምሩ

እጽሊ ኣሎኹ

ኦ ኣምላኽ ስማዕ ጸሎተይ
ክተንጽሓ ንሕይወተይ
ካብ ማእሰርቲ ክትፈትሓኒ
ካብ ሽግር'ውን ክተውጻኣኒ።

<u>ተደጋጋሚ፡</u> እጽሊ ኣሎኹ ኣብ ቅድሜኻ
ንኽነጽሕ ብሓይልኻ፡
መንገድኻ ክትመርሓኒ
ድልየተይ'ዩ ክትረድኣኒ።

## ጸልዩ

"ኣቦና ኣብ ሰማይ እትነብር" ብኣስተንትኖ ከም ደቂ እግዚኣብሔር ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝኩም ጸልዩ።

## መልሱ

- ጸሎት እንታይ ማለት ኢዩ?
- ኣበይ ጸሎት ንገብር?
- ስለምንታይ ንጽሊ?
- መኣስ ክንጽሊ ይግበኣና?
- ከመይ ጌርና ክንጽሊ ይግባእ?
- ንበይንኻ ትጽሊዶ?

## ግበሩ

ኣብ መዓልቲ ሓደ ጊዜ ንዓሰርተ ደቂቕ ናይ ብሕትኻ ጸሎት ግበር።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ንደቆም ከንብቡሎምን ክገልጹሎምን ዘለዎም፡- ማቴ. 6,6፤ ኤፌ. 6,18፤ ማቴ. 7,7-11።

### ተመሃሩ

ቅ. መጽሓፍ ናይ ኣሽሓት ሰባት ሕይወት ዝለወጠ መጽሓፍ ኢዩ። ኣብኡ እግዚኣብሔር ንነፍስ ወከፍና ክንደይ ከምዘፍቅረና ዝገልጽ ታሪኽ ተጻሒፉ ኣሎ። ታሪኽ እግዚኣብሔር ኩሉ ጊዜ ብኸመይ መንገዲ ምስ ደቂ ሰባት ከምዝተዋስአ ስለዝገልጽ፡ ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ። ቅ.መጽሓፍ ከኣ ብዙሕ ታሪኽ ኣለዎ። ብዛዕባ ፍጥረት ዓለም፡ ኣብቲ መጀመርያ መጽሓፍ ኦሪት፡ ኣብ ዘፍጥረት ይገልጽ። ድሕሪኡ ብዛዕባ እቲ ብእግዚኣብሔር ዝተሓርየ ሕዝቢ እስራኤል ታሪኽ ይዛረብ። ቀጺሉ ከኣ ብዛዕባ ምጽኣት ኢየሱስን፡ ሕይወቱን፡ ትንሳኤኡን፡ ናይ መወዳእታ ምምጻኡን ኣብ ራእይ ዮሓንስ ይግለጽ።

ቅ. መጽሓፍ ሰብዓን ክልተን (72) መጻሕፍቲ ኣለዉዎ። ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፍልታት ከኣ ይኽፈል። ጥንታዊ ኪዳንን (ብሉይ ኪዳን) ሓድሽ ኪዳንን ይበሃሉ።

ኪዳን ማለት እግዚኣብሔር ምስ ደቂ ሰባት ዝገበሮ ውዕል ኢዩ።

### ኣብ ጥንታዊ ኪዳን

ብዛዕባ ታሪኽ ኣዳምን ሔዋንን ኣብ ገነት እንከለው ጀሚሩ፡ ድሕሪኡ ናይ ኣቦታትና ኣብርሃም፡ ይስሓቅ፡ ያዕቆብ፡ ሙሴ፡ ሳምሶን፡ ሩትን ዳዊትን ካልኦት ከም ድሌት እግዚኣብሔር ዝተጓዕዙ ሰባትን ከኣ ተጻሒፉ ኣሎ።

ቀጺሉ ታሪኽ ነብያት እውን ኣሎ። ነቢያት ብእግዚኣብሔር ተላኢኾም ንሕዝቢ እስራኤል ንኣማልኽቲ ካብ ምምላኽ ዝእርሙን ናብ እግዚኣብሔር ዝመልሱን ኢዮም። እዚ ኹሉ ታሪኽ ከኣ ምጽኣት ኢየሱስ ክርስቶስ ዘዳሉ ኢዩ።

### ኣብ ሓዲሽ ኪዳን

እግዚኣብሔር ኣቦ፡ ንኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ዓለም ምስ ሰደዶ ዝተፈጸመ ታሪኽ ይገልጽ። ንሱ ከኣ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ልደት፡መንግስቲ ኣምላኽ ከምዝመሃረ፡ ሕማማቱን ሞቱን ትንሳኤኡን ይገልጽ።

ኣርባዕተ ወንጌላውያን ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ፡ ዮሓንስ፡ ብዛዕባ ሕይወት ኢየሱስ ይትርኹ። ብድሕሪኡ ብዛዕባ እቶም ዝሰዓብዎ ሓዋርያት ከም በዓል ጴጥሮስ፡ ጳውሎስን ዮሓንስን ዝበልዎን ዝገበርዎን ከኣ ይገልጽ።

ንቅ.መጽሓፍ ቆልዑ ታሪኽ እምነቶም ምእንቲ ክፈልጡ ስድራቤታት ኣብ ገዛ ብቐጻሊ ከንብብዎ ይግባእ። ክርስትያን ቅ.መጽሓፍ እንተደኣ ኣንቢቦም መንገዲ እግዚኣብሔር ይመሃሩ።

### ዘክሩ

ቅዱስ መጽሓፍ ቃል ኣምላኽ ዝሓዘ መጽሓፍ ኢዩ።

## ዘምሩ

ከም ቃልካ ኣእምሮ ሃበኒ። ኣነውን ብሕይወት ክነብር'የ።/2/

## ጸልዩ

ቃልካ ንመንገደይ መብራህቲ፡ ንስጉምትታተይ ከኣ ብርሃን ኢዩ።

## መልሱ

- ቅዱስ መጽሓፍ ናይ ምንታይ መጽሓፍ ኢዩ?
- ቅዱስ መጽሓፍ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ክፋላት ይኽፈል። እንታይ እንታይ ይበሃሉ?
- ማቴዎስ፡ ማርቆስ፡ ሉቃስ፡ ዮሓንስ፡ እንታዎት ኢዮም?
- ታሪኽ ናይ ኣዳምን ሔዋንን ኣብ ሓድሽ ኪዳን ድዩ ወይስ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝርከብ?
- ታሪኽ ሕይወት ኢየሱስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ድዩ ወይስ ኣብ ብሉይ ኪዳን ዝርከብ?

## ግበሩ

ሓድሽ ኪዳን ገዚእኩም ኣመቻቕላኡ ተዓዘቡ። ኣብ ሰሙን ሓንቲ ምዕራፍ ኣንብቡ።

## ካብ ወለድኹም ተመሃሩ

ወለዲ ምስ ደቆም ክምልስዎን ክትግብርዎን ዘለዎም፡-

- ኣብ ገዛኹም ቅዱስ መጽሓፍ ኣሎዶ?
- ኣብ ገዛኹም ቅዱስ መጽሓፍ ተንብቡዶ?
- ክንደይ ጊዜ ኣብ ሰሙን? ኣበየናይ ጊዜ ናይ መዓልቲ ተንብቡ?

# ጥብቆ

ምልክት መስቀል
ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ሓደ ኣምላኽ፡ ኣሜን።

## ናይ ንግሆ ጸሎት

ኦ ኣምላኸይ እሰግደልካ ኣሎኹ፡ ብፍጹም ልበይ እውን እፈትወካ ኣሎኹ፡ ክን ዲ ዝፈጠርካኒ ክርስትያን ክንዲ ዝገበርካኒ በዛ ለይቲ'ዚኣ ክንዲ ዝሓሎኻኒ ኣመስግነካ